# መቓልሕ ትግራይ

ብቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይ በብኽልተ ሰሙን ዝሕተም ጋዜጣ 30 ነሓሰ 2012 ዓ/ም ሕታም 638 ብነፃ ዝዕደል




ኮሚሽነር ኮሚሽን መረፃ ትግራይ መ/ር ሙሉወርቅ ኪዳነማርያም

## ከይዲ መረፃ ትግራይ፣ ፖለቲካ ትግራይ ኣብ ዝለዓለ ብራኸ በፂሑ ምህላዉ ንዓለም መርኣያ ከም ዝኾነ ተገሊፁ

ብተሻለ ገ/እግዚኣብሄር

ከይዲ ምዝገባ መረፃ ትግራይ ካብቲ ዝተት ሓዘሉን ትፅቢት ዝተገበረሉን ትልሚ ንላዕሊ ተግ ባራዊ ምኳኑ ፖለቲካ ትግራይ ኣብ ዝለዓለ ጠርዚ በፂሑ ምህላው ንዓለም ዘርኢ ታሪኻዊ ፍፃ መ ከም ዝኾነ ኮምሽን መረፃ ትግራይ ኣፍሊጡ።

ኮሚሽነር ኮሚሽን መረፃ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ መምህር ሙሉወርቅ ኪዳነ ማርያም ከም ዝበሉዎ፣ ከይዲ ምዝገባ መረፃ ትግራይ ብዘገርም መልክዑ ይውገን ኣሎ። ከይዲ ስራሕ እቲ ኮሚሽን ካብቲ ዝተትሓዘሉ ትልሚ ንላዕሊ ኣብ ዝኾነ ዓለም ተራኣዩ ብዘይፈልጥ መዕከው ህዝቢ ብመራፃይነት ዘሳትፎ ካርዲ ንምውሳድ ክምዝገብ ኪኢሉ እዩ።ከይዲ 6ይክልላዊ መረፃ ትግራይ ከምቲ

ናብ ገፅ 8 ይዘውር



ተወካሊት ቤት ፅሕፈት ርክብ ህዝብን መንግስትን ዞባ ደቡብ ምብራቕ ወ/ሮ ጀምበር ሓድጉ

## ምውርራስ ክልቲኡ ወያነ መርኣያ መኸተ ህዝቢ ትግራይ ምኳኑ ተገሊፁ

ብመስፍን ገ/ትንሳኤ

ህዝቢ ትግራይ ንሃለዋቱን ድሕንነቱን ዝገብሮ መኸተ፣ ሕዚ ዝጀመሮ ከይኮነ ህወሓት ንቅያ ኣቦታቱ ኣልዒሉ ዘካየዶ ቃልሲ ዳግማይ ወያነ መርኣያ ምውርራስ ቀዳማይን ካልኣይን ወያነ እዩ ክብላ ወይዘሮ ጀምበር ሓድጉ ገሊፀን፡፡

እዞም ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ተመሳሳሊ ዕላማ ሒዞም ዝተልዓሉ መሰረት ህላወና ዝኾኑ ቀዳማይን ካልኣይን ወያነ ቅርፆም‘ምበር ትሕዝቶኦም ዘይፈላለን እዮም ክብላ ተወካሊት ቤት ፅሕፈት ርክብ ህዝብን መንግስትን ዞባ ደቡብ ምብራቕ ወይዘሮ ጀምበር ሓድጉ ኣብሪሄን ፡፡

ቅድሚ 77 ዓመት፣ 2 ቋቐመን 1935 ዓ/ም ዝጀ መረ ቃልሲ ቀዳማይ ወያነ፣ ሽሕኳ ሳኣን ሳይንሳዊ ኣመራርሓ ጥንኩር ውዳበ ኣረመኒያዊ ጨፍጫፍ ነፈርቲ እንግሊዝን ንዓመታት ተደጉሉ

ናብ ገፅ 8 ይዘውር



ኮምሽነር ኮምሽን ኢንቨስትመንትን ሰደድን ትግራይ ኢንጅነር ኣበበ ግርማይ

## ኣብ ትግራይ ልዕሊ 38 ቢልዮን ብር ንዘመዝገቡ ሰብ ሃፍቲ ፍቓድ ኢንቨስትመንት ተዋሂቦም

ብኣሸናፊ ዘውዴ

ኣብ ዝሓለፈ በጀት ዓመት፣ ኣብ ትግራይ ልዕሊ 38 ቢልዮን ብር ዘመዝገቡ 1340 ሰብ ሃፍቲ ፍቓድ ኢንቨስትመንት ምሃቡን ሓዱሽ ኣወሃህባ መሬት ኢንቨስትመንት ምትእትታውን ኮምሽን ኢንቨስትመንትን ሰደድን ትግራይ ኣፍሊጡ፡፡

ኣብ በጀት ዓመት 2012 ኣብ ማኑፋክቸሪንግ፣ ሕርሻ፣ ኮንስትራክሽን፣ ሆቴልን ቱሪዝምን፣ ማዕድንን ማሕበራዊ ግልጋሎትን ፍቃድ ኢንቨስትመንት ዝተ ውሃቡ ፕሮጀክት ንልዕሊ 102 ሽሕ ወገናት ዕድል

ናብ ገፅ 8 ይዘውር



## ህዝቢ ትግራይ ካርዲ መረፃ ኣብ ምውሳድ፣ ኮሮና ቫይረስ ኣብ ምክልኻል ዘርኣዮ ጥንቃቐ ብኹለ መዳይ ክቕፅሎ ይግባእ ተባሂሉ፡፡

ብግርማይ ተ/ብርሃን

ህዝቢ ትግራይ ከምቲ ኣብ ምዝገባ ሻድሻይ ክልላዊ መረፃ ትግራይ ኮሮና ቫይረስ ኣብ ምክልኻል ዘርኣዮ ልዑል ጥንቃቀ ኣብ ዕለት መረፃን ኣብ ኩሎም ምንቅስቓሳቱን ንክቕፅሎ ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ክልል ትግራይ ኣተሓሳሲቡ።

ናብ ገፅ 8 ይዘውር ...


ዝኸበርኩም ተገልገልትና

እዋናውን ተኣማንን ዜና ካልኦት ዓበይቲ ሓበሬታታት ህዝብን ክልል


ትግራይን ሃገርን ዓለምን ተኸታቲልኩም like, share comment ብምግባር ንክትሳተፉ ንዕድም ።

Facebook: https://www.facebook.com/TigrayCAB/

Youtube: Tigray Communication Affairs Bureau

Twitter: https://twitter.com/TigrayCAB


መረፃ 2012 ዋሕስ ህላወ ትግራይ እዩ !



# ርእሰ ዓንቀፅ

## ዝነደደ ዓፅሚ- ዝተኸዓወ ደም ኣያታትና ክታም ሓርነት'ዩ!

ጳጉሜን 2-1935 ዓ/ም ኣብ ታሪኽ ትግራይ ዝዓበየ ኣርእስቲ ብምዃን እናተዘንተወ ዝነብር ወርቃዊ ዕለት'ዩ። ኣብዚ እዋን ድማ ደቡባዊ ትግራይ ሓዱሽ ነጉዲ ሓርነት ኣንፃር ብሄራውን ደርባውን ወፅዓ ዝሓንገደ እምቢታ ተወለዐ። ኣብ ትሕቲ "ዓረና ገረብና ንሓሉ" ዝብል ፍናንን ትብዓትን ዝወደየ ጓህሪ ቃልሲ ብቐዳሞት ኣያታትና "ቀዳማይ ወያነ" ብዝብል ዝጋረረ መንፈስ ትግራዋይነት ኣሃዱ ኢሎም ጀመሩ።

ነብሲ ወከፍ ቁሸትን ኲጀትን ኣብ ሓደ ትርኑዕ ወያናይ ቀላፅም ተጠምረ። ሓመድ ኣዳም ዘይተርፍ ነባራውን ስነ-ህይወታውን ከይዲ ምዃኑ ዝርዳእ ህዝቢ ትግራይ ምእንተ ማዕርነትን ብሄራዊ ክብረትን ቅያ ሰሪሕኻ ብኽሪ ምሕላፍ ኩሉ ዝሰማመዐሉ መለለዪ ተጋሩ እዩ። ስለዚ ድማ ውርሻ ኣያታቱ ንምፍፃም መንእሰይ ትግራይ ኣብ ፅላል ቀዳማይ ወያነ ንምፅንባር ዓርሞሽሽ ሓይሊ ፈጢሩ ተላዓለ። ደመር ሓርነት (ባይቶ) ካብ 12 ገረብ ዝተዋፅኡ 84 ኣባላት ዝሓዘ ጉባኤ ተጣየሸ። ብርክት ዝበሉ ፖለቲካውን ስትራቴጂካውን ውሳነታት ብምሕንፃፅ መንግስትና ገረብና ብዝብል ውሳነታት 12 ገረብ ተኣወጀ። ኣብቲ ዋዕላ ዝተመሓላለፉ ውሳነታት ድማ:-

1. **ብገዛእቲ ኣምሓራ ኣይንዳነን**
2. **ግብሪ ኣይንኸፍልን**

ወ.ዘ.ተ ዝብሉ መትከላዊ ውሳነታት ብምም ሕልላፍ ህዝቢ ትግራይ ካብ ደጊም ብገዛእቲ ኣምሓራ ከምዘይግዛእ፣ ንፍትሕን ማዕርነትን ክቃለስ ከምዘለዎ ቅድሚ 77 ዓማውቲ ነድሪ ሓርነት ትግራይ ዕላዊ ዝኾነሉ ዝተቐደሰ ወር ሓት'ዩ። እቲ ውሩይ እንግሊዛዊ ፀሓፊ በርናንድ ሸው ነዚ ቁምነገር ዝሳነ ኣበሃህላ ነይርዎ። ንሱ ድማ "ንሕና ካብ ታሪኽ ዝተመሃርናዮ ካብ ታሪኽ ዘይመሃሩ ሰባት ከምዘለው እዩ።" ይብል። ስለዚ ኣብ ቀዳማይ ወያነ ዝተሰዓሩ፣ ቀፂሎ'ውን ትግራይ ኣብ ፍፁማዊ ምልካዊ ደርጊ ወዲቓ ሰጥ ለበጥ ኢላ ክትግዛእ ብዙሕ ግፍዕን በደልን ተፈፂሙዋ እዩ። ይኹን'ምበር ትብዓትን ዝፀንሐ መንፈስ ትግራዋይነትን ሰኒቑ፣ ገዚፍ ሕልምን መቃለሲ መስመራትን ሓንፂፁ ዳግማይ ወያነ ሽግ ሓርነት ወሊዑ ሚሊዮናት ኣብ ሓደ ህዝባዊ ዴሞክራሲያዊ መስመር ብምዕሳል ሓዱሽ ታሪኽ ተሰሪሑ።

ኣሰርን ርጋፅን ኣያታቶም ተሓንጊጦም ቃልሲ ዳግማይ ወያነ ዝወልዑ ደቂ ትግራይ ንኣስታት 1000 ዓማውቲ ኣብ ድኽነትን ባርነትን ንዝፀንሐት ኢትዮጵያ ፋና ሓርነት ወልዑላ። ኩሎም ብሄራት ብሄረ ሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ማዕረ ዝዳነይሉ፣ ፍትሓዊ ተጠቃምነት ህዝብታት ዝረጋገፀሉ፣ ህዝ ብታት ወነንቲ ሉኣላዊ ፖለቲካዊ ስልጣን ዝኾንሉ ስርዓት ብምትካል ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ተራእዩ ዘይፈልጥ ቁጠባዊ፣ ፖለቲካውን ማሕበራውን ለውጢ ተራእዩ እዩ።

ስለዚ ብቀዳማይ ወያነ ኣሃዱ ኢሉ ዝጀመረ ህዝባዊ ቃልሲ ካብ ምዕራፍ ናብ ምዕራፍ እናተሰጋገረ፣ ብስነ ሞጐታዊ ጭብጥን ኣምራት ህዝባዊ ዴሞክራሲያዊ መስመራት ወያነ ተሰንዩ መባእ ህይወት እናኸፈለ ዝመፅ ዕውት ቃልሲ ወያነ ትግራይ እዩ። ስለዚ ሕዚ'ውን ካብ ታሪኽ ዘይመሃሩ ዓመፅቲ ድርዕን ካባን ፕሮጀክት ኢምፐርያል ኣሃዳውነት ግብራዊ ንምግባር ሰፊሕ ወፍሪ የካየዱ ኣለዉ። ንልዕሊ 27 ዓማውቲ ዝተሃነፁ ፌደራላዊ ዴሞክራሲያዊ ትካላት ብምፍራስ ስርዓት ኣልቦነት ክዓስል፣ ኣሃዳዊ ውልቀ መላኺ ጉጅለ ኣብይ ኣሕመድ ምስ ጐይተቱ ተሻሪኹ ዓዲ ናብ ገዚፍ ጥፍኣት ኣርማ ጌዲዮን ክተምርሕ ዝዓበየ እጃም ወሲዱ ይሰርሕ ኣሎ። በቲ ሓደ ገፅ ድማ ኩሎም መናውራን መሻግን ተፃዊሩ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ሰላሙ ዓቂቡ ታሪኽ ንምስራሕ ኣብ ምርብራብ ይርከብ። ትማሊ ፀብሪ ደም ዝኸፈለሉ ክብሩን ሓርነቱን ንኻሊእ ኣሕሊፉ ከምዘይህብ ብግብሪ ዝርአ ዘሎ ወድዓዊ ነባራዊ ሓቂ'ዩ። ንዓና ምሰሉ፣ ቋንቋና፣ ባህልና ተቐበሉ ዝበልናኩም ስምዑ ዝብል ሕዱር ሕማም ኣሃዳውያን ንፅጉን ተሳዓርን'ዩ።

ህዝቢ ትግራይ መሰሉ ባዕሉ ዝውስን፣ ባርነት ዘይቕበል ቀንጭን ማዕርነትን ዝኣምን ወናኒ ወርቃዊ ታሪኽ ብቐላፅሙ ጥራሕ እናተኸብረ ዝነብር ሓርነታዊ ህዝቢ እዩ። ስለዚ ቃል ቀዳሞት ወየንቲ ኣያታትና ብምፅናዕ፣ መኸተና ብምሕያል ኣብ ዝለዓለ ጠርዚ ምዕባለ ዝረገፀት ትግራይ ንምህናፅ ንሰርሖሉ እዋን'ዩ። ስለዚ ሕዚ'ውን ኩለ መዳያዊ ቃልሲ ብምሕያል ዕውት 6ይ መረፃ ትግራይ ክነሳልጥ ኢና። በዚ ኣጋጣሚ'ውን ሰብ ሕግን መትከል ምዃንና ንዓለም ንፁር መልእኽቲ ነመሓላልፈሉ ታሪኻዊ ምዕራፍ'ዩ። ዝነደደ ዓፅሚ፣ ዝተኸዓወ ደም ኣያታትና ክታም ሓርነትና ኮይኑ ክነብር ይግባእ!

**ክብርን ሞጐስን ንሰማእታትና!**



# ብርዒ ኣንበብቲ

## " ገ- ተበሉኻ ዶ ትጋገ"

ሰላም እንዳምስንዳእ ጋዜጣ መቓልሕ ትግራይ ምውዳድን ምስንዳእ መረፃ 6ይ ክልላዊ ትግራይና ከመይ ኣሎ? ከምናተይ እምነት ምንቕስቓስ ምልኣተ ህዝቢ ትግራይን ደገፍቲ ቓልሲ ህወሓትን ሒዝና ዝኾነ ይኹን ፈኸራን ጃህራን እናመከትና በቲ ዝወፀሉ ግዘን ፕሮግራምን ብሰላማዊ ኩነታት ይጉዓዝ ከምዘሎ ይግንዘብ።

ይኹን እምበር መንግስትና መንግስቲ ትግራይን ውድብና ህወሓት ኹለ መዳይ መኸተ ብዝብል ቴማ ለይትን ቐትርን ኣብ ምርብራብ ኣብ ዘለሉ እዋን "ገ-ተበሉኻዶ ትጋገ" ግዲ ኮይኑ ገለ-ገለ ወገናት ኣብ ምክልኻል ቫይረስ ኮረና (ኮቪድ"19) ዘርእይዎ ዘለው ሸለልተኝነት ንድልውነት ኩለ መዳይ መኸተና ዝሸርሽርን ቐልቢ መንግስትን ውድብና ዝፈታተን ምስ ምዃኑ ከም ህዝቢ ኣቕሊልና ንሓልፎ ጉዳይ ስለዘይኾነ እቲ ለበዳ ካብቲ ሐዚ በፂሕዎ ዘሎ ብርኪ ናብ ዝኸፈአ ቅድሚ ምስግጋሩ ነቶም ናይ መንግስቲ ኣዋጅን መምርሒን ኣብ ዘይተግብሩ እቲ ዋኒን ናይ ፀጥታ ኣካላት ጥራሕ ዘይምዃኑ ብዕቱብ ተገንዚብና ናብ ስርዓት ክምለሱን ዝተብሃልዎ ከተግብሩ ምእንተ ሂወትናን ሂወት ስድራናን ህዝብናን ክንብል ኣግባብ ክሕዙ ንስራሕ።

**ኩለ መዳይ መኸተና ዕውት ክኸውን ሂወትና ንሓልው!!**

**6ይ ክልላዊ መረፃና ንምዕዋት ቅድመ መረፃ ስራሕትና ነጠናኽር!!**

**ኣስረስ ኣረሩ (ጫሕማይ)**

• • • • • • • • • • • • • • • • • • • • • • •

## ዘይትንከፍ ረመፅ

ከም ህዝቢ ትግራይ ኣዝዩ ፅኑዕ፣ ንቑሕን ለባም ኣይረኣኹን። ሓያል ስምረትን ሓድነት ዘለዎ ህዝቢ'ዩ። ናይዚ መርኣያ ድማ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዝተርኣየ ድልውነት ሚሊሺያ ትግራይ እኹል ኣብነት'ዩ። ኣብ ደምበ ፀላእቲ ከቢድ ፍርሕን ሻቕሎትን ፈጢሩ ኣሎ። ትግራይ ዘይትትንከፍ ረመፅ ሓዊ ከምዝኾነት ንፁር መልእኽቲ ዘመሓላለፈ ማዕበል ነይሩ። ስለዚ ክብርን ሞሳን ንህዝብና ይኹን ።

**ኣስመረት -ፀሃየ**

**ከተማ ሽረ**


**ም/ዋና ኣሰናዳኢ-** ስብሓት ገ/እግዚኣብሄር

**ኣሰናዳእትን ኣረምቲ ፅሑፍን**
- ይርጋ ኣብርሃ
- መስፍን ገ/ትንሳኤ
- ኣሸናፊ ዘውዴ

**ኣሰናዳእቲ**
- ግርማይ ተ/ብርሃን
- ተስፋልደት ገ/ማርያም
- ብርሃን ገ/መድህን
- ተሻለ ገ/እግዚኣብሄር

**ዲዛይን፣ ለይኣውትን ግራፊክስን** - ስንዳዮ ኣፅብሃ - ፀሃይ ገብረ

**ክትትልን ምክፍፋልን ውፅኢት ሕትመት** - ዕፃይ ሓጎስ

**ልምዓት ምልክታን ኣድቨርታይዝመንትን** - ሃ/ሚካኤል ከበደ

**ቑፅሪ ሞባይል 0932349104 - 0344-41-90-25**

**477 መቐለ**

**ፋክስ/Fax 40 74 62**

**03 44 40 26 26**

**03 44 40 93 44**


### ሓበሬታ

ከቡራት መንበብቲ፣ ኣብ ዓምድታት፣ ዜናታት፣ ፅሑፋት ወይ ፎቶ ግራፋትን ዘለኩም ርኢቶ ብኣድራሻና Webmail info@tig-gpr.org ወይ Gmail tiggpr1120gmail.com ንክትልእኹልና እናሓበርና ስለእቲ ተሳትፎኹም ኣቐዲምና ነመስግን።


**መቓልሕ ትግራይ**

ሓምለ 1985 ዓ.ም ተጣይሹ

መበል 27 ዓመት ፧ ቁፅሪ 638

30 ነሓሰ 2012 ዓ.ም


መረፃ 2012 ዋሕስ ህላወ ትግራይ እዩ !

# ብድርዕቶ ስነ ሓሳባት ተሓላሊኹ ዝሰንከለ ቢሮክራሲ (ሲቪል ሰርቪስ) ትግራይ



ምልክት መረፃ ሳወት

ፖሊሲ ይኹን ስነ ሓሳብ ካብ ሃገራዊ ተሞክሮ ወይ ዕዳጋ ሓሳብ ክውሰድ ይኽእል እዩ። ሓደ ሓሳብ ወይ ፖሊሲ ትውሰድ ከሎ ሰለስተ ብርኪታት ኣለውዎ።

ሓደ፡ እቲ ሓሳብ ብምርዳእ ወይ ተሞክሮ ብምዕዛብ ዝፍጠር ሓፈሻዊ ኣርሆት ብምውሳድ ኣብ ዓድኻ ንምትግባር ዝግበር ፃዕሪ። ብሄርተኛ ምሁራት ንዓዶምን ህዝቦም ከርብሕ ዝብልዎ ትካል፣ ፖሊሲ፣ ኣሰራርሓ ወይ ተሞክሮ ብምውሳድ ኣብ ዓደሞ ወይ ሃገሮም ተመሳሳሊ ትካል ክሃንፁ፣ ኣሰራሓ ክዝርግሑ ይኽእሉ። Inspiration ይብሃል።

ክልተ፡ ዜጋታት ዝተዓዘብዎ ወይ ብትምህርቲ፣ ስልጠና ዝረኸብዎ ተመኩሮ ከምዘሎ ገልቢጥኻ ኣብ ዓኻ ወይ ሃገርኻ ምትኻል፣ ምዝርጋሕ፣ ምህ ናፅ። እዙይ ብጥርኡ ዝትግበር Direct Copy ይብሃል።

ሰለስተ፡ ብንባብ፣ ብትምህርቲ፣ ብተሞክሮ ወይ ብትዕዝብቲ ዝተረኸበ ሓሳብ፣ ፖሊሲ፣ ኣሰራርሓ ምስ ናይ ዓዲ/ሃገር ፖለቲካዊ፣ ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ባህላዊ፣ ትካላውን ገንዘባውን ዓቕሚ ኣጣዒምኻ ምትግባር። እዙይ ድማ Adapting/adaptation ይብሃል።

ካብ ተሞክሮ ትግበራ ለውጥታት ሲቪል ሰርቪስ ሪፎረም ቢፒኣር፣ ቢኤስሲ ንዕዘቦ ተልዩ ህወሓት ስነ ሓሳብ፣ ናይ ለውጢ መሳርሕታት ካብ ካልኦት ዓድታት ወሲዱ ብጥርኡ ዝትግብር (Direct Copy ዝገብር) እምበር ምስ ናይ ትግራይ ኹነታት ከጠዓዕም ኣይፍትንን። ነዚ እዩ ድማ Civil Service Reform, Business Process Reengineering (BPR), Balanced Score Card (BSC), Job Evaluation and Grading (JEG) መዕለቢኦም ውድቀት ዝኾነ። ገንዘብ፣ ግዘ፣ ፍልጠት ፈሲስዎም ግና ዝተኣመተ ዕላማ ከሳኽዑ ኣይከኣሉን።

ስነ ሓሳብ ፣ ናይ ፖሊሲ ሓሳባት ወይ ተሞክሮ ህንፀት ሲቪል ሰርቪስ ካብ ዝኾነ ሃገር ተሞክሮ ወይ ካብ ዕዳጋ ስነ ሓሳብ ምሽማት ፀገም የብሉን። እኳድኣስ ኻልኦት ሃገራት ዝሓለፍኦ ተሞክሮ፣ ዝዘርግሕኦ ዘበናዊ ስርዓትን ቴክኖሎጂን ብቓሊሉ ምርካብ ምኽኣል ግዘ፣ ገንዘብን ፍልጠትን ይቑጥብ። ዝውሰዱ ተሞክሮታት ወይ ስነ ሓሳብ ግን ዝተምሃዝሉን ዝድንፍዕሉን ሃገር ፍልስፍና፣ ባህሊ ስለ ዝፀልዎም ከይጓነፁ ጥንቃቐ ምግባር የድሊ እዩ። ብዚ መዳይ ህወሓት ካብ ዕዳጋ ዝሸምቶም ስነ ሓሳብትን ተሞክሮታትን ኣብ ዝተፈላለየ ባህልን ርእዮተ ዓለም ዝዓበዩ ብምዃኖም ሰበሶም ተጓነፅቲ ይኾኑ። ክንዲ ርድኢት ዘፅርዩ፣ ኣንፈት ዘነፅሩ ናይ ሓሳብ ድርዕቶ ኸይኖም ንፈፃሚ የዳናግሩ፣ ኣብ ሓደ ባይታ ንምፍፃም እናትላተሙ የፀግሙ። ብኣብነት ንምድጋፍ ዝኣክል ህወሓት ዝሸመቶምን ኣብ ትግራይ ዘተኣታተየቶምን ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያውን ህንፀት መንግስታዊ መሓውራት ንሲቨል ሰርቪስ ከም መፃጉእ ገይሮም ከምዝሰንከልዎ ክንሪእ ኢና።

### ሀ. ወያናይ ዴሞክራሲ ፖለቲካዊ ስነ ሓሳብ ወይ ርእዮተ ዓለም (መስመር)

ወያናይ ዴሞክራሲ ከም ፖለቲካዊ ስነ ሓሳብ ካብ ራሻ ናይ ፈተነ ሶሻሊዝም (Experimental Socialism) ዝተቐድሐ እዩ። ኣብ ሌኒንን ስታሊንን ዝተኸልዎ ስርዓት ተሞክሮ ዝድረኽ እዩ። እዙ ናይ ስግግር ስርዓት እኒ ማርክስ ብርድኢት ኣብዝሓ ህዝቢ ክውለድ ዝበልዎ ስርዓት ሶሻሊዝም (ዴስነት) እኒ ሌኒን (ቦልዘቪክስ) ስልጣን ካብ ኢዶም ከይወፅእ ኣብ ዘይማዓልቱ ብኣውራ ፓርቲ (Vanguard Party) ንምውላድ ዝበርዐየ ስርዓት ሶሻሊዝም ገይርኻ ምውሳድ ይከኣል። ወያናይ ዴሞክራሲ ንሕብረተሰብ ብደርቢ መቓቒሉ ኣብ ደርባዊ ውግንናን ደርባዊ ጎንፅን ፖለቲክኡ ዝስርት እዩ። ብዚ መሰረት ንሰብ ሃፍቲ ከም መዝመዝቲ ስለ ዝሰርዕ ፀረ ኢንቬስትመንትን ንግድን ዝኾነ ቢሮክራሲ ኣብ ትግራይ ተፈጢሩ። ንሰብ ሃፍቲ ዝሰጉግ፣ ኣብ ትግራይ ሃፍቲ ከዋፍሩ ንዝትልሙ ዘበርግግ ዓሻኹ መሓውር መንግስቲ ወሊዱ። ከምኡውን ፖለቲካዊ ውድብ ዝመርሖ ዓዲ ወይ ሃገር ምፍጣር ስለ ዝኾነ ዕላምኡ፣ መሓውር ፖለቲካዊ ውድብን መሓውር መንግስትን ዝተሓዋወስዎ ሞያዊ ናፅነቱ ዝሰኣነ ሰራሕተኛን መንግስታዊ ትካልን (ሲቪል ሰርቪስ) ፈጢሩ።

### ለ. ልምዓታዊ መንግስቲ ሞዴል ስግግር ኢኮኖሚ

ልምዓታዊ መንግስቲ ስርዓት ኢኮኖሚ ናብ ካፒታሊስት፣ ስርዓተ ፖለቲካ ድማ ናብ ሊበራክ ዴሞክራሲ ንምስግጋር ዝዕልም እዩ። ካብ ምልካዊ የመናይ ክንፊ (Right Wing Authoritarian) መንግስታት ተሞክሮ ዝተወሰደ እዩ። ህወሓት ተሞክሮ ዕብየትን ልምዓት ካብ ማሕበራዊ (ሶሻል) ዴሞክራሲ ዝኽተላ ሃገራት ምስ ኩነታት ትግራይ ብምጥዕዓም ምውሳድ ምኸኣለ። ግና እተን ማሕበራዊ ዴሞክራሲ ዝኽተላ ሃገራት ዴሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን ብምርግጋፀን ምስ ወያናይ ዴሞክራሲ ምልካዊ ስርዓት ምህናፅ ኣይቃዳዋን። ስለዚ ዋላ እኳ ወያናይ ዴሞክራሲ ፀገማዋይ ርእዮተ ዓለም ይኾን ተሞክሮ የመናይ ክንፊ ምልካዊ መንግስታት (Authoritarian Governments) ክወስድ ኸኢሉ። ልምዓታዊ መንግስቲ ንዜጋታት ልምዓታውን ኪራይ ኣከብትን ዝብል ስርርዕ ብምፈጣር፣ ነዚ ስርርዕ ናብ ሲቪል ሰርቪስ እውን ክግውድ ብምግባሩ ኣብ ሞንጎ ሰራሕተኛታት ምጉናይን ምድላውን ተፈጢሩ። ኣብ ምደባ፣ ቑፃርን ዕብየትን ስራሕ ብፖለቲካዊ ፍረጃ ምኽንያት ማዕረ ዕድል ዓይረኽቡን። ብማዕርነት ዘየተኣናግድ መንግስታዊ መሓውር ድማ ማዕቢሉ።

### ሐ. ህንፀት መሓውር መንግስታዊ ትካላት

መሓውራት መንግስቲ ትግራይ ዝህነፅ ዘሎ ካብ ኒኦ ሊበራሊዝም ስነ ሓሳብ ኢኮኖሚ ናብ መንግስታዊ መስርሕ ዘተኣታተዋ ሃገረ እንግሊዝን ኣሜሪካን ዝተወሰደ ተሞክሮ እዩ። ስነ ሓሳብ ኒኦ ሊበራሊዝም መንግስቲ መሳለጢ ልምዓት ከይኮነ መባኸኒ ሃፍቲ እዩ ኢሉ ይኣምን። ስለዚ መንግስታዊ መሓውር ክቕረፅ ከሎ ውሑድ ሓይሊ ሰብን በጀትን ክሸፍን ይግበር። እዙ ስነ ሓሳብ ኒኦ ሊበራሊዝም ምናዳ ባንኪ ዓለም structural Adjustment Program ከምኡውን ናቱ መቐፀልታ ዝኾነ Civil Service Reform ናብ ድኻታት ዓድታት ክተኣታቶን ክዝርጋሕን ኸኢሉ እዩ። ትግራይ እውን ካብ ኣራት ኪሎ ዝተተለመላ ትቕበል ስለ ዝኾነት ነዚ ናይ ለውጢ መሳርሒ ተግቢራቶ እያ። ብዚ ምኽንያት መንግስታዊ ትካላት ትግራይ ብዓይነትን በዝሕን እኹል ሰብ ሓይሊ ክምድባ ብዘይ ምኽኣለን ወይ ብተበፃሕነት ሕፀረት ምኽንያት ንህዝቢ ትግራይ ፅፉፍ፣ ቕልጡፍ፣ ፍትሓዊ ግልጋሎት ከቕርባ ኣይኸኣላን።

# እዚ ዓምዲ ውድብ ብሄራዊ ባይቶ ዓባይ ትግራይ /ባይቶና/ ጎስጓስ ምረፁኒ ዘካይደሉ ዓምዲ እዩ



ምልክት መረፃ ባይቶና

# ስነ-ሓሳብ ብሄራዊ ባይቶ ዓባይ ትግራይ (ባይቶና)!


መብዛሕትአን ሃገራት ሳልሳይ ዓለም፥ ኣብ ዓለምና ልዕልነት ኣተሓሳስባን ዝፈጠሩ ርእዮታትን ካብቶም ኣተሓሳስባታት ተዳ ቒሎም ዝተወለዱ ስነ-ሓሳባትን ብምውሳድ፣ ኣብ ሃገረን ንምትግባር ተመሳሳሊ ዕብየት ንምምዝጋብ ፈቲነን እየን። መብዛሕትአን ድማ፥ኣብ ዓንኬል ድኽነት ዝጠሓላ ንቀፃልነት ህልውነአን ኣብ ሓደጋ ዝኣተወ ሃገራት ካብ ምኹን ዓዲ ኣይዋዓላን።ንዞም ኣተሓሳስባታት ክፀውር ዝኽእል ማሕበረሰባዊ ቅርፂ፣ማሕበረሰባዊ መስተጋብርን ባህሊን ኣብ ዘየለሉ ባይታ፣ኣብ ካልኦት ሃገራት ውፅኢታዊነቱ ዝተረጋገፀ ስነ-ሓሳብ ሙሉእ ብሙሉእብ ምምፃእ ዕዉት ውፅኢት ክርከቦ ኣይካኣልን። ባይቶና ትግራይ ናይ ባዕላ ስነሓሳብ ኣለዋ፤ ብሓሳብ ሃፍታም እያ ኢሉ ይኣምን፡፡ ወናኒ ፀብለልታ ዘርኣየ ታሪኻዊ ስልጣነ ዝኾነ ህዝቢ፤ ናይ ባዕሉ ፊደልን ቁፅርን ቀሪፁ ሰፉሕቲ መፃሕፍቲ ዝሰንደ ህዝቢ፤ከምኒ ዘርኣያዕቆብ ዝበሉ ፈላስፉታት፤ ከምኒ ደቂቀ እስ ጢፋኖስ ዝበሉ ተመራመርቲን ከምኒ ገብረሂወት ባይከዳኝ ዝበሉ ብሉፃት ናይ ኢኮኖሚ ሊቃውንቲ ዘፍረየ ህዝቢ ናይ ሓሳብ ድኻ ክኸውን ኣይከእልን። መብዛሕቲኦም ሓሳባት ትግራይ ኣብ መፃሕፍቲ ብራናን ፈቓዶ ኣእማንን ዝተፅሓፉን ዝተ በታተኑን ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ብግቡእ ስለዘ ይተሰነዱ ግና ተጋሩ ትግራዋይነትና ኣይንእልሽን ስነሓሳብ የብልናን ማለት ኣይኮነን። ትግራዋይ ኣብ ፖለቲካ፤ ኢኮኖሚ፤ ማሕበራዊ፤ ስነጥበባዊ፤ ወታ ደራውን፤ ቴክኖሎጅን ናይ ባዕሉ ሰፊሕን ዓሚቅን ዝኾነ ዘቤታዊን መቦ ቆላውን ስነ ሓሳብ ኣለዎ።

ካብ ተሞክሮ ዓለም ከምንርደኦ፥ ሃገራት መቦቆላዊ ፍልጠተን መሰረት ገይረን እየን ዓብየን።ንኣብነት ጀርመን፣ ጃፓን፤ ቻይና፤ ኮርያ፤ እንግሊዝ፤ ኣመሪካ ብናይ ባዕሎም ዘቤታዊ ርእዮተ ዓለም ዝምራሕ ብሄርተኝነት ተኸቲሎም እዮም ኣብዚ ሕዚ ዘለውዎ ብርኪ በፂሖም። ኩሎም ኣብ ዓለምና ዘለው ሀገራትን ባዕሎም መሲሎም እዮም ዓብዮም። ብተወሳኺ እውን፥ ኣብዙ ሕዚ ሰዓት ዓለምና ካብ ሓደ ርእዮተ ዓለም ኣኽራርነት ወፂኣ ኣብ ተግባር ክውዕሉ ከለው ብዘመዝገብዎ ጭቡጥ ውፅኢት ዝዕቅን ፍልስፍናዊ መነፅር ስነሓሳባት ዓብላላይነት እናሓዘ ይኸይድ ከምዘሎ ንምርዳእ ኣፀጋሚ ኣይኮነን። ምዕራባውያን ጭቡጥ ኩነታት እናገምገሙ ኢድ ኣእታውነት መን ግስቲ እንትፈቕዱ፣ ምብራቓውያን ድማ ኩነታት እናገ ምገሙን ሰብ ሃፍቲን ኮርፖሬሺናትን ዕዳገኦም ዝኸፍትሉ ልሙድ ተርእዮ ይኸውን ኣሎ።

ባይቶና ዘቤታዊን መቦቆላዊ ኣተሓሳስባታትን ፍልጠትን ትግራይ መሰረት ገይሩን ንናይ ትግራይ ስነሓሳባት ቀዳምነት ሂቡን ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ተተግቢሮም ብሉፅ ዓወት ዘምፅኡ ሓሳባት ከከም ጨቡጥ ረብሓኦም እናረአየ ንምትግባር ይቃለስ። ነዚ ኩሉ ዝሓቑፍን፤ ዝገልፅን ርእዮተ ዓለም ድማ ስርዓት ባይቶ/ባይቶነት እዩ ኢሉ ይኣምን።ስርዓት ባይቶ ብመዳይ ፖለቲካ፣ ኢኮኖሚ፣ ማሕበራዊ፣ ምህንድስና፣ ስነጥበብን፣ ቴክኖሎጅን ዘፈራት ዝግለፅን ዝሸረፍን ሰፊሕ መቦቆላዊ ናይ ስነ ሓሳብን ፍልስፍናን ውቅያኖስ መሰረት ጌሩን፣ ምስቲ ሕዚ ዓለምና በፂሓቶ ዝኒሃ ብርኪ ዕብየት ተዛሚዱን ተጠዓዒሙን፣ ረብሓ ትግራይ ብመነፅር ጭቡጥ ሓቂታትን ክውንነትን እናመዘነ ኣብ ሓጺር እዋን ኩለመዳያዊ ምዕባለ ክነምፅእ ዘኽእለና ርእዮተ ዓለምእዩ። ባይቶነት፥ ብመዳይ ፖለ ቲካን ምም ሕዳራዊ ዘርፈታት ጥራይ ዘይኮነ ብኢኮኖሚ፤ ብማሕ በራውን ብኹሉመዳያዊ ንጥፈታት እውን ዝግለፅ እዩ። ባይቶነት ንመቦቆላዊ ቴክኖሎጂ፤ ምህንድስና፤ ቁጠባን ስልጣነን ናይ ቀዳምነት ቀዳምነት ሂቡ ምስ ዓለምና ዝበፅሖ ዕብየት ቴክኖሎጂ ኣዋሂዱ ትግራ ዋይነት ክትስእ ዘኽእል ኣተሓሳስባ እዩ። ብሄራዊ ባይቶ ዓባይ ትግራይ (ባይቶና) ዝኽተሎ ፖለቲካዊ መስመር ብሓቀኛ ምኽንያት ዝምራሕ ተሪር ናይ ትግራይ ብሄርተይነት (Strong Tigrain Nationalism) ዝተቓነየ ኮይኑ ንናይ ትግራይ መቦ ቆላዊ ክብርታትን ኣተሓሳስባታትን ዝምዝ ምዝን ቀዳምነት ዝሰ ርዕን "ስርዓትባይቶ/ባይቶነት" እዩ። ስርዓት ባይቶ ንዘቤታዊ ስነሓሳባትን ፍልስ ፍናታትን ብምምዝማዝን ብምምዕባልን፣ ንማሕበ ረሰባዊ ፀገማት ሱር ቦቆስ መፍትሒ ዘቐምጥ መስመር እዩ። ቀኖና ርእዮተ ዓለም /Dogmatism/ እንተየጥቅዖ፣ ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ብሉፅ ተመ ክሮታትን ኣሰራርሓታትን ብጭቡጥ ግብራዊ ውፅኢ ታዊነቶምን ተዓዋታይነቶም፣ ከምኡ እውን ብመ ነፅር ዘላቒ ረብሓ ህዝቢ እናዓቀነ ንረብሓ ህዝቢ ዘውዕል ገስጋሳይን ፕራግማቲስትን መስመር እዩ፡፡

ናይ ትግራይ ተሪር ብሄርተኝነት ክንብል ከለና፥ ሓድነት ተጋሩ ዘስምር፣ ንዓርሰ ምርኮሳዊ ፍልስፍና ቀዳምነት ዝህብ፣ ዘላቕነት ዘለወን ጥንኩራት ዴሞ ክራስያዊ ትካላት ትግራይ ዝሃንፅ፣ ብኹሉ መዳይ ትግራይ ካብ ፅግዕተኛነት ነፃ (Autonomous) ዝገ ብር፣ናይ ትግራይ ጥንታዊ ስልጣነ (Ancient Tigrian Civilization) ብዝግባእ ዝዕቅብን፣ንሓያልነት ትግ ራይ ሱርቦ ቆስ ቃልሲ ዘካይድን ማለትና እዩ፡፡ባይቶነት ንዘቤታዊ ኣተሓሳስባታት፤ ንመቦቆላዊ ፍልጠታት፤ ንማሕበራዊ ክብርታትን መለለይታትን ህዝቢ ትግራይ ፍሉይ ጠመተ ሂብካ ከቃልስ ዘኽእል ርእዮተ ዓለም እዩ።

ስርዓት ባይቶ ህዝብና ኣብ ኩሉ ጉዳያት ክውስን፤ ካብ ቁሸት ክሳብ ላዕለዋይ ብርኪ ስልጣን ብሙሉእ ነፃነት መራሕቱ ክመርፅ (መራሕቱ ብነፃነት ባዕሉ ከውርድን ከደይብን) ዘኽእል ስርዓት፣ ህዝብና ንቡዙሕ ዓመታት ዝጥቀመሎም ዝነበሩ መቦቆላዊ መስርሓት መሰረት ጌሩ ይህነፅ።ኣብ ሓደ ማሕበረሰብ ዘለዉ ኩሎም ፖለቲካዊን ምምሕድዳራዊን ስልጣናት ካብ ህዝቢ ክፍልፍል ኣለዎ ኢሉ ይኣምን። ስልጣን ካብ ድምፂ ህዝቢ ዝርከብ፣ ህዝቢ ብናይማን ሉዓላዊ /sovereign/ ዝገብርን እዩ። ካብ ቁሸት ክሳብ ክልል ዘሎ መሓውር መንግስቲ ብሹመኛታት ዘይኮነ ህዝቢ ብቐጥታ ብዝመረፆም መራሕቲ ክምራሕ ኣለዎ ይብል፡፡ ተፀዋዕነት ናይቶም ሰብ መዚ ድማ ነቲ ዝመረፆም ህዝቢ እምበር ንፖለቲካዊ ሓይልታት ፈፂሙ ክኸውን የብሉን። ስለዚ ፖለቲካዊ ስልጣን ብብቕዓትንብ መሰረት ህዝባዊ ቅቡልነትን እምበር ብፖለቲካዊ ተኣ ማንነት ክመፁ ኣይግበርን። ስርዓት ባይቶ ልጓም ስል ጣን ብትኽክል ናብ ኢድ ህዝቢ ዘረክብ እዩ። ባይቶነት ንህዝቢ ዘሳትፍን ህዝቢ ኣብ ሕድሕድ ጉዳያቱ ወሳኒን ተቖፃፃሪን ዝገብር ፖለቲካዊ ርእዮተ ዓለም እዩ።ህዝቢ ኣብ ውሳነ ምሃብ (Decision Making) ሰፊሕ ተሳትፎ ንክህልዎ ዘኽእል ስርዓት እዩ። ምርግጋፅ መጠነ ሰፊሕ ተሳትፎ ሓፋሽ ግና ብምኽንያታዊ ብሄርተኝነት ክቃነ ከሎ እዩ ዕዉትን ዘላቕነት ዘለዎን ለውጢ ዘምፅእ። ስርዓት ባይቶነት ክበሃል እንተሎ ኣብ ትግራይ ዘለው ኩሎም ናይ ዲሞክረሲ፤ ናይ ፍትሒን ዕርቅን መስርሓት ዝሓቑፈ ሰፊሕ ሓሳብ እዩ። ኣፀዋውዓኡ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይፈላለ እምበር ህዝቢ ትግራይ ኩሉ ስርዓት ባይቶ ኣለዎ እዩ። ባይቶ፤ ሕጊእንዳባ፣ ዕርቂእንደርታ፤ ገረብዓረና፤ ሓዳሎብቲ (ኦና)... ወዘተ መግለፂታት ስርዓት ባይቶነት እዮም። መስርሕ ባይቶና ብተፈጥሮኡ ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ዘይኮነስ ካብ ታሕቲ ናብ ላዕሊ (Bottom-Up Approach) እዩ። ባይቶና፥ ብስርዓት ባይቶ ካብ ታሕቲ ናብ ላዕሊ ዝብገስ ሰፊሕ ህዝባዊ ተሳትፎን ሉኣላዊነት ህዝቢን ኣረጋጊፁ ዘቑሞ ዓርሰ ምሕደራ (Local Governance) መሰረታዊ ባህርያቱን መግለፂታቱን ዝሰዕቡ እዮም።



ምልክት መረፃ ባይቶና

- ህዝቢ ኣብ ፖለቲካዊ፣ ምጣነ ሃፍታውን ማሕበራዊ ጉዳያትን ካብ ትልሚ ምውፃእ ጀሚሩ ክሳብ ናይ መወ ዳእታ ውሳነ (Decision making) ቁልፊ ግደ ክፃወት ምግባር፡፡
- ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ኢንቨስትመንትን ናይ ልምዓት ፖሊሲታት ምውፃእን፣ ብሓፈሻ ኣብ ኣድላይነት ሓደ ፖሊሲ ህዝቢ ብመስርሕ ባይቶ ኣቢሉ ኣድላይነቱ ብግቡእ ዘትይሉን ኣሚኑሉን ክፀድቕ፤ ህዝቢ ካብ ልቢ ዘይኣመነሉን ዘይተቐበሎን ዝኾነ ዓይነት ስጉምቲ ከይውሰድ ይገብር፡፡
- ህዝቢ ዝጥቀመሉን ዝተፈላለያ ባህላዊ ትካላት ብምጥንኻር (empowering local institutions) ንፖለቲካዊ ተሳትፎ፤ንልምዓትን ዝነቕሐን ገስጋስን ሕብረተሰብ (Vibrant Society) ንምፍጣርን ምስ ሓፋሽ እናመኸረ ዘይትካእ ግደ ክፃወታ ባይታ የመቻቹ፡፡
- መሰል ዓርሰ ምሕደራ/Self Admninistration/ ናብ ዞባ፤ ወረዳን ጣብያን ብቀጥታ ክወርድ ይገብር።
- ኣመዳድባ ሓይሊ ሰብ እውን ህዝቢ ብዝመረፆ ትካላት (ኣብያተ ምኽሪታትን ሰብ ሞያን) ብዘውፅእዎ ትካላዊ ረቋሒታት መሰረት ጥራይ ይኸውን፡፡
- ናይ ፖለቲካ ሹመት ዘድልዮም ቦታታት ካብ ጣብያ ክሳብ ላዕለዋይ ናይ ስልጣን ብርኪ ተነፂሮም ክቐመጡ ብምግባር መንግስትን ውድብን ከይተሓዋወሱን ግልፂ ዶብ ክህልዎምን ብምግባር ግልፅነትን ተሓታትነትን የስፍን፡፡
- ትካላት መንግስቲ ትግራይ ብትካላዊ መስርሕ ዓርሰን ክኢለን ደው ዝብላሉ መስርሕ ይተክል፡፡
- መንግስቲ ትግራይ ካብ ዝኾነ ውድብ ነፃ ኮይኑ ናይ ኩሉ ትግራዋይ ናይ ሓባር ቀዋሚ ፅላልን ድልዱል ዓንድን ኮይኑ ክቕፅል፤ኣብ ዝተወሰኑ ሓይሊታት ግዝያዊ ድኽመትን ጥንካረን ከይንጥልጠል፤ ብትካላዊ መሰርሕ እናደልደለ ዘላቕን ዘይናወፅን ቀዋሚ ትካል ክኾን የኽእል፡፡

## ዓርሰ ምሕደራ ባይቶና ዝቕደሐሎም ቀንዲ መቦቆላዊ ፍልፍላት

ባይቶ (እኩብ ህዝቢ/መድረኽ ዘተ/ሕጊ እንዳባ) ህዝቢ ኣብ ፖለቲካዊ፤ ማሕበራውን ቁጠባውን ጉዳያቱ ተኣኪቡ ዝዝትየሉ መድረኽ እዩ፡፡ ህዝብና ኣብ ባይቶ ተኣኪቡ ዕርቅን ፍትሕን የስፍን፤ተነቓቒፉ ፀገማት ይፈትሕ፤ ዝተበኣሰ ዝተበኣሱ ይዓርቕ፤ መራ ሕቱ ብነፃነት ይመርፅን የውርድን፡፡


ስርዓት ቓንጭን ሓቅን(ገረብ ዓረና) - ህዝቢ ወጀራት ዕስራ ዓዲ ደመር ብምክያድ ኩሉ ሰብ ማዕረ ከምዝኾነ ዝኣምን፤ ዜጋታት ኣብ ጉዳይ ዓዶም ማዕረ ተሳትፎ ረኺቦም ክውስኑ ዝገብር እዩ።ስርዓት ቓንጭን ሓቅን ጎይታን ሓሽከርን ዘይብሉ ትኽክለኛ ስልጣን ኣብ ኢድ ህዝቢ ኮይኑ መራሕቱ ባዕሉ ዝሸ መሉ፤ ባዕሉ ዘውርደሉ፤ ህዝቢ ባዕሉ ገባሪ ሓዳጊ ዝኾነሉ ስርዓት ማለት እዩ።

ኦና (ሓዳሎብቲ) - ጥንታዊ ምሕደራ ኢሮብ እዩ። ሓዳሎብቲ( ሓፈሻዊ ጉባኤ) ህዝቢ ኢሮብ ባዕሉንባዕሉ ዘመሓድረሉ ስርዓት እዩ፡፡ ኦና ህዝቢ ብፍትወቱ ንኽመርሖ ዝመረፆ ዝነበረ ናይ መዓርግ ሽም እዩ። ስርዓት ኦና ድማ ህዝቢ ንኽመሓደረሉ ዘቲዩ ዘፅደቖ ሕጊ መሰረት ዝገበረ ህዝቢ ባዕሉ ንባዕሉ ዘመሓድረሉ ስርዓት ማለት እዩ። ኣመራርፃ ኦና - ብቐጥታ እዩ። እቲ ዝተመረፀ ብግርብያ ዓበይቲ ዓዲ ብግርቢያ ይምርቖዎ።

ወያነ- ኣንፃር ዘይፍትሓውን ዘይምዕሩይን ንዝኾነ ንጉሳዊ ዓቀይታይ ስርዓት ብምዕማፅ ዓዲ ብደቂ ዓዲ ዝመሓደርሉ፤ ኩሉ ብማዕረ ዝነብረሉ፤ ቓንጭን ሓቅን ዝረጋገፀሉ፤ህዝቢ ፍትሓዊ ንዘይኮነ ስርዓት ኣይግዛእን እምብለይ ኢሉ ብምውያን ዓመፀኛ ስርዓት ኣወጊዱ ንመሰል ዓርሰ ምሕደራን ሓርነትን ዝግበር ቃልሲ እዩ።

ዕርቂ እንደርታ፤ ኣቦ ገረብ - እውን ብተመሳሳሊ መሰል ዓርሰ ምሕደራን ፍትሒን ርትዕን ዘስፍኑ መስርሓት እዮም፡፡

እዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለው ምንጪታት ስነሓሳብ ስርዓት ባይቶ ከም ኣብነት ጠቂስናዮም እምበር ህዝቢ ዓባይ ትግራይ ንእልፊ ኣእላፍ ዓመታት ዝጥቀመሎም ዝነበሩ መስርሓት ዲሞክራሲ ብዙሓት ከምዝኾኑን ብዙሕ ምርምር ከምዘድሊ ንምፍላጥ የድሊ።ባይቶና እዞም ካብ ትግራይ ዝሞበቆሎም ዘቤታዊ ስነ ሓሳባት ዴሞክራስን ዓርሰ ምሕደራን ሰኒዱ፤ ጉድለታቶም ኣሪሙን ምስቲ ዓለምና ዝበፅሖ ብርኪ ስልጣነ ኣሚኑን ዓባይ ትግራይ ኣብ ሓፂር እዋን ናብ ሓቀኛ ዴሞክራሲ ክትሳገር ብዕሊ ክጥቀመሎም እዩ፡፡ ስለዚ ባይቶና ከወፃኢ ንትግራይ ዝራገፉ ባዕዳውያን ኣተሓሳስባታት ዘተኣታቱ (Import) ዝገብር ውድብ ዘይኮነስ ብተፃራሪኡ እንኪ ውሽጢ ንደገ (inside–out) ስትራተጅን ስልትን ዝኽተል፤ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ስርዓት ባይቶ ኳሕጉሑ ዘማዕብል ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ትግራይ ፈላማይ ውድብ እዩ።



ምልክት መረፃ ናፅነት

# ውድብና ንመረጻ 2012 ትግራይ ዝጥምተሉ መነጸርን ሽቶን

ውድብና ናጽነት መረጻ 2012 ትግራይ ከም ተራ መረጻ ኣይኮነን ዝሪኦ። እዚ መረጻ እዚ ህዝቢ ትግራይ ንልዕሊ 100 ዓመታት ተቓሊሱ ዘረጋገጾ መሰል ርእሰ-ውሳነ ድሕሪ 1983 ኣብ ዝነበሩ 27 ዓመታት ከም ህዝቢ ዝኣተናዮ ጉጉይ ተልእኾ ምሕብሓብ ምብትታና ዘይተርፉ ግዝኣተ-ሃጸይ ኢትዮጵያ ስዒቡ ኣብ ዘጋጠመና ሓደጋ ህላወ ኮይና ነካይዶ ዘለና መረጻ እዩ። ከም ውድብ እዚ መረጻ እዚ ብመሪር ዋጋ መስዋእቲ ምሩጻት ተጋሩ ዝተረኸበ ዝርካቡ ዓወት ናብ ባዶ ክምልስ ጥራሕ ዘይኮነ ከም ህዝቢ ህላወና ንምቅባጽ ዘንጸላለዉ ሓደጋታት መኪትና ናብ ዘልኣለማዊ ሓርነትን ናጽነትን ዝወሰደና ነጥቢ መቐይሮ ከምዝኾነ ኢና ንርዳእ። ሰለዝኾነውን ገና እቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ስልጣን ሒዙ ዘሎ ሓይሊ ብዕሊ 6ይ መረጻ ኢትዮጵያ ከምዘካይድ ቅድሚ ምእዋጁ፤ ኣንጻር ኩሎም ተጻብኦታት ትግራይ መረጻ 2012 ክተሳልጥ ከምዘለዋ ገምጊምና ምንቅስቓስ ጀሚርና።

ውድብና ናጽነት ካብቲ ዝነጸሮ ህዝቢ ትግራይ ካብ ዓንኬል ጎነጽን ዕግርግርን ኢምፓየር ኢትዮጵያ ንሓንሳብን ንሓውሩን ዘውጽእ ኣውራ ዕላማ ማለትውን ምስረታ ናጻን ሉእላዊትን ብሄረ-ሃገረ-መንግስቲ ትግራይ ተላዒሉ፤ ምስ ካልኦት ብመሰል ርእሰ- ውሳነ ትግራይ ዝኣምኑ ውድባት ብሓባር ኮይኑ መረጻ ትግራይ 2012 ካብ ውጥን ሓሳብ ናብቲ ሕዚ በጺሕዎ ዘሎ ብርኪ ቅድመ ምድላው ክበጽሕ እጃሙ ዝተዋጽአውን ምእንተ ምውሓስ እዚ ዕላማ እዩ። ኮታስ ውድብና ናጽነት መረጻ ትግራይ 2012 ምእንተ ብሄራዊ ሓርነቱ ሰፍ ዘይብል ዋጋ ከፊሉ፤ ሕዚ ውን ዋጋ ንምኽፋል ተዳልዩን ዘሎ ህዝብና፤ ናይ ሞት ሕውየትን ጉዳይ እዩ። እዚ ናይ ሞት ሕውየትን ጉዳይ ከኣ ኣብ ምቕጻል ንሕጋውን ቁብልነትን መንግስትነት ትግራይ ሰለዝምሰረት ኢና መረጻ 2012 ትግራይ ዝተኸፈለ ዋጋ ተኸፊሉ ክካየድ ደጊፍናን ንሳተፈሉ ዘለናን።

ኣብ መረጻ 2012 ትግራይ ውድብና ናጽነት ከዐውቶ ኣሚትዎ ዘሎ ሽቶውን እዚ እዩ። ኣየናይ ውድብ ሰዓረ ኣየናይ ውደብ ክንደይ ወንበር ረኸበ ዝብል ጭርጭር ብዘየገድስ፤ ውድብና ናጽነት ትግራይ መረጻ 2012 ኣሳሊጣ ድሕሪ መሰከረም 30 ሕጋውን ቅቡል መንግስትነታ ኣቐጺላ ምርኣይ እዩ ናይ መረጻ ሽቶኡ። እዚ ንብለሉ ምኽንያት ድማ እቲ ንትግራይ ኣንጸላሊዋ ዘሎ ጭቡጥን ወድዓውን ሓደጋ ንምምካት ዘኽእል ቅቡል ሕጋውን መንግ ሰትነት ክህልዋ ኣለዎ ካብ ዝብል ትግራዋይ ብሄረ-ሃገረ-መንግስታዊ መርኣይናን መትከልናን እዩ። ነዚውን ኢና ክንሰርሕ።

ካልእ ኣብ መረጻ 2012 ከም ውድብ ናጽነት ክነዕውቶ ንደሊ ንእስሽቶ፤ እዚ መረጻ እዚትግራይ ናብቲ ውድብና ዝቃለሰሉ ምሰረታ ብሄረ-ሃገርነት ዝወስድ መገዲ፤ ገና ካብ ብሕዚኡ ፈልሲ ዴሞክራታይዜሽን ንተኽለሉ ዕድል ንምስፋሕ እውን እዩ። ኣብ ስልጣን ዘሎ ገዛኢ ውድብ ትግራይ ይኽተሎ እየ ካብ ዝብሎ መሰመር ብዝብገስ ጸገም ኢሉውን ብተግባር ኣብ ትግራይ ዘሎ ሱር ዝሰደደ ጸረ-ዴሞክራስያዊ ሃዋህው፤ ኣውራ ዕላማና ንምዕዋት ዕንቅፋት ሰለዝኾነ፤ብውሕዱ ኣብዚ ከም ህዝቢ ህላወና ንምውሓስ ነካይዶ መረጻ ናብ መባእታዊ ዴሞ ክራሲ ዝኣትወሉ መሰርሕ ክዝርጋሕ ኣዕሪና ንብህጎን ንሰርሓሉ ንዉራይ ውድብና እዩ።

ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ከይዲ መረፃ ብድሆታትና ብዙሓት እኳ እንተኾኑ እቲ ኣውራ ብድሆ ግን ብመ ኸተ ሓድነት ዝተሸፈነ ሱር ዝስደደ ፀረ-ዲሞ ክራሲያዊ ሃዋህዉ ትግራይ እዩ፡፡

### መኸተ ሓድነት ዝተሸፈነ ሱር ዝሰደደ ጸረ- ዴሞ ክራስያዊ ሃዋህው ትግራይ

ኣብዚ መረጻ ነካይደሉ ተኣፋፊ መድረኽ ዝረ ብሕ ለውጢ ዘይተርኣየሉ፤ ሱር ዝሰደደ ጸረ-ዴሞክ ራስያዊ ሃዋህው ኣብ ትግራይ ከምዘሎ ጸሓይ ዝወ ቕዖ ሓቂ እዩ። ባዕሉ ገዛኢ ውድብውን እንተኾነ፤ ዘሰጉም ፍታሕ ደኣ እዩ ክገበረሉ ዘይከኣለ እምበር ለይትን ቀትርን ዝዛረበሉ ጉዳይ እዩ። ፍልፍል ጸገም ናይዚ ጸረ-ዴሞክራስያዊ ሃዋህው ኣብ ሰልጣን ዘሎ ኣካል ብዝሰዕቦ ኣምር ፖለታካዊ ሰርዓትን ኣንጻር ዴሞክራሲ፣ ሕጋዊ፣ ፍትዊ፣ ህዝባውን ትካላውን ኣሳራርሓ ዝቐንዐ ተግባራዊ ኣካይዳን ከምዝኾነ ቀዲ ምና ኣብ ላዕሊ ሰለዘቐመጥናዮ ኣብዚ ምድጋም ዘድልዮ ኣይኮነን።

ብጭቡጥ ነቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ሃዋህው ብምቕማጥ ጥራሕ ዕምቆት ንስፍሓትን እቲ ብድሆ ምርዳእ ይከኣል እዩ። ሕዚ ኣብ ተኣፋፊ መድረኽ ኮይና ነካይዶ ዘለና መረጻ እሞ ድማ ጸረ-ድሞክራስያዊነት ነትውሽጣዊ ሓድነትና ሽርሺሩ ንግዳማዊ ጸላእቲ ከምዘቃልዐና ተፈሊጡ ብወገን እቲ ኣብ ሰልጣን ዘሎ ኣካል ምምሕያሽ ኣብ ክንዲ ምግባር፤ ሕዚ ውን ከም ወትሩ ይቕጽል ኣሎ ጥራሕ ዘይኮነስ ተጋዲዱውን ክበሃል ዝኽእል እዩ። ኣብዚ ዘለናዮ እዋን ጸረ-ዴሞክራስያዊ ተግባራት ገዛኢ ኣካል ተጋዲዱ ንብሎ ዘለና ንምግናን ዘይኮነ፤ ነቲ መኸተ ንጻምእ ሓድነት ንህዝብና ተበሊጽካ ብተግባር ዝስርሑ ዘለው ነውርታት ክበሃሉ ዝኽእሉ ፍጻመታት ሰለዘለው እዩ።


ብርግጽ ኣብ ገለ ባእታ ላዐለዋይ ኣካል ገዛኢ ውድብ ተስፋ ዝህቡን ቅድሚ ሕዚ ዘይነበሩን ናይ ምልስላሰን ዴሞክራስያዊ ዝመስሉ ምስ ዝተፈለየ ሓሳብ ዘለዎ ኣካላት ተቐራሪብካ ዝሰርሓሉ ውሱን ኩነታት ከምዘሎ ዝከሓድ ኣይኮነን። ይኹን ደኣ እምበር ዋላ ኣብ ላዕሊ ሕዚውን ካብ ፍጹም ጸረ-ዴሞክራስያዊ ኣረኣእያን እምነትን ዝብገስ ዝተፈለየ ሓሳብ ከም ጸላኢ ዝረኣየሉ ኩነታትን ተግባራትን ዓብሊሉ እዩ ዝቕጽል ዘሎ።

ሎሚውን ሚድያታት ንዝተፈለየ ሓሳብ ዘለዎም ኣካላት ንምልክት እምበር ካብ መትከል ዝነቐለ ንጠለብ ዴሞክራስን ንምዕጋብ ካብ ዝብገስ መትከል ተላዒለን ክሳትፋን መደረኽ ክፈጥራን ኣይደልያን ወይ ድማ ከይሰርሓ ይግደዳ ኣለዋ። ሎሚውን ሓሳባትን ሪኢቶታትን ተናሓናሕቲ ውድባት ኣብ ክንዲ ንህዝብን ዓድን ዝህልዎም ረብሓ ዝምዘኑ፤ ካብ ዓንቃጽን ጸቢብን ሰነ-ሓሳባዊ መርገጺ እናበገስካ ከም ጸላኢ ይርኣዩ ኣለዉ። ሜዳ ዴሞክራሲ ትግራይ ንምስፋሕ ክጠቕሙ ዝኽእሉ ናይ መረጻ ኣዋጃት ስዒቦም ዝመጹ ብተነሓናሕቲ ውድባት ዝቐረቡ መማገረጺ ሓሳባት፤ ንሽሙ ተቐቢልና እናተብሃለ ብምትላልን ግዜ ምንዋሕን ይፍሽሉን ይንጸጉን ኣለው። ካብ ቀደሙ ምእንተ ምውሓስ ህላወ ተባሂሉ ንሕናውን ናይ ግዘ ውስንነት ከምዘለዎም እንተህላወ ክንብል ኣብ ሓጺር ግዘ ክሳለጥ ከምዘለዎ ኣሚናሉ ዝኣተናዮ ግዘ ዘይብሉ ምድላው ቅድመ መረጻ፤ ገዛኢ ውደብ ብእንተታ ኣጋዲዱ የጽብቦ ኣብ ርእሲ ምሃላው፤ ባዕሉ ብዝተፈላለየ መገዲ ጀሚርዎ ዘሎ ናይ ምረጹኒ ምንቅስቓስ ንካልኦት ውድባት ዝተኸልከለሉ ኩነታት ኣሎ።

ከምዚኦም ዝበሉ ብገዛኢ ውድብ ዝፍጸሙ ኣብዚ ተኣፋፊ እዋን ዝፈጸሙ ጸረ-ዴሞክራስያዊ ተግባራት፤ ናብ ታሕተዋይ መሓውር ምስንመጽእ ብዘሰምብድ ኣገባብ ተጋዲዶም ዝፍጸምሉ ኩነታት እዩ ዘሎ። እቶም መረጻ 2012 ትግራይ ክሳለጥ ንትግራይ ሕዚ ትርከበሉ መኸተ ክዕወትን ካብቲ ገዛኢ ውድብ ዘይነኣሰ ግደ እናተጻወቱ ዝመጹን ዝጻወቱ ዘለውን ኢሉውን ኣብ መረጻ ትግራይ 2012 ዝሳተፉ ውድባትን ኣባላቶምን ዝጥቅዕሉ ኩነታት ሰፊሕ እዩ ዘሎ። ካልእ ተሪፉ ኣባላት ውድብ ናጽነት ኣመራርሓን ካድረን ህወሓት "ባንዳታት ዶ ብልጽግና ዶ" ዝብል ናይ ጸለመ ሽማሽም ይልጠፎም ኣሎ። ኣብ ዝተፈላለዩ ወረዳታት ዝፈጠርናዮም ውዳበታት ከይንቀሳቐ ይግበር ኣሎ። ኣባላትና ዘይሸሞምን ዘይተግባሮምን ብጸለመ እናተጠቀኑ፤ ባዕሎም ቤተ-ሰቦም ንክፈርሑን ክሹ ቕረሩን ይስራሕ ኣሎ። ኣብ ገለ ከባብታትውን ኣባ ላትና "ክንኣሰረኩምና ክንቀትለኩም ኢና" ዝብል ነውራም መፈራርሕታት ይበጽሖም ኣሎ።


ከምዚ ዝበለ ጸረ-ዴሞክራሰያዊ ተግባራት፤ ነቲ ሕዚ ትግራይ ህልውናኣ ንምርግጋጽ ተሳልጦ ዘላ መረጻ ብዓብይኡ ድማ ነቲ ዝመረረ ዋጋውን እንተኾነ ክፊልና ክነዐውቶ ንረባረበሉ ዘለና መኸተ ዝዘርግን በታንን እዩ። ልዕሊ ኩሉ ህዝቢ ትግራይ ንውድብናን ኢሉውን ካልኦት ኣብዚ መረጻ ክሳተፉ ተዳልዮም ዘለው ውድባትን ሕሉፍ በደላት ገዛኢ ውድብ ከይጸብጸቡ መሪሕነት ገዛኢ ውድብ ተቐቢሎም ኣብ ሓድነት ዓሲሎም እናሃለዉ፤ እቲ ገዛኢ ውድብ ነዚ ከም ወርቃዊ ዕድል ተጠቒሙ ናብ ዴሞክራስያዊ መገዲ ኣብ ክንዲ ምእታው ሕዚውን በቲ ዝጸንሐ መዕነውን መኽሰርን ኣካይዳ ይቕጽል ኣሎ።

ውድብና ናጽነት እምበኣር ኣብ ከምዚ ዝበለ ብጭቡጥ ንመረጻ ዘይጥዕም ኩነታት ኮይኑውን እዩ መረጻ ይካየድ ኢሉ ክሳተፍ ተዳለዩ ዘሎ። ምእንተ ምንታይሲ ዋላ እቲ ኩነታት መሪር እንተኾነ፤ ገዛኢ ውድብ ብዝፈጥሮም ጸገማት ብዝፍጠሩ መኾልፋት መረጻ 2012 ተናዊሑ ህልወና ትግራይ ኣብ ሓደጋ ከይኣቱን ትግራይ ናይ ምድሓን በሄራ ውን ወለዶኣውን ተልእኾ ዝተሰከመ ውድብ ሰለዝኾነ።



ምልክት መረፃ ናፅነት

እዚ ዓምዲ ውድብ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ /ህወሓት/ ጎስጓስ ምረፁኒ ዘካይደሉ ዓምዲ እዩ



ምልክት መረፃ ህወሓት

# ህወሓት ናይ ትማሊ፣ ናይ ሎሚ፣ ናይ ፅባሕ ውድብ እዩ!



ምልክት መረፃ ህወሓት

**ዝኸበርካህዝቢ ትግራይ!**

ህወሓት ክሳብ ሕዚ እናተፃወቶ ዝመፀ ተራን ንቕድሚት ዝፃወቶ ዘይትካእ ተራን ንምርዳእ፣ ህወሓት ንባዕሉን ንእምነታቱን ብዕሙቀት ምርዳእ የድሊ።

ሱር ዝሰደደ ድኽነት ኣብዘለሉ ኹነታት ካብ ልምዓታዊ ዴሞክራስያዊ መስመር ወፃእ ናብ ምዕባለ ምግስጋስ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ናይ ህወሓት መፍለይን መለለይን ባህሪያቱ ምስ ህዝብታት ዘለዎ ውግንናን ነዞይ መሰረት ዝገበሩ ቀንዲ ዕላማታቱን እዮም። ህወሓት ዘብልዎ ንመንነቱ ዝገልፁ መሰረታዊ ጉዳያት ምስ ህዝቢ ውግንንኡን ንህዝቢ ዝጠቕሙ መሰረታዊ ዕላማታቱን እዮም። እዚኦም እንትልወጡ ህወሓት እውን መንነቱ ይስእንን ይልወጥን።

ህወሓት ነቲ በብእዋኑ ዝምዕብልን እናጎልበተ ዝኸይድን ገስጋሳይ ባህሪኡ ሒዙ እንትጓዓዝ ካብ ብጊሓቱ ብፍልጠት እዩ ተመስሪቱ፡፡ ሀ ኢሉ ኣንፃር ብሄራውን ደርባውን ወፅዓ ህዝቢ ትግራይ ብረት ኣልዒሉ ቃልሲ እንትጅምር መሰረታዊ መበገስታትን ኣንፈታትን እቲ ቓልሲ ብብቕዓት ዝመለሰ ውድብ እዩ። ብፍላይ ነቲ ሎሚ ዋሕስና ገይርና እንቃለሰሉ ዘለና መሰል ዓርሰ ውሳነ ህዝብታት ድማ ካብ ብጊሓቱ ነፂሩ ፅኑዕ መርገፂ ዝወሰደሉ መትከል እዩ፡፡

ሎሚ እውን ከም ትማሊ ህወሓት ንጭቡጥ ወድዓዊ ሓቂ ህዝብና ዝርዳእ ውድብ እዩ። ንትግራይን ህዝቢ ትግራይን ከይተረዳእኻን ከይፈለጥካን ንህዝቢ ትግራይ ናብ ለውጥን ምዕባለን ክወስድ ዝኽእል ሓሳብን ዕላማን ምውናን ዝከኣል ኣይኮነን።

**ዝኸበርካ ህዝቢ ትግራይ!**

ነቲ ምሩፅን ቅኑዕን ሓሳቡ ሒዙ፣ ሓሳባቱ ብግልፂ ናብ ህዝቢ ኣቕሪቡ፣ ብኸይዲ ድማ ምልኣተ ህዝቢ ኣብ ጎኑ ኣሰሊፉ ንዓወት ዘብፀሐ ፕሮግራም ዝነበሮን ዘለዎን ውድብ እዩ ውድብና ህወሓት፡፡

ትማሊ ቀዲሞምናን ምሳናን ናብ ቃልሲ ዝወፈሩ ብዙሓት ውድባት ኩሎም ኣብ መንገዲ እንትተርፉን ንሕና ንፀላእትና ሓማሺሽና ካብ ደባይ ናብ ኣደባባይ ሰገነት ክንወፅእ ዝኸኣልናን ንምዕባለን ብራኸን መፃኢት ትግራይ ዝኸውን ብሉፅ ሓሳብ ዝወነናን ኢና። ነዚ እዩ ልብና ነፊሕና ህወሓትመስመር እዩ፤ ህወሓት መትከል እዩ፣ ህወሓት ፅንዓት እዩ፣ ህወሓት ናይ ህዝቢ ትግራይ እዩ እንብል፡፡

መሰረታዊ ትሕዝቶ ናይዚ ስርዓት፣ ንህዝቢ ትግራይ ናብ ዝለዓለ ልምዓትን ዲሞክራስን ብራኸ ዝወስድ እዩ። ህወሓት ብህዝቢ ትግራይ ዝተፈጠረ፣ ንህዝቢ ትግራይ ዝነብርን ንህዝቢ ትግራይ ዝሓልፍን ውድብ እዩ።

**ዝኸበርካ ህዝቢ ትግራይ!**

ህወሓት ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓሰርተታት ዓመታት ብዝሓዞ ልምዓታዊ ዲሞክራስያዊ መስመሩ ኣብ ትግራይ ኣብ ሰላም፣ ልምዓትን ዲሞክራሲን ስሉጥ፣ ቀፃልነት ዘለዎን ፍትሓውን ቁጠባዊ ዕብየት ኣመዝጊቡ እዩ፡፡ ብርግፅ በዚ ዝመፀ ለውጥን ምዕባለን ዘይተጠቐመን ብዙሕ ዝጎድለና መዳያትን እኳ እንተሃለወ እዚ ለውጢ ኣብ ዝበዝሕ ህዝብና ኣብ ነብሲ ወከፍ ገዘኡ ብዝረኸቦ ዓወትን ረብሓን ዝተረጋገፀ እዩ፡፡

ንቕድሚት እውን ካብዚ ብዝበለፀ ክሰፍሕን ክጠናኸርን ዘኽእል ፅኑይ መስመር ዝሓዘ ውድብ እዩ። ስለዚ ውድብና ኣብ ትማሊ ዘይነብር፣ ሎሚ ኮይኑ ብዛዕባ ፅባሕ ዝእምት ገስጋሳይ ውድብ እዩ፡፡ ነዚ ‘ውን እዩ ውድብና ህወሓት ናይ ትማሊ ሎምን ፅባሕን ውድብ እዩ እንብል ዘለና።

**ዝኸበርካ ህዝቢ ትግራይ!**

ውድብና ብሕሉፍ ታሪኹ ዘይነብር፣ ብኣንፃሩ ሓደሽትን ዘይነፀፉን ታሪኻት እናመዝገበ ንቕድሚት ዝምርሽ ውድብ እዩ፡፡ ህወሓት ብሕሉፍ ታሪኹ እናተደዓዓሰ ዝነብር ውድብ ዘይኮነስ ናይ ለውጥን ዕብየትን ሽውሃቱ ዘይዓግብን ንዘየቋርፅ ምዕባለ ዝተግህን ውድብ እዩ፡፡ ህወሓት ሓሳብ እዩ። ንፀላእቱ ዝሰዓሮም ዝበለፀ ኣፅዋር ስለዝነበሮ ዘይኮነስ ህዝቢ ዝተቐበሎ፣ ህዝቢ ዘዕስል ብሉፅ ሓሳብ ስለዝሓዘ ‘ዩ።

ህወሓት ምስ ኩነታት ዝኸይድን ዝምዕብልን ውድብ ‘ዩ። ኣብዚ ፈታኒ መድረኽ ‘ውን እንተኾነ ህወሓት ካብ ነቕ ዘይብል መትከሉ ዝብገስ ዝበለፀ ሓሳብ ሒዙ እዩ ድሕንነትን ሃለዋትን ህዘቢ ትግራይ ንምውሓስ ብትሪ ዝቃለስ ዘሎ።

ህወሓት ከምዚ ዝበለ ሓሳብን መስመርን እንተዘይውንን ነይሩ ኣብዚ ክልተ ዓመት ዘጋጠመና ፈተና ምብዳህ ኣይምተኽኣለን ነይሩ።

ንቕድሚት ‘ውን ህዝቢ ትግራይ ናብ ዘላቒ ብራኸን ምዕባለን ክወስዶ ዝኽእል መስመር ህወሓት እዩ። ሕዚ ህወሓት ናይቲ ዝሓለፈ ወለዶ ኣይኮነን። ህወሓት ናይቲ ሕዚ ዘሎ ወለዶ እዩ። ብዘይምቁራፅ ዝምዕብል፣ ወለዶታት እናተቐባበሉ ክወስድዎ ዝኽእሉ መስመር፣ ሓሳብ ዝተሓንገጠ ውድብ እዩ።

ህወሓት ኣብ ቀፃሊ ናይ ቃልሲ ምዕራፍ ምዕባለ ትግራይ ናብ ልዑል ብራኽ ንምስግጋር ንፁር ኣንፈትን መደባትን ሒዙ ዝቃለስ ዘሎ ውድብ እዩ። ትግራይ ኣብ 2037 ዓ/ም ክትበፅሖ ዝግባእ ደረጃ ምዕባለ ብምንፃር ካብዚ ተሸሪፉ ኣብ ዝቕፅሉ 5 ዓመታት ዝህልውና መደባት ብዝርዝር መሊሱ ዝሰርሕ ዘሎ ውድብ እዩ።

ስለዚ ተስፋ ህዝቢ ትግራይ ኣብቲ ናይ ሎምን ናይ ፅባሕን ህወሓት እዩ ዘሎ፡፡ ስለዝኾነ እውን ህዝቢ ትግራይ ናይ ሎሚ ይኹን ናይ ፅባሕ ተስፋኻን ናይ ምዕባለ ሃረርታኻን ከማልኣልካ ዝኽእል ውድብካ ህወሓት ስለዝኾነ ንህወሓት ምረፅ! ንህወሓት ምረፂ! ንህወሓት ንምረፅ!!

**መስመርና ኣፅኒዕና ንመኽተ!**

**ኣብ መስመር ህወሓት ረቢብና ንዘላቒ ብራኽ!**

**ህወሓት ናይ ትማሊ፣ ናይ ሎሚ፣ ናይ ፅባሕ ውድብ እዩ!!**

**ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ (ህወሓት)**

**ነሓሰ 2012 ዓ/ም**

**መቐለ**

እዚ ዓምዲ ውድብ ዓሲምባ
ዴሞክራሲያዊ ፓርቲ /ዓዴፓ/
ጎስጓስ ምረፁኒ ዘካይደሉ ዓምዲ እዩ



ምልክት መረፃ ዓዴፓ

# ፓለቲካዊ ፕሮግራም ዓዴፓ

**ሕርሻን ገጠር ልምዓትን ብዝምልከት፡-** ዝበዝሖ ናይ ሃገርና ህዝቢ ሓረስታይ ስለዝኮነን ዝመሓደረሉ ብሕርሻ ስለዝኾነ ንግብርና ልዑል ቆላሕታ ብምሃብ ናይ ሕርሻ ምህርቲ /ኢኮኖሚ/ ዘዕብዩን ናይ ሓረስቶት ረብሓ ዝሕልው፣ መሬት ምውናን ሓዊሱ ምህዞ ዝተሓወሰ ዘመናዊ ኣተሓሳስባ ንክህሉን ምህርቲ ዘሰስኑን እታዎት ብምጥቃም ሓረስታይ ዕዳጋ ብቐሊሉ ዝረኽበሉ ግብርና ናይ መሰረተ ልምዓት ምስፍሕፋሕ ኣብ ጣብያታት ብምብፃሕ ሕዛእቲ ብኣግባቡ ብምሕላው ሓረስታይ ዝተፈላለዩ ዘራእቲ ተጠቒሙ ናይ ምግቢ ውሕስና ዘረጋግፀሉ፣ ካብ ሕርሻ ናብ ኢንዳስትሪ ንምስግጋር ዘኽእሉ ስትራቴጅ ብምኽታል ናይ ውልቀ በዓል ሃፍቲ በዘሳተፈ መልክዑን ቴክኖሎጅ መሰረት ዝገበረ ምስ ዕቤት ኢኮኖሚ ምትእስሳር ዘለዎም ፖሊስታት ብምፅናዕ ተግባራዊ ይግበር። ሕርሻ ንምስፍሕፋሕ ፍሉይ ትኹረት ተገይሩሉ ዝስራሕ እንትኸውን ብኩታ ገጠም ኣብ ሓደ ከባቢ ንእሽተይ ናይ ሕርሻ መሬት ዘለዎም ሓረስቶት ብምትሕብባር ብሓባር ንክሰርሑ ካብ መንግስቲ ድጋፍ ይግበረሎም። ናይ ከፍቲ፣ ጠለ በጊዕ ዓሳን ሃፍቲ ብዝምልከት፡- ካብ ሕርሻ ቀፂሉ ዝበዝሖ ሓረስታይ ዝነብር እንስሳት ምርባሕ እዩ።ናይ ዓሳ ሃፍቲ ተጠቀምቲ ዋላ ውሑዳት ይኹኑ ንብዙሓት ሰባት ስራሕ ዕድል ብምፍጣርን ብምዕንጋልን ክጠቅም ዝክእል ስለዝኾነ ትኹረት ተገይሩሉ ይስራሕ። ስለዚ ዓዴፓ ሕርሻ ብዘመናዊ መልክዕ ናይ ሓረስታይ ምህርቲ ብዘሰስን ሓረስታይ ኣብ ቀረባ ዕዳጋ ዝረኽበሉ ዕድል ብምፍጣር ካብ ሕርሻ ናብ ኢንዱስትሪ ዝግበር ስግግር ዝምረሐሉ ፖሊሲ ኣውፅኡ ተግባራዊ ይገብር።

**ፖሊሲ ትምህርቲ ብዝምልከት፡-** ትምህርቲ ንሓንቲ ሃገር ዕቤት ብጣዕሚ ወሳኒ ምዃኑ ዓዴፓ ይግንዘብ። ሓዱሽ ወለዶ ኣብ ፍልጠት ማእከል ዝገበረ ዓለምለኻዊ ውድድር ንክህልዎም ናይ መንግስቲ ፍሉይ ትኹረት ከምዘድሊ ይኣምን። ፖሊሲ ትምህርትና ኩሎም ሕፃናት ት/ቲ ብናፃ ናይ ምምሃር መሰል ዘለዎም ኮይኑ ወለዲ ደቆም ናይ ምምሃር ግዴታ ከምዘለዎም ንከፈልጡ ይግበር። ናይ ሃገርና ኢኮኖሚ ዓቅሚ ብዘገናዘበ መልክዑ ብዘይ ምንም ናይ ኢኮኖሚ ተፅዕኖ እቲ ዝመሃርዎ ት/ቲ ንሃገርና ዘለዎ ትርጉም ኣብ ግምት ብምእታው ይቕረፅ።ናይ ት/ቲ ፅሬት ኣብ ዝኮነ ይኹን ኩነታት ንዋጋ ዕዳጋ ኣይቀርብን። ብመንግስቲ ዝወሃብ ናይ ት/ቲ ፅሬት ምጉዳል ውፅኢት ኣብ ሃገር ዘስዕቦ ጉድኣት ማእከል ዝገበረ ትኩረት ጥራሕ ከይኮነስ ኣብ ትሑት መነባብሮ ዝነብሩ ዜጋታት ካብ ትውልዲ ናብ ትውልዲ ህይወቶም ንከማሓይሹ ዝገብር ኣካይዳ እንትከውን ኣብ መንጎ ድኻን ኣብ መንጎ ሃፍታምን ዘሎ ኣፈላላይ ካብ ትውልዲ ናብ ትውልዲ ዝከይድ ሓደገኛ ፀረ ማዕርነትን ማሕበራዊ ማሕነቆ (ማሕለኻ) ምዃኑ ብምርዳእ ነዚ መዕኑይ ዝገብር ዝርዝር ፖሊሲ ይቕረፅ። ዘይስሩዕ ዘይኮነ ት/ቲ ንዓበይቲ ብምስፍሕፋሕ ት/ቲ ከይረከቡ ዝሓለፉ ዜጋታት ኣብ መነባብሮኦም ለውጢ ንከምፅኡን ውፅኢታዊን ዝሓሸ ምህርቲ ብዝረኽብሉ ኣገባብ ይቅረፅ። ቅድመ ስሩዕ ት/ቲ መዋዕለ ህፃናት ሓዊሱ ኣብ ኩሎም ከባቢታት ክልልናን ሃገርናን ዝወሃበሉ ዝርዝር ፖሊሲ ይወፅእ። ፅሬት ት/ቲ ንምሕላው በቢ ብርኩ ብመንግስቲ ብነፃ ዝወሃብ ት/ቲ ከምዘሎ ኮይኑ ኣብዚ ተወሳኺ ዓቕሚ ኢኮኖሚ ዜጋታት ይስራሕ።



ምልክት መረፃ ዓዴፓ

ካብ ዩኒቨርስቲ ተመሪቖም ዝወፁ ተምሃሮ ድሕረ ምረቃ ብዝህብዎ ማሕበራዊ ግልጋሎት ዝሸፍነሉ ኩነታት ይመቻቹ። ንፅሬት ት/ቲ ናይ መምህራን ኩለ መደያዊ ፍልጠት ወሳኒ ስለዝኾነ መምህራን ናይ ምምሃር ክብሪ ዝረኽቡ ብክእለቶም፣ ብሰነ ምግባሮም፣ ብስልጠናን ዝረከቡዎ ማዓርግ ኮይኑ ናይ መምህራን መነባብሮ ከመሓይሽ ዝክእል እኹል ደሞዝን ጥቕማ ጥቕምን ብዝረኽቡሉ መልክዕ ዝተቓነየ ፖሊሲ ይቕረፅ። ፅሬት ት/ቲ ብዝተማልአ መልክዑ ሰብ ሃፍቲ ኣብ ት/ቲ ተሳትፎ ንክገብሩ ናይ ፖሊሲ ድጋፍይግበረሎም።

**ግልጋሎት ጥዕና ብዝምልከት፡-** ጥዕናኡ ዝተማልአ ዜጋ ንልምዓት ዘለዎ ኣስተዋፅኦ ኣዝዩ ልዑል ምዃኑ ኣብ ግምት ብምእታው ዜጋታት ኣብ ኩሉ ብርኪ ናይ ጥዕና ኣገልግሎት ንኽረኽቡ ምስራሕ የድሊ። እኖታትን ህፃናትን ዝደልይዎ ናይ ጥዕና ኣገልግሎት ኣብ ከባቢኦም ንኽረኽቡ ግዴታ እዩ። ወፃኢታት ዝቅንስን ተበፃሕን ናይ ጥዕና ኣገልግሎት ንኩሎም ዜጋታት ንምብፃሕ መንግስቲ ሓላፍነት ክዋፃእ ኣለዎ ብዝብል መሰረት ብምግባር ዝርዝር ናይ ጥዕና ፖሊሲ ይወፅእ። ከጋጥም ዝክእል ሕማም ኣቐዲምካ ምክልኻል መሰረት ዝገበረ ንብዙሓት ናይ ገጠርን ከተማን ተበፃሒ ዝኾነ ናይ ጥዕና ራእይ ይህሉ።ካብ ምክልካል ቀፂሉ ዜጋታት ብቐሊሉን ብሕሳር ዋጋን መድሓኒት ንዝረከቡሎም ሕማማት ኣብ ገዘኦምን በቢቁሸቱን እናተሳቐዩ ዝነብሩሉ ዘመን ዝቕይር ናይ ንሕሙማት ብቀሊሉን ብፍጥነትን ክበፅሕ ዝክእል ናይ መጀመርያ ረደኤት ሕክምና ምስፍሕፋሕ። ጥዕና ግልጋሎት ምስፍሕፋሕን ንኩሉ ተበፃሒ ክኸውን ኣብ ዝግበረ ፃዕሪ ናይ ውልቀ በዓል ሃፍቲ ደረጅኡ ዝሓለወ ግልጋሎት ጥዕና ንክህሉ ኣድላይ ድጋፍ ይግበረሎም። ብፍላይ ብሕክምና ኣገልግሎት ድኽመት ኣብ ውሽጢ ዓዲ ሕክምና ስኢኖም ብዙሕ ወፃኢ ኣውፅኦም ናብ ወፃኢ ዓዲ ከይዶም ዝሕከሙ ዜጋታት ኣብ ዓዶም ብትሑት ወፃኢ ዝሕከሙሉ ባይታ ምችው ኣብ ምግባር ናይ ሰብ ሃፍቲ ኣስተዋፅኦ ዕዙዝ ስለዝኾነ ሞያዊን ናይ ገንዘብ ዓቕሚ ዘለዎም ዜጋታት ዘመናዊ ናይ ውልቀ ሆስፒታላት ሃኒፆም ግልጋሎት ሕክምና ንክህቡ ድጋፍ ይግበረሎም።

**መሰረተ ልምዓት ብዝምልከት፡-** መሰረተ ልምዓት መሳለጢ ልምዓትን ኢኮኖሚን ጥራሕ ከይኮነስ ልዑል ናይ ስራሕ ዕድል ዝፈጥር ዘፈር ኢኮኖሚ እዩ። ዝኾነ ይኹን ናይ መሰረተ ልምዓት ስራሕ ብናይ ውሽጢ ዓዲ በዓል ሃፍቲ፣ በዓል ሞያታት፣ ብናይ ሃገርና ሰራሕተኛታት ኣብ ውሽጢ ዓዲ ብዝፈርዩ ኣቑሑት ዝስረሐሉ ኣገባብ ምምችቻው። ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዓቕሚ ንምዕባይ ዝተፈላለዩ ኣድላይ ድጋፋት ብምግባር ብልዑል ፅሬት ዝፍፀም ይኸውን። ዝተፈላለዩ ናይ ሃገርናን ክልልናን ከባቢታት ተመጣጣኒ ዝኾነ ናይ መሰረተ ልምዓት ምስፍሕፋሕ ሽፍን ንክረኽቡ ብመሰረተ ልምዓት መርበብ ንክተኣሳሰሩ ዝገብር ኣብ ፅንዓት ዝተደረኸ ናይ መሰረተ ልምዓት ፖሊሲ ተግባራዊ ይከውን። ናይ ትራንስፖርት፣ ኮሙኒኬሽን፣ ናይ ማይን ፈሳስን ከምኡ እውን ዝርገሐ ኤሌክትሪክ ብዝምልከት ምስ መነባብሮ ሕ/ሰብ ተመጣጣኒ ዝኮነ ኣውቶቡሳት ክሳብ ጣቢያ ኣገልግሎት ዝህብሉ ኣካይዳ ምኽታልን። ምስ ካልኦት ክልላትን ምስ ኣዲስ ኣበባ ምስ ካልኦት ጎረባብቲ ሃገራት ኣፍሪካ ምስ ኤረትራ፣ ሱዳንን ካልኦት ዘራኽብ ናይ ባቡር መስመር ምስራሕ ልዑል ትኩረት ተዋህብዎ ዝስራሕ ኮይኑ ናይ ባዕለን መዕረፊ ነፈርቲ ዘይብለን ዓበይቲ ከተማታት ክልልና ከም ዓዲ ግራት፣ ማይጨው ሽረን ናይ ባዕለን ዘመናዊ መዕረፊ ነፈርቲ ንክህልወን ፍሉይ ፖሊሲ ተቐሪፁ ተግባራዊ ይኸውን። ኣብ ዘመናዊ ዓለም ግልጋሎት ኤሌክትሪክ ካብ ምንም ንላዕሊ ንሕ/ሰብ ዘርፊ ብዙሕ ግልጋሎት ዝውዕል ስለዝኾነ ምስ ግድብ ተከዘ ዝመጣጠና ሓይሊ መመንጨውቲ 2ተ ግድባት ብምውሳኽ ተበፃሕነት ሓይሊ መብራህቲ ካብ ጣብያታት ሓሊፉ ኣብ ሕድሕድ ናይ ሓረስታይ ገዛ ንክኣቱ ብዕቱብ ይስራሕ።

**ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ብዝምልከት፡-** ዓዴፓ ንደቂ ኣንስትዮ ዘግለለ ዝኾነ ይኹን ፖሊሲ ተግባራዊ ከምዘይከውን ይኣምን። ብፍላይ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፖለቲካ ምስታፍ ብዙሓት ረብሓታት ስለዘለዎ ደቂ ኣንስትዮ ዘካተተ ፖሊሲ ምቕራፅ ዘለዎ ዕዙዝ ኣስተዋፅኦ ብዝግባእ ንግንዘብ። ብናይ ባዕለን ድሌት ተወዲበን መሰለን ዘኽብራሉ ባይታ ምችው ንክኸውን ይግበር። ማሕበራዊ ውሕስና ዘድሊየን ደቂ ኣንስትዩ ብፍሉይ ተወዲበን ዝንቀሳቀሳሉ መስርሕ የተኣታቱ። ትምህርቲ ንማዕረ ተሳትፎ ዘለዎ እጃም ልዑል ስለዝኾነ ንደቂ ኣንስትዮ ካብ ት/ቲ ዘትርፍ ማሕበራዊን፣ ኢኮኖሚያውን ማሕንቆታት ብምፍታሕ ዘላቒ ረብሓ ደቂ ኣንስትዮ ዘረጋግፅ ፖሊሲ ይቕረፅ። ሐዚ ዘሎ ተሳትፎ ፖለቲካ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ማሕበራዊ ፀገማት ዝብገስ ስለዝኾነ እቲ ፀገም ዝፍተሐሉ ማሕበራዊ መሰረት ንክህሉ ብምስራሕ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኣመ ራርሓ ክብ ንክብል ፍሉይ ቆላሕታ ተዋሂቡዎ ፖሊሲ ይቕረፀሉ።

**መናእሰይ ብዝምልከት፡-** ኣብ ሃገርናን ክልልና ዝረአ ዘሎ ስእነት ስራሕ መናእሰይ ንምትራፍ ሃገርና ዘለዋ ሃፍቲ ብኣግባቡ ክትጥቀም ብዘይምክኣላ ዝመፀ ፀገም እዩ። እዚ ንሃገር ተረካብን ንሃገር ዕቤት ቁልፊ ዝኾነ ናይ መናእሰይ ሓይሊ ብፍሉይ ተረባሒ ዝገብር ኣብ ገጠር ይኹን ኣብ ከተማ ዘሎ ናይ ስራሕ ዕድል ተፀኒዑ ብፍላይ መናእሰይ ክልልና ናይ መንግስቲ ስራሕ ተፀበይቲ ጥራሕ ካብ ምኳን ሓሊፎም ናይ ባዕሎም ናይ ስራሕ ዕድል ዝፈጠረሉ ፍሉይ ፖሊሲ ብምቕራፅ ንመናእሰይ ኩለመዳያዊ ድጋፍ ይግበረሎም።

**ኣርትን ሳይንስን ቴክኖሎጂ ብዝምልከት፡-** ዓዴፓ ኪነ ጥበብ ኣርት ሳይንስን ቴክኖሎጂ ከምኡእውን ስፖርት ንክስፍሕፋሕን ንክዓብን ኣብ ስርዓተ ትምህርቲ ውሽጢ ተኻቲቶም ንክምዕብሉ ይገብር። ኣብዚ ሳይንስን ቴክኖሎጂን ንዕቤትኢኮኖሚን ተበፃሕነት ሓበሬታ ዘለዎ ልዑል ግደ ኣብ ግምት ብምእታው ዝርገሐ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ናብ ኩለን ጣብያታት ክልልና ንክባፃሕ ብፅሬትን ጥልቀትን ብልዑል ትኩረት ናይ ምዝማን ስራሕ ይስራሕ። ኪነ ጥበብን ኣርትን ናይ ሕ/ሰብና ባህሊ፣ ትውፍትን ጅግንነትን ጎሊሁ ንክወፅእ ልምዓት ንምስላጥ ዘለዎም ዑዙዝ ኣስተዋፅኦ ኣብ ግምት ብምእታው ናይ ባዕሉ ፖሊሲ ተቀሪፁሉ ይስራሕ። ስፖርት መንእሰይ ብኣካልን ኣእምሮን ጠንኪሮም ንክወፁን ኣብ ዓበይቲ ናይ ዓለም መድረኻት ሽም ሃገርና ብፅቡቕ ምስሊ ንክፍለጥ ካብ ምግባር ሓልፉ ብዝግባእ ፖሊሲ ተቐሪፅሉ እንትተሰሪሑ ሓደ ናይ ልምዓት ዘርፊ ስለዝኾነ ምስ ካልእ ዘርፊ ከይተሓወሰ ስፖርት ባዕሉ ዝኸኣለ ቢሮ ወይ ኮሚሽን ኮይኑ ንክካየድ ፍሉይ ቆላሕታ ተዋሂቡዎ ፖሊሲ ተቐሪፅሉ ይስራሕ።

**ማሕበራዊ ዋስትና ብዝምልከት፡-** ማሕበራዊ ውሕስና ንሕ/ሰብ ምሃብ ናይ ሓደ ሃገር ግዴታ ምዃኑ ብምእማን፣ ዜጋታት እዚ ኣሰራርሓ ተግባራዊ ንምግባር ዘኽእል ተመጣጣኒ መዋጮ ብድሌቶም ንከዋፅኡ ይግበር። ብድሌቶም ዘዋፅእዎ መዋጮ መሰረት ብምግባር መሰሎም ዝሕልዉሉ ስርዓት ይትከል። ማሕበራዊ ውሕስና ዘድልዮም ዜጋታት ምስ ዕቤት ኢኮኖሚ እናተገናዘበ በቢ እዋኑ መስተኻኸሊ እናተገበረሉ ይኸይድ። ሐዚ ኣብ ተግባር ውዒሉ ዝርከብ ማሕበራዊ ውሕስና ናይ መንግስቲ ሰራ ሕተኛታት ገንዘብ ኣዋፅኦም ምንም ተረባሕቲ ዘይገ ብሮም፣ ግልፅነትን ተሓታትነትን ዘይብሉ ኣካይዳ ስለዝኾነ ዜጋታት ባዕሎም ዘዋፅእዎ ገንዘብ ባዕሎም ብዝመረፅዎም ሰባት እናተመርሐ ካብ ምንም ኣድ ልዎ ዘይብሉ ነፃ ዝኾነ ንሕ/ሰብ ተረባሒ ዝገብር ማሕበራዊ ውሕስና ስርዓት ይህሉ። ኩሎም ዜጋታት ብማዕረ ዝርብሑሉን ናይ ባዕሉ መለለዪ ዘለዎ ማሕ በራዊ ውሕስና ንክህልዎም ዘክእል ተሓታትነት ዘለዎ ማሕበራዊ ውሕስና ይምስረት።

## ምውርራስ ክልቲኡ ወያነ ...

### ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ክፀንሕ ተገደደ። መሰረት ቃልሲ ካልኣይ ወያነ ኮይኑ መሰል ዓርሰ ውሳነ ክሳዕ ምንፃል ብሄራትን ብሄረሰባትን ኣረጋጊፁ። ሰላም፣ ልምዓትን ዴሞክራስን 27 ዓመታት እዛ ሃገር ባይታ ድማ ዘንፀፈ ምኳኑ ተወካሊት እቲ ቤት ፅሕፈት ገሊፀን።

ብተግባር ተፈቲኑ ለውጢ ዘምፀአ ስርዓት ፌደራል ነቒሎም፣ ብቃልሲ ዝተቀበረ ኣሃዳውነት ሃገር ክብትኑን ኣሃዳዊ ውልቀ መላኺ ጉጅለን ሰዓብቱን ዘካይድዎ ዘለዉ ዓገርገር፣ ምስ ካልኦት ብሄር ብሄረሰባት ተጠሚርና ኩሉ መዳያዊ መኸተ ኣሐይልና ልክዖም ክነትሕዞም ይግባእ ኢለን ወ/ሮ ጀንበር ሓድጉ።

ህዝቢ ትግራይ ነዚ ንምትግባር ውሽጣዊ ሓድነቱ ኣጠናኺሩ ፣ ሰላማዊ፣ ነፃ፣ ግልፂ፣ ኣሳታፊ ደሞክራስያዊ፣ ሕጋዊን ተኣማንን መረፃ ንምስላጥ ናውቱ፣ ገንዘቡን ሂወቱን እናወፈየ ዛጊድ ንመረፃ ውዕዉዕ ተሳትፎ ባዕሉ ብሕራነ ከቲቱ ይምዝገብ ኣሎ። ህዝብና ሎም'ውን ከም ትማሊ ፀላእቱ ብኹሉ መዳያዊ መኸተ ንክስዕሮም ኣብ ምርብራብ ይርከብ ድማ ኢለን ተወካሊት ቤት ፅሕፈት ደቡባዊ ዞባ፡፡

ኣብ መወዳእታ ወ/ሮ ጀምበር ሓድጉ ዳርጋ ኩለን ወረዳታት ንዝኸሪ መበል ሻምናይ ዓመት መራሒና ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ፣ ፈልሲ ብምትካልን ጥዋፍ ብምብራህን ሌጋሲኡ ንምትግባር ዳግም ቃል ኣትየን። እንተኾነ ሕማም ቫይረስ ኮረና ንምክልኻል ምትእኽኻብ ዝንክን ዘትርፍን ኩሉ መማረፂ ምጥቃም ብምኳኑ 6ይ ክልላዊ መረፃና ሙሉእ ክኸውን ኣብ ኩሎም ግንባራት መኸተ ብዕቱብ ክንሰርሓሉ ኢና ኢለን።

## ኣብ ትግራይ ልዕሊ 38 ቢልዮን ...

### ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ስራሕ ክፈጥሩ እዮም ተባሂሉ ትፅቢት ከም ዝግበረሎም እቶም ኮምሽነር ኮምሽን ኢንቨስትመንትን ሰደድን ትግራይ ኢንጀነር ኣበበ ግርማይ ገሊፆም።

ኮምሽነር ኢንጅነር ኣበበ ግርማይ ምንቅስቓስ ኢንቨስትመንት ኣመልኪቶም ምስ ጋዜጣ መቓልሕ ትግራይ ኣብ ዝገበርዎ ቃለ መሕትት፤ 2012 በጀት ዓመት ኣብ ዝተፈላለዩ ከተማታትን ወረዳታት ዝርከብ ልዕሊ 600 ሄክታር መሬት ናብ ባንኪ መሬት ኣታዊ ተገይሩ። ካብዚ ድማ 59 ሄክታር መሬት ክልላዊ ረብሓ ንዘለዎም ፕሮጀክትታት ብምንፃር ንሰብ ሃፍቲ ከም ዝተመሓላለፈ ገሊፆም፡፡

ከም ኣገላልፃ ኢንጅነር ኣበበ፤ ሕዚ ተሓታትነት ዘለዎ፣ ግልፅነትን ቕልጡፉን ዝኾነ ሃወሃህባ መሬት እናተተግበረ ይርከብ። ቕድም ክብል ዝነበረ ከይዲ ኣወሃህባ መሬት ኢንቨስትመንት ልዕሊ 10 ኣብያተ ፅሕፈት ዝዘዋወረሉን ቢሮክራሲ ዘለዎን ነይሩ። ሕዚ ግና እቲ ዝበረ ዝተሓላለኸ ቢሮክራሲ ብምቕራፍ ሕቶ ኢንቨስትመንት ኣብ ሓፂር እዋን ዘሳልጠሉ ኩነታት ተፈጢሩ።

ከተማታትን ወረዳታትን ብስራሕቲ ኢንቨስትመንት ዕብየተን ዘሳልጣሉ ኩነታት ከም ዘሎን ነበርተን ድማ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ተረባሕቲ ከም ዝኾኑ እቶም ኮምሽነር ገሊፆም። ኢንቨስትመንት ኣብ ምስላጥ ልምዓት፣ ምፍጣር ዕድል ስራሕን ህንፀት መሰረት ልምዓትን ዝለዓለ ብፅሒት ስለዘለዎ ሰብ ሃፍቲ እንትመፁ ንማሕበራዊ ግልጋሎት ዝህብዎ ትኹረት ኣብ ግምት ብምእታው ይስራሕ ኣሎ ። እዙይ ብምኽንያት ኢንቨስትመንት ዝለዓሉ ገባራት'ውን ብዘይ ውድድር መሬት ክረኽቡ ካብ ምግባር ብተወሳኺ ኣብቲ ኢንቨስትመንት ዕድል ስራሕ ንክረኽቡ ትኹረት ተገይሩ ይስራሕ ምህላዉ ኢንጅነር ኣበበ ግርማይ ኣረዲኦም፡፡

ኣብ ትግራይ ብርክት ዝበሉ ሃፍተ ገነት ብምህላዎም፣ ሰብ ሃፍቲ በቲ ሕዚ ዘሎ ኣሰራርሓ ተጠቒሞም ኣብ ክልሎም ኣብ ዝመረፅዎን ዘዋፅኦምን ኢንቨስትመንት መዋእለ ነዋዮም ብምዉፋይ ንባዕሎምን ህዝቦምን ዘርብሕ ኩነታት ከምዝተማዓራረየ እቶም ኮምሽነር ኣፍሊጦም። ብፍላይ በዓል ፍሉይ ረብሓ ዘረጋግፅ፣ ልዕሊ 500 ሚልዮን ብር መዋእለ ነዋይ ዘለዎምን ኣስታት 1000 ዕድል ስራሕ ክፈጥሩ ዝኽእሉን ኢንቨስተራት ኣብ ዝኾነ እዋን ብዘይውድድር ዝተኣናገድሉ ምኳኖም ፈሊጦም ፕሮጀክት ሒዞም ንክመፁ ኮምሽነር ኣበበ ግርማይ ፀዊዖም፡፡

## ከይዲ መረፃ ትግራይ፣ ... ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ፀላእቲ ዝብልዎ ዘይኮነስ ህዝቢ ትግራይ ኣብ መሰል ዓርሰ ውሳንኡ ዘለዎ ኣመለኻኽታ ኣዝዩ ዝለዓለ እዩ ኢሎም ።

ምዝገባ መረፃ ትግራይ ሰላሙ ሓልዩ ብናህሪ ክሳለጥ ዝኸኣለ እዩ ዝበሉ ኮምሽነር ሙሉወርቅ፣ ህዝቢ ትግራይ ብዝኾነ ሓይሊ ምፍርራሕ ይኹን ኩሉ ዓይነት ፀቕጢ ይሃሉ ድልየቱን ባህጉን ኣሕሊፉ ዘይህብን ብፅንዓት ዝቃለስን ምኳኑ ብጋህዲ ዘርኣየሉ እዩ። ሕራነን ወነን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝኾነ ኩርናዕ ዓለም ንዘሎ ህዝቢ እውን ዘርኢ እዩ። ህዝቢ ትግራይ መረፃ ክካየድ ኣለዎ ኢሉ እንትለዓል፣ መንግስቲ ትግራይ ድማ ከተግብሮ ኣለኒ ኢሉ ብውሕሉልን ዝሰልጠነን ኣገባብ ክካየድ ዘይተሓለለ ፃዕሪ ገይሩ።እዙይ ድማ ነቶም መረፃ ትግራይ ክሳለጥ፣ ድልየትን ባህግን ዘይብሎም ሓይ ልታት ዝሓፍርሉን ሕቖኦም ዝጉዘይሉን ፖለቲካዊ ትርጉም ክህልዎ ይኽእል እዩ ኢሎም ኮሚሽነር ኮሚሽን መረፃ ትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ።

ኮምሽነር ሙሉወርቅ፣ ትግራይ ተካይዶ ዘላ ሰላማዊ፣ ነፃ፣ ግልፂ፣ ኣሳታፋይ፣ ፍትሓዊ ዲሞክራስያዊ፣ ሕጋውን ተኣማኒን መረፃ ፈተውቲ ይኹኑ ፀላእቲ ክመሃርሉን ክኣምንሉን ዝኽእሉ ዓብዪ ተግባር እዩ። ኣብዚ መረፃ ተነሓናሕቲ ፖለቲካዊ ዉድባት ትግራይ፣ ዝገብርዎ ዘለዉ ስል ጡንን ውሕሉልን ኣካይዳ ክትዓት፣ ኣብ ዝሰልጠነ ዓለም እኳ ክትግበር ዘይተርኣየ ጭውነት ዝተመልኦ ኣካይዳ ከም ዝኾነ እቶም ኮምሽነር ኣብሪሆም።

ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዘካይዶ ታሪኻዊ መረፃ ፣ ህዝቢ ባዕሉ ክመርሓኒ ይኽእል እዩ ኢሉ ዝኣመነሉ ብነፃን ዲሞክራስያውን መንገዲ ዝወከሎ እምበር፣ ብምድንጋር ናብ ስልጣን ዝድይብ ሓይሊ ክገዝኦ ከም ዘይኽእል ዘረጋግፀሉ ታሪኻዊ መረፃ ከምዝኸውን ኮሚሽነር ሙሉወርቅ ዘለዎም እምነት ገሊፆም።6ይ ክልላዊ መረፃ ንምዕዛብ ድሌት ዘለዎም ካብ ዝተፈላለዩ ኩርናዓት ዓለም፣ ካብ ጎረባብቲ ሃገራት፣ ኣብ ውሽጢ ክልልን ሃገርን ዝርከቡ ዓለም ለኻዊ ዉድባትን መራ ኸብቲ ሓፋሽን ከምኡ እውን ስቪክ ማሕበራትን ድልየት ዘለዎም ውልቀ ሰባትን ንኽዕዘቡ ፃውዒት ተገይሩ። ዛጊድ ፃውዒት ካብ ዝተገበረሎም ድሌት ዘለዎም ኣካላት ኣወንታዊ ምላሽ ከምዝሃቡ ኮሚሽነር ሙሉወርቅ ገሊፆም።

ኣብቲ ከይዲ መረፃ ተዓዚብቲ ናብ ትግራይ መፂኦም ምዕዛቦም ትግራይ ተካይዶ ዘላ መረፃ ዓለም ለኻዊ ስርዓት ተኸቲላን ንኻልኦት መርኣያ ብዝኾነን መረፃ ምኪያዳ ንዓለም ምስክርነቶም ክህብሉ ይኽእሉ ክብሉ እቶም ኮሚሽነር ሓቢሮም። እዚ እውን ትግራይ ትሰርሖ ዘላ ስራሕ ተሸፊኑ ከይተርፍ፣ ከምተን ምስ ኣሃዳዊ ሓይሊ ወጊነን ንህዝቢ ትግራይ ዘፀልምኦ ዘለዋ መራኸብቲ ሓፋሽ ዘይኮነስ፣ እቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ እንታይ ምኳኑ ብኣካል መፂኦም ብምርኣይ ንህዝ ብታት ዓለም ክፍልጡን ክምስክሩን ሓደ ምኽንያት ከም ዝኾነ እውን ኮሚሽነር እቲ ኮሚሽን ኣረዲኦም።

ኣብ መወዳእታ «እዚ ብብዙሕ ተፃብኦታት ተኸቢብና እነካይዶ ዘለና ታሪኻዊ መረፃ ብዝኾነ ይኹን ሓይሊ ከይተዓናቐፍ፣ ፀጥታ ሓይሊ ትግራይ፣ መንእሰይ ትግራይ፣ ብኣውርኡ ድማ ህዝቢ ትግራይ፣ ካብ ልሙድ ምንቅስቓስ ወፃኢ፣ ንሰላምን መረፃን ትግራይ ከተዓናቕፍ ንዝፍትን ኣካል፣ ካብ ዝኾነ እዋን ብዝበለፀ ብንቕሓት ከባቢኡ ቆጺሑ ኮይኑ ክሕሉ ይግባእ» ኢሎም ኮሚሽነር ሙሉወርቅ ኪዳነማርያም።

## ህዝቢ ትግራይ ካርዲ መረፃ ... ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ኣብ ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ክልል ትግራይ መተሓባበሪ ኬዝ ቲም ምልዕዓል ሕ/ሰብን ምስጓም ጥዕናን ኣይተ ነጋሲ ገ/መስቀል፤ ኣብ ክልል ትግራይ መረፃ ንምክያድ ህዝቢ ድምፂ መውሃቢ ካርዲ እንትወስድ ርሕቀቱ ሓሊዉን መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ብስርዓት ተጠቒሙ እዩ። ኣብ ሜላ መከላኸሊ ቫይረስ ኮሮና ዝሓሸ ግንዛበ ከምዘለዎ ዝተርኣየሉን እቲ ጥንቃቐ ኣብ ኩሉ ምንቅስቓስ ቀፃልነት ብዘለዎ ኣገባብ ክትግብር ከምዘለዎ እቶም መተሓባበሪ ኣተሓሳሲቦም።

ድምፂ መውሃቢ መዓልቲ ሓንቲ ብምኳናን ህዝቢ ብበዝሒ ክተኣካከበሉ ዝክእል ዕድል ክፍጠር ስለዝኽእል ኣብ እዋን መድማፅ ኣድላይ ዘይኮነ ምቅርራብ ክህልዎ ኣይግባእን ክብሉ ኣይተ ነጋሲ ኣተሓሳሲቦም።

በብናቁጣታት መረፃ መናእሰይ ተወዲቦም ህዝቢ ካብቲ ሕማም ንምክልካል ርሕቀቱ ሓልዩ ሪጋ ክሕዝን ክመርፅን ክገብሩ ይግባእ። ብሓፈሻ ኩሉ መራፃይ ሓደገኝነት ቫይረስ ኮሮና ኣብ ግምት ብምእታው በብክልተ ሜትሮ ርሒቑ ሪጋ ብምሓዝ ድምፁ ክህብ ከምዝግባእ እቶም መተሓባበሪ ኬት ቲም ኣገንዚቦም።

ዜጋታት ጥዕነኦም ሕልዉ ንምግባር ካብ ገዛ ክወፁ ከለዉ ብኣግባቡ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ምጥቃም፣ ኢድን ሓበራዊ ናውትታት በብእዋኑ ምሕፃብ፣ ናብ እንዳ ሻህን ቡንን፣ እንዳ መስተ፣ ኣብያተ ብልዕን ካልኦትን እንትከዱ ድማ ልዑል ጥንቃቐ ምግባር ከምዝግባእ ኣይተ ነጋሲ ኣተሓሳሲቦም።

ኣብ ትግራይ ብቫይረስ ኮሮና ዝጥቅዑ ቁፅሪ ወገናት በብእዋኑ ይውክክ ኣሎ። ዝርጋሐ እቲ ቫይረስ ኣብ ዘለዎ ደው ክብል እንተኮይኑ፣ ዝምልከቶም ኣካላትን ህዝብን ብሓባር ኢድ ንኢድ ተተሓሒዞም ብምክልኻል፣ ንባዕሎምን ህዝቦምን ይሕግዙ ዘለዉ ምኳኖም እቶም ኣተሓባባሪ ኣረዲኦም።

## ሰሙናዊ መልእኽቲ ቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይ

### በብምዕራፍ ፣ ሓዱሽ ታሪኽ ምምዝጋብ ባህሉ ዝገበረ፣ ህዝብና ሒዝና ንቕድሚት ክንምርሽ ኢና!!

ሕገ-መንግስትን፣ ናይ ሕጊ ልዕልናን ንኽበር፣ ሉኣላዊ ስልጣን ህዝቢ ክረጋፅ፣ ኩለ መዳያዊ መስ ዋእትነት ዝኸፈለ ህዝቢ ትግራይ፣ ሕማም ኮረና ቫይረስ እናተኸላኸለ፣ መረፃ ካርዲ ምውሳድ ጥራሕ ከይኮነስ፣ 6ይ ክልላዊ መረፃና፣ ሰላማዊ፣ ነፃ፣ ግልፂ፣ ኣሳታፊ፣ ዲሞክራሲያዊ፣ ሕጋዊን ተኣማኒን ኮይኑ ንኽዛዘም ዝገብሮ ዘሎ ንቑሕ ተሳትፎ፣ ህዝብና ድሌቱ እንታይ ምዃኑ ንፈታዊን ፀላኢን ብጋህዲ ኣርእዩ ኣሎ። በዚ ኣጋጣሚ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝተሰመዖ ክብሪ ዝለዓለ ምዃኑ ይገልፅ።

ካብዚ ብተወሳኺ ክብርታት ህዝቢ ትግራይ ተላቢሱ፣ ኣብ መንጎ ተናሓናሕቲ ፓርቲታት፣ ዝተጀመረ መድረኽ ክትዕ ብምጥንኻር፣ 6ይ ክልላዊ መረፃና ሕግን ስርዓትን ተኸቲሉ ክዛዘም፣ ተናሓናሕቲ ፓርቲታት፣ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ህዝቢ ትግራይን፣ ኣብ ታሪክ ትግራይ ዓብይ ቦታ ክሕዝ እዩ ጥራሕ ከይኮነስ፣ ተምሳሌት ንካልኦት ህዝብታትን ማሕበረሰብ ዓለም ዝገብርን ብዓይነቱ ፍሉይ ፍፃመን እዩ። ብድማር እቲ ዝርከብ ውፅኢት ዲሞክራሲና ዓሚቑ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ከምእምኒዓረ ኣጠናኺሩ ምስሊ ክልልና ኣብ ዓለም ብኣወንታ ክረኣይ ዝገብር እዩ።

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ፣ 6ይ ክልላዊ መረፃና፣ ህዝቢ ትግራይ ቅድሚ 29 ዓመት ብደሙን ኣዕፅምቱን ዝረጋገፆ መሰል ዓርሰ ውሳንኡ፣ ዳግም ብመረፃ ካርዱ ዘረጋግፀሉ ዓብይ ውራይ ምዃኑ ኣሚኑ፣ ዓቕሙ ብዘፍቐደሉ፣ ብሚልዮናት ዝቖፀር ገንዘብን ንዋትን መዲቡ ኣሎ። ብምዃኑ ኮሚሽን መረፃ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዛጊድ፣ ንሓሙሽቲኦን (5ኦም) ተናሓናሕቲ ውድባት ብጥረ ገንዘብ ብር 15 ሚልዮን ኣከፋፊሉ ኣሎ። ብንዋት ንምድጋፍ ድማ ኣድላይ ዘበለ ምድላዋት ወጊኑ ኣሎ።

ብሓፂሩ ህዝቢ ትግራይ 6ይ ክልላዊ መረፅኡ መግለፂ መሰል ዓርሰ ውሳንኡ ምዃኑ ብእምነት ጨቢጡ ብህልኽን ወነን ይንቀሳቐስ ኣሎ። ብምዃኑ ዛጊድ ልዕሊ 2 ነጥቢ 6 ሚልዮን መረፃይ ተመዝጊቡ ካርዲ ወሲዱ ኣሎ። ብድማር እዚ ዓብይ ታሪኻዊ ፍፃመ ንፈተውቲ ትግራይ እንተሐብን፣ ብኣንፃሩ ንኣሃዳዊ ውልቀ መላኺ ጉጅለን መሻርኽቱን ከም ኡዉን ቅርሺ ኣስኒቑ ዝለኣኾም ባንዳታት፣ ስሚ ኮይንዎም ኣሎ።

ህዝቢ ትግራይ መኸተ መረፃና ብዝተትሓዘሉ ሰደቓ ብግቡእ ምስ ምፍፃም ጎናጎኒ ኣብ ካልኦት ዓበይቲ ግንባራት መከተ'ውን ዘይተሓለለ ፃዕሪ ይገብር ኣሎ። ኮረና ቫይረስ ኣብ ምምካት መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫ (ማስክ) ኣብ ምግባር ዝተወሰነ ምምሕያሻታት ኣሎ። እንተኾነ ሸለል መለል ይገድድ ዳ ኣሎ እምበር ኣይቀነሰን። ሕሉፍ ሓሊፉ፣ ኣብ መቐለ ሕጊ ብምጥሓስ፣ መርዓ፣ ክርስትና፣ ፀበል፣ ምስላጥን እቲ ዝዓበየ ብጣዕሚ ሓደገኛ ድማ ሰባት ድሒኖም ይወፁ ኣለዉ፣ ዝብል ኮረና ቫይረስ ኣቅሊልካ ምርኣይ ኣተሓሳስባ ይንፀባረቕ ኣሎ። እንተኾነ ግን ቅድሚ ክልተ ኣዋርሕ ትሕቲ ዓሰርተ ሰባት ኮረና ቫይረስ ተረኺብዎም ዝበሃል ዝነበረ ዜና፣ ሎሚ ኣብ ትግራይ በብመዓልቱ ግዳይ እቱ ሕማም ዝኾኑ ሰባት ቑፅሪ ብኣማኢት ይውሰኽ ኣሎ። ሰለዚ ብኸምዚ እንተቐፂልና ኣደዳ ኣሃዳዊ ውልቀ መላኺ ጉጅለ ንኸውን ከምዘለና ሕድ ሕድና ክንግንዘብን ክንኸላኸልን ይግባእ።

ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ብፍላይ ቐልዑ ኣሸንዳ "ንምክልኻል ኮረና ኣሸንዳና ኣብ ገዛና" ዝብል ጭርሖ ተሓንጊጠን፣ ኣብ ገዘአን ብመንፈስ ተሃዲሰን፣ መረፃና ንምዕዋት ዝገበረኦን ይገብረኦ ዘለዋ ምንቅስቓስ ዝነኣድ ኮይኑ፣ ኣብ ካልኦት ግንባራት መኸተ ከምዝደግሞኦ ድማ፣ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንፃት እውን ኣይጠራጠርን። ብቐንዱ ግና ሓረስታይ ትግራይ ክራማት ፀንቒቑ ንምጥቃም ብደረጃ ክልል 1 ነጥቢ 3 ሚልዮን ሄክታር ብዘራእቲ ንምሽፋን ካብ ዝተትሓዘ ዛጊድ 1 ነጥቢ 2 ሚልዮን ሄክታር ብምዉጋኑ ሎሚ ዘበን ዘራእቲ 43 ሚኢታዊ ዝሸፈነ ምሽላ ፅቡቕ ሒዙ ከምዘሎ ቢሮ ልምዓትን ሕርሻን ትግራይ ገሊፁ ኣሎ።

ይኹን ዳእምበር ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ትግራይ፣ ዝተፈላለዩ ባልዓት ሓዊስካ፣ ብፍላይ ዕስለ ኣንበጣ ብምእታዉ፣ ክሳብ ሐዚ ኣብ ዞባ ደቡብ፣ ደቡብ ምብራቕን ምብራቕን ዝርከባ 10 ወረዳታትን 33 ጣብያታትን ሸፊኑ ኣሎ። እዚ ዕስለ ናብ ካልኦት ከባቢታት ትግራይ ክኣትው ይኽእል ዩ።

እቲ ዕስለ ንምምካት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ፣ ዓቕሙ ብዘፍቐደሉ መከላኸሊ ማለት ኬሚካላት ሓዊስካ ዝተፈላለዩ እታወታትን መሳር ሒታትን ኣዳልዩ እቲ ዕስለ ንምክልኻል ኣብ ኩለን ዞባ ታት በብደረጅኡ ዘሎ ኣመራርሓ፣ ምልሻ፣ ፍሉይ ሓይሊ ትግራይን፣ ብቐንዱ መንእሰይናን ንዝገበርዎ ዘለዉ ፃዕሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ምስጋንኡ የቕርብ። እንተኾነ ግና እዚ ሎሚ ትግራይ ወሪሩ ዘሎ ዕስለ ኣንበጣ፣ እንተደኣ ብገንኡ ዘይተኸላኸልናዮ ዘብፅሖ ጥፍኣት ብጣዕሚ ከቢድ እዩ። ሰለዚ ህዝብና ብፍላይ መንእሰይ ትግራይ ተወዲቡ ዕስለ ኣንበጣ ክምክቶ፣ መንግስታዉን ዘይመንግስታዉን ትካላት ከምኡ ዉን ሰብሃፍትን ማሕበረሰብ ንግድን ትግራይ ድማ ዝተዋደደ ድጋፍ ክትገብሩ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ፃዊዒቱ የቕርብ።

ኣብ መወዳእታ መኸተ መረፃ ትግራት ብወያናይ ህልኽን ወነን ካብ ምፍፃም ንድሕሪት ዘይብል፣ በብም ዕራፉ ሓዱሽ ታሪኽ ምምዝጋብ ታሪኽ ዝገበረ፣ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ሒዚ ዉን ኣብ ኩሎም ግንባራት መኸተ ተወዲብና ድርብ ድርብርብ ዓወታት እናሓፈስና ንቕድሚት ንመርሽ።

**ዓወት ን6ይ ክልላዊ መረፃ!**
**ቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይ**
**መቐለ: 22 ነሓሰ 2012 ዓ.ም**

## ዞባ ሰ/ምዕራብ

**... ካብ ገፅ 11 ዝዞረ**

ኸሳሲ ዞባ ሰ/ምዕ/ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ 1. ኣይተ ፀጋይ ብርሃነ መኮነን ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ዘይሕጋዊ ንግዲ ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኽኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 04/01/13 ዓ/ም ሰዓት 3ተ ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ ከተማ ሽረ**

ኸሳሲ ዞበ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ 1.ኣይተ ንጉስ ብርሃነ ወ/ኣረጋይ ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ሓሰት ገንዘብ ዝውውር ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኽኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 05/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ ከተማ ሽረ**

ኸሳሲ ዞበ ሰ/ምዕ/ዓ/ሕጊ፣ ተኸሰስቲ 1.ኣይተ ሰመረ ግርማይ ተ/ኣብ ፣ 2.ኣይተ ክብሮም መኮነን ወ/ስላሴ ፣ 3.ኣይተ ሓጎስ ገ/ዋህድ ታ/ኣብ ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ እምባጓሮ ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይ ኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኽኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 20/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት**
**ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ከተማ ሽረ**

ኸሳሲ ዞባ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ምሕረት ኣብ ፍቓድ ማህደር ኣብ መንጎ ብዘሎ ብናይ ትሕቲ ዕድመ ርክብ ግ/ስጋ ምፍፃም ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኽኣልኩም ነዚ ምል ክታ ሪኢኹም ንዕለት 8/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእ/ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ፀለምቲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ማ/ይ ቤት ፍርዲ ዞባ ሰ/ም/ፀ/ ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዞባ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሰስቲ ሄኖክ ነጋ ተወልደ ኣ/ሻ ወ/ፀ/ጣ/ዓ/ሐፋሽ መ/ስደተኛታት ፣ ደጀን ተ/ብርሃን ከሰተ ወ/ፀ/ጣ/ዓ/ሐፋሽ መ/ስደተኛታት ኣብ መንጎ ብዘሎ ብናይ ፈተነ ከ/ቅትለት ክሲ መሰረት ተኸሰስቲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኽኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ንዕለት 08/01/13 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእ/ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ፀለምቲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ሰ/ምዕራብ**
**ፀለምቲ ምድብ መጋባእያ**

# ፀጋይትን ሰሳኒትን ገስጋሲት ዋዕሮ


ብመ/ር ግደይ ሓጎስ

ደቂ ኣንስትዮ ብሰንኪ ዝሓለፉ ዓመፅቲ ስርዓታትን ድሑራት ኣተሓሳስባታትን ከም ዜጋ ዘይቑፀራሉ እዋን ሓሊፉ። ብዙሕ በደላትን ግፍዕ ታትን ኣብ ልዕሊኤን እናተፈፀመ ጠበቓ ኮይኑ ዝወሓሰን ስርዓትስ ይትረፍ እቲ ዝወለደን ወላዲ ባዕሉ ብሰንኪ እቲ ዝነበረ ድሕረት ምስቲ ወዲ ተባዕታይ ውላዱ ማዕረ ኣይሪኤንን ነይሩ። ሕልፍ ሓሊፉ ኣብኣተን ዝነበሮ ኣረኣእያ ክንደየናይ ዝወረደ ከምዝነበረ «ጓል ምውላድ ጉድ ምውላድ» ዝብል ግፍዓዊ ዘረባ እውን ይዝረብ ከምዝነበረ ምዝካር ይከኣል። ሎሚ ግና ሳላ መሪር ተጋድሎ ህዝቢ ትግራይን ብዝበለፀ ድማ ሳላ ቃልሰንን ብዝተተኸለ ዲሞክራስያዊ ሕገ መንግስቲ መሰለንን ተጠቃምነተንን ተረጋጊፁ። ካብ ድንቁርናን ድሕረትን ተናጊፈን፤ ካብ ማጀት ወፂኤን ኣብ ኩለመዳይ መድረኻት ማዕረ ወዲ ተባዕታይ ተሳተፍትን ተጠቀምትን ኮይነን። ኣብ ዙርያ ኩለመዳይ ልምዓት እናመረሻ እውን ይርከባ።

ተጠቃምነተን ምሉእ ንምሉእ ንምርግጋፅ ማሕበረን ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ በቢ ከባቢኡ ጨንፈራቱ ብምስፍሕፋሕ ኣብ ጎነን ኮይኑ ዘድልዩ ዘበሉ ደገፋትን ክትትልን እናገበረ ናብ ዝለዓለ ብርኪ ተሰጋጊረን ተጠቃምነተን ዘስፋሕፍሓሉ ምቹው ባይታ እናማዓራረየ ይርከብ። እቲ ማሕበር ብሞራልን ትምህርትን ብምድጋፍ ኩለን ደቂ ኣንስትዮ ተጠቃምነተን ንከረጋግፃ ዝከኣሎ ስራሕ እናበርከተ ከም ዝርከብ ሓላፊት ቤት ፅሕፈት ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ወረዳ ዓድዋ ወ/ሮ ለታይ ብርሃነ ይገልፃ። ነዚ ኣብነት እትኾነና ኣብቲ ወረዳ ብኩለመዳይ ስራሕታ መርኣያ ዝኾነት ሓንቲ ንእስቲ ክነላልየኩም።

ኣብ ወረዳ ዓድዋ ጣብያ ማርያም ሸዊቶ ነባሪት ዝኾነት ወ/ሮ መድህን ሓጎስ ትበሃል ። መራሒት ስድራ ኮይና ብስርሓ መርኣያ ኩለን ደቂ ኣንስትዮ እያ። እዛ መራሒት ስድራ ንእስቲ ድሕረ ባይትኣ እንታይ ከም ዝመስል ሓቲትናያ ንሳ ካብ 1ይ-6ይ ክፍሊ ኣብ ማርያም ሸዊቶ ምሉእ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተማሂራ። ብምቕፃል ካብ 7ይ-10ይ ክፍሊ ኣብ ንግስተ ሳባ ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተኸታቲላ ። ብትምህርታ ብጣዕሚ ንፍዕቲ ተምሃሪት ከም ዝነበረት ትዛረብ። ይኹን እምበር ኣብ'ቲ እዋን ሓብሓቢት ወላዲታ ስለዝነበረት፣ 10ይ ክፍሊ ምስ ወደአት ትምህርታ ክትቅፅል ኣይካኣለትን። መድህን ትምህርታ ዋላ ኣይትቐፅል እምበር፣ ዝሓስብ ኣእምሮን ብልሕን ስለ ዝወነነት፣ ምስ ድኽነት ተመዓራርያ ክትነብር ኣይመረፀትን።

ኩሉ ዓቕማ ፀንቂቓ ኣብ ስራሕቲ ልምዓት መስኖን ምርባሕ እንስሳን በርቲዓ ክትሰርሕ ወሰነት። ብተወሳኺ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት መሬታ እናወፈረት ትጥቀም ዝነበረት እንትትኸውን፣ ካብ'ቲ መሬታ ትረኽቦ ዝነበረት እዉን ዝጠቅብ ብዘይምንባሩ ኣብዚ እቶ ዝበሃል ኣይኮነን ነይሩ ትብል። መሬታ ካብ ትዉፍርቲ ክተውፅእ ከም ዘለዋ ምስ ቤተሰባ ተዛተየት። መሬታ ባዕላ ምሕራስ ዘዋፅኣ ከም ዝኾነ ብምእማን፣ ከመይ ከም እትሓርስ ተመኩሮታት ብምትእኽኻብ ናብ ተግባር ኣተወት። መሳርዓ ረጊፃ እውን ምሕራስ ጀመረት። ዘበናዊ ድኽዒን ናይተን እተራብሐን ዘላ እንሰሳን ድኽዒ ብምጥቃም፣ መሬታ ብምልስላስ ካብቲ ደቂ ተባዕትዮ ዝሓርስዎን ዝውንንዎን መሬት ብዘይ ንኣኣስ ባዕላ እንዳሓረሰት ተጠቃሚት ከም ዝኾነት ብኣንደበታ ትገልፅ ።



ወ/ሮ መድህን ካብ ትውፍርቲ ነፃ ኣውፂኣ ባዕላ ዝወነነቶ ምህርቲ



መድህን ወጊድ ድሕረትን ድኽነትን ብምባል፣ እንተሰሪሐ ዘይልወጠሉ ምኽንያት ኣይህሉን ኢላ ብምውሳን፣ መጀመርታ ብናይ ጉልበት ስራሕ ሰሪሓ ብዘዋህለለቶ ገንዘብን ካብ ፍትሓዊ ልቓሕ 800 ብር ብምውፃእን ሓንቲ ላሕሚ ገዚኣት። ካብ'ታ ላሕሚ ብዝረኸበቶ ፀባን ውፅኢት ፀባን እናዋለደት ምስራሕ ጀመረት። እታ ላሕሚ ዝወለደቶም ገሊኦም ንባዕላ ገሊኦም ድማ እናሸጠት ብዙሓት ማሕለኻታት እናተሳገረት ናብቲ ዝሓሸ ህይወት ከም ዝተሰጋገረት ትዛረብ። ብኸምዚ ዓይነት መንገዲ ተበጊሳ እያ እምበኣር ገዛ ዘይነበራ ገዛ፣ ፀባ ላሕሚ፣ ዝሕረሱ ኣብዕርን ካብ 15 ዘይንእሳ ጤለበጊዕን ብምጥራይ ካብ ተፀባይነት ዘናግፍ ስራሕ ብምስራሕ ኣብ ዝሓሸ ህይወት ትርከብ።

መድህን ኣብ ከባቢኣ ዝሳለጡ ወፍርታት ልምዓት ቅድሚት ተሰሊፉ ንኻልኦት ጎረባብታ እናለዓዓለት ኩለመዳይ ተሳትፎ ትገብር ንእስቲ እውን እያ።ብሉፅ ተመኩሮ ካብ ዘለዎም ሓረስቶት ብምኻድ ተመኩሮ ከም ትካፈል እውን ትገልፅ። ዘለዋ ብሉፅ ተመኩሮ ድማ ንኻልኦት ተካፍል። ምስ ሰብ ሞያ ሕርሻ፣ ጥዕናን ፀጥታን ስጡም ርክብ ብምፍጣር ኣብ ስራሕታ ንዚጋ ጥሙ ዕንቅፋታት ከም እትምክት እውን እያ ትዛረብ።

መድህን ዝኾነ ስራሕ ተባዕታን ኣንስታይን ከምዘይፈሊ ኣፅኒዓ ትኣምን። ከምኡ ዓይነት እምነት እውን የብላን። ወዲ ተባዕታይ ዝሰርሖም ስራሕቲ ጓልተንስተይቲ እውን ከም እትዋፅኦም ትዛረብ። ከምኡ ዓይነት ስብእና ስለዝወነነት ድማ ሓጋይ ምስክረምቲ መሬታ እናቐያየረት ባዕላ ብምሕራስ ቀለባን ቀለብ ስድርኣን ብምኽኣል፣ ተረፍ ቀለባ ዝኾኑ ውፅኢታት መስኖ ኣትክልትን ፍራምረን ድማ ናብ ዕዳጋ ተቐርብ። ብኸምኡ ዘዋህለለቶ ገንዘብ ብምግባር ዕቋር ከም እትዓቁር እውን ትዛረብ። ሕዚ ዘለዋ መጠን ካፒታል ካብቲ ኣብ ስራሕ ዝተዋፈረን ቁም እንሰሳትን ወፃኢ ክንድቲ ዝበሃል ዋላ ኣይኹን እቲ ዋና ቁምነገሩ ክሰርሕ ኣለኒ ብምባል ካብ ባዶ ተበጊሳ ኣብቲ ደረጃ ንሱ ምብፃሕ ነተን ኣብ ሰፍቲኔት ተፀሚደን ኢድ ሰብ እናተፀበያ ዝነበራ ካልኦት ደቂ ኣንስትዮ ዘምህር እዩ።

ሓላፊት ቤት ፅሕፈት ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ወረዳ ዓድዋ ወ/ሮ ለታይ ብርሃነ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ብፍላይ ድማ ኣብ ወ/ሮ መድህን ኣመልኪተን ከምዚ ይብላ። ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝሓለፉ ስርዓታት ተበዲለን እየን። ከም ማንም ሰብ ነፃነተን ተሓልዩ ሰሪሐን ሃፍትን መሬትን ወኒነን ክነብራ ኣይኽእላን ነይረን። ፅግዕተኛ ወዲ ተባዕታይ ኮይነን ክነብራ ተገዲደን ሓሊፈንኦ እየን። ኣብዚ እዋን ግና እቲ ዝነበረ ድሕረትን ፀቕጥን ብሳላ ቃልሰንን ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ፀራሪገን ብምእላይ ልክዕ ከም ካልእ ወዲ ተባዕታይ ሰሪሐን ሃፍቲ ዝውንናሉ ኩነታት ተፈጢሩ። ጓል ኣንስተይቲ ከም ዝኾነ ወዲ ተባዕታይ መሬት ትውንነሉ፣ ሰሪሓ ሃፍቲ ተኻዕብተሉ፣ ተማሂራ ካብ ድንቁርና ትናገፈሉ፣ ምሉእ ነፃነታ ተረጋገፁ ከምድላያ ተንቀሳቒሳ እትሰርሓሉ ሕገ መንግስቲ ብምትካሉ እንሆ ከም ወ/ሮ መድህን ዝበላ ዋዕሮታት ፈርየን ይርከባ ይብላ።

ቤት ፅሕፈት ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ እቲ ወረዳ እውን ንዝተጎድኣ ደቂ ኣንስትዮ ምሕጋዝ ጥራሕ ዘይኮነስ ኩለን ደቂ ኣንስትዮ ካብ ዝኾነ ይኹን መፅቐጥቲ ወፂአን ኣብ ኩለመዳያዊ ልምዓታዊ ስራሕቲ ተዋፊረን ተጠቀምቲ ዝኾናሉ መንገዲ እናመዓራረየን እናተባብዐን ናብ ዝለዓለ ብርኪ ዝበፅሓሉን ተጠቃምነተን ዘረጋግፃሉን ኩነታት ኣብ ምሕጋዝ ብስፍሓት ከም ዝሰርሕ ይገልፃ። ስለዝኾነ ይብላ ወ/ሮ ለታይ መድህንን ከም መድህን ዝበላ ብዙሓት ጠንካራታት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ውፅኢታዊ ልምዓታዊ ስራሕ ተዋፊረን ህይወተንን ህይወት ስድርአንን ዝለወጣ ከምዘለዋ ይዛረባ።

ወ/ሮ መድህን ከምቲ በዓላ ዝበለቶ ተማሃሪት እንከላ ኣትሒዛ በዓልቲ ራእይ ከምዝነበረት ዝገለፃ ወ/ሮ ለታይ እቲ ሐዚ በፂሓቶ ዘላ ብርኪ ንክትበፅሕ ዝኸኣለት እውን ካብቲ ዝነበራ ራእይ ከምዝኾነ ይገልፃ። መድህን ኣብ ዝጀመረቶን ዝሓሰበቶን ስራሕ ብትብዓትን ተስፋ ብዘይምቑራፅን እትሰርሕ መርኣያ ኩለን ደቂ ኣንስትዮ ከምዝኾነትን ይገልፃ። ቤት ፅሕፈት ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ከምዚኤን ዝበላ ዋዕሮታት፣ ዕርፊ ጨቢጠን ከም ወዲ ተባዕታይ ዝሓርሳ ተባዓት ንኻልኦት ኣብ ገዛ ተዓፅየን ንፋስ ዘይረኽባ ደቂ ኣንስትዮ መምህራን ስለዝኾና፣ ካብ ምድጋፍን ምትብብዕን ሓሊፉ መረጋገፂ ጅግንነተን ዝኾነ ምስክር ከምዝሃበን ይሕብራ።

ከም ኣገላልፃ እተን ሓላፊት ወ/ሮ መድህን ኣብ'ዚ እዋን ካብ ሃፍቲ እንስሳ ብተወሳኺ ኣብ ሓፂር እዋን ውፅኢታዊ ንምኧን ኣብ ልምዓት መስኖ እናዓመመት ቀዋሚ ተኽሊ ብምትካል፣ ኣብ እግሪ እግሪ እቶም ቐወምቲ ተኽልታት ካልኦት ኣናእሽተይ ተኽልታትን ኣሕምልትን ብምትካል እናሰርሐት እትርከብ ። ዘለዋ ኣረኣእያ ዝላዓለ ስለ ዝኾነ ቐዋሚ ተኽሊ እውን እናራብሐት ዝሓሸ ትርፊ ንምርካብ እናሰርሐት ከምዝኾነት ይዛረባ። ብኸምዚ ዓይነት ስራሕ መዓንጥኣ ሸጥ ኣቢላ ብምስራሕ ድማ ደቃ እናምሃረት ወለዳ እውን እናሓብሓበት ከምዝኾነት ወሲኸን ይገልፃ።

መድህን ግዜኣ ብዝግባእ ትጥቀም። ብዘይኮነ ምኽንያት ግዜ ክተባኽን ኣይትፈቅድን። በዚ መሰረት ካልኦት ደቂ ኣንስዮ ኣሰር እዛ ፃዕራም ምስ ድኽነት ግብግብ ገጢማ ኣብ መነባብሮኣ ለውጢ ዘምፀአት ገስጋሲት ዋዕሮ ልምዓት መርኣያ ፅንዓት ዝኾነት መንእሰይ ክስዕባ መልእኽትና እዩ።

... ካብ ገፅ 13 ዝዞረ

ቅድሚ ቆፀሮ ዕለት 14/01/13 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ኣብ ዘሎ ጊዜ ካብ ከተማ ዓዲግራት ወረዳ ቤት ፍርዲ ወሲድኩም ተረዲእኹም ኣብቲ ዝተጠቐሰ ቆፀሮ ዕለትን ሰዓትን ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ክውሰን ከተማ ዓዲግራት ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ከተማ ዓዲግራት ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሰስቲ 1ይ ኣይተ ፃድቕ ገብረ መለስ ወረዳ ኣፅቢ ጣብያ ድባብ ዓኮሬን ቁሸት ዓዲ ጋፉፍ ፣ 2ይ ኣይተ ሸሻይ መብራህቱ ገብረሚካኤል ወረዳ ኣፅቢ ጣብያ ድባብ ዓኮሬን ቁሸት ዓዲ ጋፉፍ ፣ 3ይ ኣይተ ነጋሲ ኣበርሃ ፃድቕ ወረዳ ኣፅቢ ጣብያ ድባብ ዓኮሬን ቁሸት ዓዲ ጋፉፍ ኣብ ሞንጎ ዘሎ ኣብ ናይ ሰብ ኣካል ከቢድ ጉድኣት ምብፃሕ ተኸሰስቲ ንዕለት 08/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ወረዳ ወንበርታ ቤት ፍርዲ ቀሪብኹም ጉዳይኹም ንኽ ትከታሉ እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ከምዝረአ ወንበርታ ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወንበርታ ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ዳናይ ፀጋይ ይግዛው ኣ/ሻ ወ/ብዘት ጣብያ ስምረት ቁሸት ተዋህዶ ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ፈተነ ኣገዲድኻ ምድፋር ገበን ክሲ ክርክር ፖሊስ ብኣድራሻኹም ብተደጋጋሚ ኣልሹ ክረኽበኩም ስለ ዘይኸኣለ ሐዚ ንዕለት 21/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ብዘት ወረዳ ቤት ፍርዲ ቕረቡ እንተዘይቀሪብኩም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኴኑ ብዘት ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ብዘት ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ 1.ኣይተ ኣከቦም ልኡል ገ/ሄር ሞንጎ ብዛዕባ ዘሎ ናይ ከቢድ ኣካል መጉዳእቲ ዝብል ገበን ክሲ ቀሪብልኩም ኣብ ኣድራሻኹም ተኣሊሽኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 20/1/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ወረዳ ጉሎምኻዳ ዛላንበሳ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተብሃለ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኺኑ ናይ ዛላንበሳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ጉሎ መኸዳ ቤት ፍርዲ ዛላንበሳ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ እዮብ ሓድጉ እንዳለው ኣ/ሻ ወረዳ ብዘት ጣብያ ዓ/ቅነይ ቁሸት ፃዓዲያ መንጎ ብዘሎ ከቢድ /ኣካል ጉ/ት ገበን ክሲ ክርክር ተኸሳሲ ክትቐርቡ ፖሊስ ብኣድራሻኹም ብተደጋጋሚ ኣልሹ ክረኽበኩም ስለ ዘይኸኣለ ሐዚ ንዕለት 21/1/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ተቆፂሩ ስለ ዘሎ ናብ ብዘት ወረዳ ቤት ፍርዲ ቅረቡ እንተዘ ይቀ ሪብኩም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኳኑ ብዘት ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ብዘት ቤት ፍርዲ**

## ዞባ ማእኸል

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ 1.ኣይተ መንሱር በሪሁ ኑርሑሴን መንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ስርቂ ክሲ ተኸሳሲ ተደሊኹም ክትርከቡ ስለ ዘይኸ ኣልኩም ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም ክትቐርቡ ስለ ዘይኸኣልኩምን ንዕለት 7/1/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናይ ክሲ መዝገብኹም ናብ ዝርከበሉ ቤት ፍርዲ ወረዳ እንትጬ ንኽትቐርቡ ክትቐርቡ እንተ ዘይኸኢልኩም ግን ኣብ ልዕሌኹም ዝቐረበ ክሲ ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኳኑ ነፍልፐ ክብል ቤት ፍርዲ ወረዳ እንትጬ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ እንትጮ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ጎደፉ ወ/ኣብዝጊ ወ/ህላሰ ኣድራሻ ወ/ታ/ማይጨው ጣብያ ማይ ዓፅሚ ብዝተኸሰስኩምሉ ገበን ክትራን ዝብል ተደጋጋሚ ትእዛዝ ወፂልኹም ኣብ ኣድራሻኹም ክትርከቡ ስለ ዘይኸኣልኩም ንዕለት 4/13/2012 ዓ/ም ሰዓት 8ተ ንክትቐርቡ ወ/እ/ማርያም ም/መጋ/ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ እንዳማርያም ምድብ መጋባእያ ቤት ፍርዲ**

## ጨረታ

ኣፈ/ከሳሲ ደደቢት ማ/ፋይናንስ ጨንፈር ከተማ ዓ/ዓዲ፣ ኣፈ/ተኸሳሲ 1.ኣይተ ተክላይ ወለሃወርያ ግደይ ኣብ መንጎ ኣብ ዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክርክር ጉዳይ ኣመልኪቱ ነዚ ናይ መፈፀሚ ዝተተሓዘት ናይ ኣፈ/ተኸሳሲ ንብረት ዝኾነት ባጃጅ ትግ-01-13020 ኣቱል ዝዓይነታ ንዕዳ መኽፈሊ ብመበገሲ ዋጋ 129903.26 /ሓደ ሚኢትን ዒስራን ትሽዓተን ሽሕን ትሽዓተ ሚኢትን ሰለስተን ዒስራን ሽድሽተን ሳንቲም / ብጨረታ ክትሸወጥ ስለ ዝተወሰነ ክጫረት ዝደሊ እንተሃልዩ ንዕለት 03/02/2013 ዓ/ም ካብ 3፡00 ሰዓት ክሳብ 6፡00 ኣብ ዘሎ ግዜ ኣብ ናይ ኣፈ/ከሳሲ ትካል ተረኺብኩም ንክትጫረቱ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓ/ዓዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ከተማ ዓብይ ዓዲ ቤት ፍርዲ**

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሰስቲ 1ይ ኣማኒኤል ሰሎሙን ፣ 2ይ ፈርቱና ሰለሙን ፣ 3ይ ሮቤል ሰለሙን ፣ 4ይ ተስፋኣለም ሰለሙን ፣ 5ይ ራህዋ ሰለሙን ጠበቃ ኤፍሬም

ኣፈ/ተኸሳሲት ወ/ሮ ኣስካለ ፍሰሃ ወኪል መ/ር ኣረፋይነ ኪ/ማርያም ኣብ መጎ ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክትዕ ብሽም ከሰስቲ ዝፍለጥ ኣብ ከተማ ዓድዋ ቀበሌ ደብርቺ ዝርከብ ገዛን ቦታን መዋሰኒኡ ብምብራቕ ኪ/ማርያም ኣንበሳ ብምዕራብ ብርሃነ ሓረጎት ብሰሜን መንገዲ ብደቡብ ኣብረሃ ቡጡል 256 ሜ/ካሬ ዝኾነ - ክፍሊ ገዛ ዘለዎ ክጫረት ዝደሊ

1.ናይ ጨረታ መበገሲ ዋጋ ብር 445492.49 / ኣርባዕተ ሚኢትን ኣርባዓን ሓሙሽተን ሽሕን ኣርባዕተ ሚኢትን ቴስዓን ክልተን ምስ 49/100 /

2.ናይ ጨረታ ምኽንያት ውርሲ ሃፍቲ ክፍፍል

3.ናይ ጨረታ ኣሸናፊ ምስ ተፈለጠ ሽዑ 25% ናይ ዘሸነፎ ዝኸፍል ምኳኑ ጠቕሊሉ ድማ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ጠቕሊሉ ዝኸፍል

4.እዚ ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ 30 መዓልትታት ኣብ ኣየር ምስ ፀንሐ ዝጫረት ሰብ ኣብቲ ጨረታ ክቐርብ ኣለዎ ፣

5.ጨረታ ዝካየደሉ ብግልፂ ጨረታ

6.ጨረታ ዝካየደሉ ቦታ ኣብቲ ዝጫረት ንብረት ዝርከበሉ ቦታ ምኳኑ

7.ጨረታ ዝካየደሉ ዕለት 28/01/2013 ዓ/ም ካብ ሰዓት 4፡00 ክሳብ 6፡30

8.ውፅኢት ጨረታ ዝቐርበሉ ዕለት 28/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ዓድዋ ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዝቐርብ ምኳኑ ፣

9.ቤት ፍርዲ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ እዚ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰል ዝተሓለወ እዩ።

**ዓድዋ ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ወ/ቐይሕ ተኸሊ ፍትሒ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ፀጋዛኣብ ኣርኣያ የዕብዮ ኣ/ሻ ወ/ቐ/ተኸሊ ጣብያ ደ/ኣታክልቲ ቁሸት ተኣሚና ብዝተኸሰስክምሉ ገበን ከቢድ ስርቂ ክሲ ንምሰማዕ ንዕለት 21/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ንጉሆ ናብ ወረዳ ቐ/ተኸሊ ቤት ፍርዲ ቅረቡ እንተዘየቐሪብኩም ግና ጉዳይኩም ናይ ክሲ ምስማዕ ተሓሊፉ ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኳኑ ነፍልፐ ክብል ወረዳ ቐ/ተኸሊ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቐ/ተኸሊ ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ 1. ኣይተ ገ/ሂወት ገ/ስላሴ ፍሰሃ ኣ/ሻ ወረዳ ወ/ለኸ ጣብያ ዘብነጋ ነባሪ ዝኾንኩም ኣብ ሞንጎኹም ብዘሎ ኣካል ጉድኣት ምብፃሕ ገበን ክሲ ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 11/1/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ማይ ቅነጣል ንኽትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኳኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ማይ ቅነጣል ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ 1. ኣይተ ሓየሎም ገ/ሂወት ሐጎስ ኣ/ሻ ወረዳ ወ/ለኸ ጣብያ ዘብነጋ ቁሸት መቓራት ነባሪ ዝኾንኩም ኣብ ሞንጎኹም ብዘሎ ኣካል ጉድኣት ምብፃሕ ገበን ክሲ ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 19/1/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡30 ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ማይ ቅነጣል ንኽትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኳኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ማይ ቅነጣል ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ 1. ተምሃራይ ሓየሎም ገ/ሂወት ሓጎስ ኣ/ሻ ወረዳ ማ/ቅነጣል ጣብያ ዘበነገ ቁሸት መቓራት ነባሪ ዝኾንኩም ኣብ ሞንጎኹም ብዘሎ ከቢድ ስርቂ ገበን ክሲ ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 15/1/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ማይ ቅነጣል ንኽትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኳኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ማይ ቅነጣል ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ 1. ኣይተ ፍፁም ሃይለ ትኩእ ኣ/ሻ ወ/ኣሕፈሮም ጣብያ ከተማ እንትጬ ነባሪ ዝኾንኩም ኣብ ሞንጎኹም ብዘሎ ከቢድ ስርቂ ገበን ክሲ ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 12/1/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ማይ ቅነጣል ንኽትቐርቡ እንተ ዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኳኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ማይ ቅነጣል ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ 1. ኣይተ ተኽለኣብ ሙሉ ዘርኣይ ኣ/ሻ ወ/ከተማ ዓድዋ ጣብያ ቀበሌ 01 ቀጠና 01 ነባሪ ዝኾንኩም ኣብ ሞንጎኹም ብዘሎ ከቢድ ስርቂ ገበን ክሲ ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 12/1/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ማይ ቅነጣል ንኽትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኳኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ማይ ቅነጣል ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ 1. ኣይተ ኤርሚያስ በየነ ለማ ኣ/ሻ ወ/ከተማ ዓድዋ ጣብያ ቀበሌ 09 ቀጠና 03 ነባሪ ዝኾንኩም ኣብ ሞንጎኹም ብዘሎ ከቢድ ስርቂ ገበን ክሲ ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 12/1/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ማይ ቅነጣል ንኽትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኳኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ማይ ቅነጣል ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲት ወ/ሮ ማሾ ገ/መድህን ገ/ሄር ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ድራር መዝገበ ይግዛው ኣብ ዘሎ ናይ ሓዳር ፍትሕ ክሲ ተኸሳሲ ኣብ ኣድራሻኹም ክትርከቡ ስለ ዘይኸኣልኩም መልስኹም ምስ መርትዖታት ብ3ተ ኮፒ ኣዳሊኹም ንዕለት 05/13/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኳኑ እንትጮ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ እንትጮ ቤት ፍርዲ**

## ዞባ ሰ/ምዕራብ

ከሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሰስቲ 1.ኣይተ ኣማሓዳሪ ሓዱሽ ኣድ/ወ/ላ/ኣድያቦ ጣብያ ዘላዝለ ቁሸት ዘላዝለ ፣ 2.ኣይተ ተስፋይ ብርሃነ ኣድ/ወ/ላ/ኣድያቦ ጣብያ ዘላዝለ ቁሸት ማይ ተኳሉ ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ክርክር ተኸሰስቲ ብትእዛዝ መሰረት ስለ ዘይቀረብኩም ንዕለት 14/1/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ወረዳ ላ/ኣድያቦ ምድብ መጋባእያ ዓዲ ዳዕሮ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ጉዳ ይኹም ብዘየለኹምሉ ዝውሰን ምኳኑ ቤት ፍርዲ ዓዲ ዳዕሮ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ዓዲ ዳዕሮ ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ከሳሲ ወ/ላ/ኣድያቦ ፍትሒ ቤት ፅሕፈት ዓዲ ዳዕሮ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ሃፍቶም ታደሰ ደስታ ኣድ/ወ/ላ/ኣድያቦ ጣብያ ዘላዝለ ቁሸት ማይ ተኳሉ ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ገበን ክርክር ተኸሳሲ ብትእዛዝ መሰረት ስለ ዘይቀረብኩም ንዕለት 1/13/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኳኑ ምድብ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ዓዲ ዳዕሮ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ዓዲ ዳዕሮ ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ከሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ቢኒያም ሃፍቶም ኣድ/ወ/ላ/ኣድያቦ ጣብያ ጎድፈይ ቁሸት ጎዱፈይ ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ገበን ክርክር ገ/ሕ/ዓ/555(ለ) ተኸሳሲ ኣብ ኣድራሻኹም ስለ ዝተሰኣንኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ንዕለት 11/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ወረዳ ላ/ኣድያቦ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዓዲ ዳዕሮ ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራ እዩ ዝውሰን ምኳኑ ቤት ፍርዲ ዓዲ ዳዕሮ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ዓዲ ዳዕሮ ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ከሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ዓንደይ በርሀ ኣድ/ወ/ላ/ኣድያቦ ጣብያ ሕብረት ቁሸት እንዳ ማርያም ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ገበን ክርክር ሕጊ ዓንቀፅ 32(1) ምስ 555(ለ) ብምትሕልላፍ ኮይኑ ተኸሳሲ ብትእዛዝ መሰረት ስለ ዘይቀረብኩም ንዕለት 12/1/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኳኑ ነፍልፐ ክብል ቤት ፍርዲ ዓዲ ዳዕሮ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ዓዲ ዳዕሮ ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲት ኣብርሀት ተ/ብርሃን፣ ተኸሳሲ ኣይተ ገ/ወት ኣማረ ኣገዶም /ወ/ላ/ኣድያቦ ጣብያ ከ/ዓዲ ዳዕሮ ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ሓዳር ስንብትን ቀለብ ቆልዓን ክርክር ተኸሳሲ ኣብ ኣድራሻኹም ስለ ዝተሰኣንኩም ነዚ ምልክታ እዚ ሪኢኹም ንዕለት 13/1/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተ ዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኳኑ ቤት ፍርዲ ዓዲ ዳዕሮ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ዓዲ ዳዕሮ ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዞበ ሰ/ምዕ/ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ 1. ኣማንኤል ነጋሽ ገ/መድህን ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ፈተነ ተራ ቅትለት ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 05/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኳኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ከተማ ሽረ**

ኸሳሲ ዞበ ሰ/ምዕ/ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ 1.ኣይተ ገ/ሄር ተኽላይ ተስፋይ ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ምዕማፅ ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክት ከታተሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢ ኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 12/01/13 ዓ/ም ሰዓት 8ተ ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየ ለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኳኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ከተማ ሽረ**

ናብ ገፅ 9 ይዘውር ...




# ማህደረ ቅያ

ኣብ ተጋድሎ፣ ጅግንነትን ታሪኽን ህዝብና ዘድህበ ዓምዲ


# ንወለዶ ዝሓልፍ ቅያ

**ብተሻለ ገ/እግዚኣብሄር**

ተጋዳላይ ሃይለ ፈጊ ጉለ፣ ኣብ ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ፣ ጣብያ ለምለም ይነብር። ተወላዲ ብሄረሰብ ኩናማ እዩ። ኣብ 1972 ዓ.ም ኣፅረጋ ናብ ዝተብሃለ ቦታ ታዕሊም ወሪዱ ተዓሊሙ ምስ ወፀ ብቐጥታ ናብ ሓይልታት ተፀምቢሩ።

ንሱ ካብ ዝዋዓለሉ ዓውዲ ውግእ፣ ዘይዋዓለሉ ምቐፃር ይሐይሽ፤ ኣኽሱም፣ ተምቤን፣ ራያ፣ ክልተ ኣውላዕሎ፣ ወልቃይት ንኣብነት እምበር ዘርዚርካ ኣይውዳእን። ብዛዕባ ኣብ ገድሊ ዘሕለፎ ህይወት ዝስዕብ ታሪኽ የዘንቱ።

ነቶም ካልኦት ገዲፍና ኣብ 19 የካቲት 1981 ዓ.ም ብዓይነቱን ብበዝሕን ምስ ዝምካሕ ኮር 604 ዝተኻየደ ውግእ ምጥቃስ ይከኣል። ደርግ ኣብ መወዳእታ 1980 ዓ.ም ናብ ከባቢ ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ምስ ሓፂኑን ሓጨልጨል ታንክታቱን ወሪዱ፤ ፈተነ ወራር ኣካየደ።

«ኣብ ከባቢ ዓዲ ጎዞሞ ሓያል መኸተ ምስገጠሞ ተመሊሱ ሽረ ዓሪዱ። በዝሒ ናይቲ ሰራዊት ከም ወራር ኣምበጣ መሬት ዝኸደነ ነይሩ። ዳሓር ኣብ ከባቢ ሽረ 12 የካቲት እቲ ኲናት ተጀሚሩ። ተጋዳላይ ህወሓት ቀስ እናበለ ናብ ከተማ ሽረ እናተፀግዐን እናፀረገን ከደ። እቲ ውግእ ኣብ ከባቢ 19 የካቲት 1981 ዓ.ም ብዓወት ተጋደልቲ ህወሓት መዕለቢ ረኺቡ» ይብል።

"ኣብቲ እዋን ኣነ መራሒ መስርዕ ነይረ። ሽዑ ዝነበረ ጅግንነት ተጋደልትን ህዝብን ኣዝዩ የሕብን። ንሕና'ውን ምስቲ ሽዑ ዝነበረ ሓይሊ ፀላኢ ብበዝሕን ዓይነት ኣፅዋርን ኣይንመጣጠንን። ግና ህዝቢ እዩ ሓይልና እሞ ህዝቢ ኣሚንና ኢና ሽረ ክንሕዝ ተበጊስና። ከምቲ ዝገመትናዮ ህዝቢ ተሳቲፉሉ ፀላኢ ብዘገርም ኩነታት ስዕረት ተጎልቢቡ ሓመድ ድብ ኣተወ።

ደገፍ ህዝቢ እንተዘይነብር እቲ ኩነታት ከመይ ክኸውን ከም ዝነበረ ንምግላፁ የፀግመለይ እዩ ዝብል ተጋዳላይ ሃይለ፤ «ህዝቢ ሰራሓይ ታሪኽ ሓያል ምዃኑ ቅድሚኡ እፈልጥ ነይረ፤ ብዝበለፀ ግና ሽዑ እየ ኣረጋጊፀ። ብፍላይ ኣብቲ ናይ ሽዑ ኲናት ዝዝከረኒ ብዙሕ ፍፃመታት ኣሎ" ይብል።

«ኣብነት ኣብ ከተማ እንዳስላሴ ዝፃዕፀወ ኲናት ነይሩ። ንሕና ብሸነኽ ምብራቕ ኣቲና። ብፀጋም ኣንፈት ሓደ ጎልጎል ኣሳፊሑ ረፈጥ ኢሉ ኣሎ። ሓደ ጀኔራል ብድሕሬና ታንክታት ጠውዩ ንምጥቃዕ ይፍትን ነይሩ።

ኣብ መወዳእታ ተጠናኺርና ነቲ ፁዕፁዕ ኲናት የሻል ኣቢልና፣ ኣዳኺምና ፀላኢ ተደምሰሰ። ድሕሪኡ ካብ ምምራኽን ሞትን ዝተረፈ ሰራዊት ፀላኢ ታንክታት ኣምሪሑ ንሸነኽ እንዳባጉና ክሃድም ጀመረ። ክሳብ ወልቃይት እግሪ እግሩ እናሳዓብና እቲ ዝድለ ስጉምቲ ወሰድናሉ። ብዘይካ ውሱናት ከም ሰራዊት ዳርጋ ዝሰገረ ኣይነበረን ክባሃል ይካኣል።

"ጅግንነት ህዝቢ ሽረ ኣብኡ ኣየብቀዐን። ኣብ ገዛውቲ፣ ሸንጥሮታት፣ ጎዳጉዲ፣ ኣግራባት፣ ኣብያተ ክርስቲያናትን ካልኦትን ከይ ተረፈ ተሓቢኦም ከምልጡ ዝፈተኑ ተረፍ መረፍ ወታደራት ደርጊ እናኣከበ ናብ ግዚያዊ ማእኸል ምሩኻት ኣምፂኡ ዳጎናዎም።



**ተጋዳላይ ሃይለ ፈጊ**

ብተወሳኺ ገለ ውሑዳት ምስ ዕጥቆም ዝተረፉ ወታደራት ሓደጋታት ከስዕቡ ዝፈተኑ፣ ነቶም ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ተጋደልቲ ሓበሬታ ብምሃብ ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ክውዕሉ ገይሩ ።

ብፍላይ ኣብ ከባቢ እንዳባጉና እዋኑ ነዊሑ ስሞም ንምዝካር የፀግም እዩ እምበር ኣብኡ ዝነበሩ ገባራት ዘይተሓለለ ታሪኽ ሰሪሖም እዮም። እቲ ህዝቢ ማሪኹ ብኢዱ ሒዙ፣ እኽለማይ ኣብሊዑን ኣስትዩን ብስርዓት ነቲ ተጋዳላይ ኣረኪቡዎም እዩ።

እዞም ገባራት ክሳውዲ ዓፅዮም፤ ዘዝመፅአ ዝተበተነ ሰራዊት ደርጊ ብእምንን ብበትርን ደው ክብሉ ብምግባር እናኣኻኸቡ ናብ ተጋደልቲ ኣብ ምርካብ ርኡይ ተራ ነይሩዎም።

እቲ ኣጋጣሚ ሓቂ እዩ። ባህሊ ህወሓት 'ውን ብተዋስኦ መልክዕ 'ብደንጎላ ኮነሬል ማራኺ' ተባሂ ልሉ እዩ። ከምዚ ዓይነት ቅያ ብተግባር ዘጋጠመ መስ ተንክር እዩ። ዋላ ብጥራሕ ኢዶም ተጋድሎ ክፍፅሙ መስዋእቲ ዝኸፈሉ ጀጋኑ ምልሻታትን ሓረስቶትን ብዙሓት ነይሮም።

ካልእ ኩሉ እቲ ህዝቢ ተሓባቢሩ ሙሉእ ዘይጎዶሎ እኽለ ማይ የቐርበልና ነይሩ። እቲ ዘገርም ድማ ዋላ ኣብ ከተማ ሽረ ፀላኢ ኣብ ዝነበረሉ እዋን እቲ ህዝቢ ብዝተፈላለየ መልክዑ ንዓና ካብ ምሕጋዝ ዓዲ ኣይዋዓለን። ሽኮር፣ ላምባዲና፣ በርበረ፣ ሽሮ፣ ካናቲራን ካልእን ንባዕሉ ኣምሲሉ ይሰደልና" ብምባል እቲ ዝሓለፈ መስደመሚ ጅግንነት ተጋደልትን ህዝብን የዘኻኽር።

ተጋዳላይ ሃይለ ፈጊ ኣብ 1978 ዓ.ም ኣብ ከባቢ ደባርቕ ዕሱባት ደርግ ብዝተኮሰዎ ጥይት ኣብ ከባቢ ርእሱ ተወቒዑ። ክሳዕ ሕዚ ዘይወፀ እስኮጀ ኣለዎ። ካልእ መዓልቲ ድማ ኣብ ማእኸላይ ኢትዮጵያ፣ ከባቢ ኣባይ ማለት ኣብ ከተማ ደጀን ኣብ ዝነበረ ውግእ ፀጋማይ ኢዱ ተወቒዑ። ብዝኾነ ኣብ ብርክት ዝበለ ውግእ ተኻፊሉ ብኡ መጠን ሸንጣፍ ወዲ ሸንጣፍ መሊኡ እዩ።

ካብ 1972 ዓ.ም ጀሚሩ ኣብ 1973 ዓ.ም ኣብ ከባቢ ባድመ ምስ ጀብሃ ገጢሙ። ኣብ መወዳእታ 1973 ዓ.ም ንወልቃይት ምስ ዝሰገረት ሓይሊ ከይዱ ሻድሻይ ወራር መኪቱ።

ኣብ 1974 ዓ.ም ፀላኢ ካብ ባዕኸር ንሑመራ ኣንጊሁ ክግስግስ እንተሎ ዝተጀፈወሉ ኣጋጣሚ ነይሩ። እዚ ኩነታት ማዕረ 90 ቃፍላያት (መካይን) ኣብ ዝተማረኻሉ ኲናት ብጅግንነት ተሳቲፉ።

ኣብ 1975 ዓ.ም እውን ኣብ ውሽጢ ወልቃይት ፀላኢ ንሑመራ ክወፅእ ኣብ ዓዲ ጎሹ ኲናት ውዒሉ። ኣብቲ ብርቱዕ ውግእ ተኻፊሉ። ኣብቲ ኣጋጣሚ ተጋዳላይ ሃይለ ምስ ብፆቱ ዓወት ተደሪሩ ዝኣ ተወሉ እዩ።

ተጋዳላይ ሃይለ ፈጊ፣ ብሄረሰብ ኩናማ ምስ ውድቡ ህወሓት ስጡም ረኽቢ ዝነበረሉ ምስጢር እንትገልፅ "ወያነ ካብ ዝፍጠር ኣትሒዙ መሰል ብሄረሰብ ኩናማ ዝሓለወ እዩ፤ ሓብሒቡና፤ ምስ ዓለምና ማዕረ ሰሪዑና፤ ጠፊኡ ዝነበረ መንነትና ዳግማይ ከንሳዕርር ከቢድ መስዋእትን ዋጋን ከፊሉ። እንሄልካ ድማ ከም ህዝቢ መጠን ሃለዋትና ክዕቀብን ክቕፅልን ገይሩ። ብመሰረት እዚ ብሄረሰብ ኩናማ ኣብ ስርዓት ምኒሊኽ፣ ሃይለስላሰን ዋላ ኣብ ደርግ ዓጢቑ ኣይፈልጥን።

ምስ ኢዲዩን ኢህኣፓን ኣብ ዝነበረ ኲናት እዋን ድማ ናብቲ ከባቢ እንትኸዱ ብርቱዕ ተቓውሞ ይገብረሎም ነይሩ። ክቐበሎም ኣይካኣለን። ኣብ ትሕቲ ፅላል ውድቡ ህወሓት ጥራሕ ተዓቕቡ ይነብር፣ ይቃለስን ይዕወትን ነይሩ" ይብል።

ኣብዚ ከይተገለፀ ክሕለፍ ዘይግበኦ ሓደ ጉዳይ ኣሎ። ነባራይ ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ኣብ ወረዳ ቤት ምኽሪ ተወካሊ ብሄረሰብ ኩናማ ዝኾኑ ኣይተ ሳህለ ገራሬ ረኺብና ብዛዕባ ብሄረ ሰብ ኩናማ ኣዘራሪብናዮም ከምዝስዕብ ይብሉ። " ኣብዛሓ ብሄረሰብ ኩናማ ኣብ ከባቢ ሽራሮ ዝሰፈረ እዩ። ኣብ ከባቢ ዓዲ ጎሹን ካልኦትን እውን ይርከብ። ብሄረሰብ ኩናማ ኢድህ እንትድምሰስ ንህወሓት ሓጊዙ ኣብ ምቅላስ ርኡይ ተራ ተፃዊቱ።

ፅኑዓት ጀጋኑ ተጋደልቲ ብሄረሰብ ኩናማ ብዙሓት እዮም። ካብኣቶም ተጋዳላይ ሃይለ ፈጊ ሓደ እዩ። ብዙሕ ጅግንነትን ታሪኽን ዝሰርሐ ተቓላሳይ እዩ። ንሱ ጥራሕ ኣይኮነን ኣብ እዋን ደርጊ ዝተቓለሱ ተወለድቲ ብሄረሰብ ኩናማ ካብቲ ኣብቲ ሽዑ እዋን ዝነበረ በዝሒ ህዝቢ ብሄረሰብ ኩናማ እቶም ሰለስተ ሚኢቲ ተጋዲሎም እዮም።

ካብቶም ሰለስተ ሚኢቲ ዝተጋደሉ እቶም 150 ዝኣኽሉ ተሰዊኦም። ስለዚ ከም ብሄረሰብ ኣብ እዋን ደርጊ'ውን ክሳብ መወዳእታ እቲ ቃልሲ ወለም ዘለም ከይበለ ተቓሊሱ።

ክልተ ደምበ ከይሓዋወሰ ኣብ ጎኒ ውድብ /ህወሓት/ ፀኒዑ ተቓሊሱ። ብምዃኑ ተጋዳላይ ሃይለ ፈጊ ካብቶም ጀጋኑ ተቓለስቲ ሓደ ብምዃኑ ምእንተ ህዝቢ ዝተገበረ ቃልሲ ንሱ ካብ ዝወዓለሉ ዘይወዓለሉ ይውሕድ እንተተበሃለ ምግናን ኣይኮነን" ይብሉ ።

ተጋዳላይ ሃይለ ዝወዓለሎም ቅያ ጅግንነት ካብ ምዝርዛር ነቶም ዘይወዓለሎም ውሑዳት ዓውደ ውግኣት ምዝርዛር ይቐልል። ህዝቢ ኩናማ ከምቲ ኩሉ ትግራዋይ ተሰዊኡን ተዓዊቱን እዩ።

ብድማር ከም ውልቀ ህይወት ተጋዳላይ ሃይለ፣ ከም ህዝቢ ትግራይ ድማ ዝወዓሎም ቅያ ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ቅያ ጅግንነት ተጋደልቲ ህወሓት ንወለዶ ዝሓልፍ ቅያ መንነት ህዝቢ ትግራይ ስለዝኾነ።




መመልከቲ ወ/ሮ ማሓሪት ገ/መድህን ካሕሳይ

ተፀዋዒ ኣይተ ፅጋቡ ኪሮስ እምባየ ስለ ዝጠፍኣ ናይ ምጥፋእ ውሳነ ይወሃበኒ ክብላ ስለ ዘመልከታ ተፀዋዒ እንተሃሊኹም ንዕለት 05/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ ተፀዋዒ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ምጥፋእ ውሳነ ዝዋሃብ ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ቤት ፍርዲ ክ/ከተማ ዓዲ ሓቂ ኣዚዙ ::

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ዓዲ ሓቂ**
**ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲት ወ/ሮ ንግስቲ ተካ ፈንታ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ፋሲል ንጉስ ኣብርሃ ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ሓዳር ፍትሕን ቀለብ ቆልዓን ክትዕ ጉዳይ ኮይኑ ተኸሳሲ ብኣካል ክትርከቡ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ መፀዋዕታ ርኢኹም ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 08-01-2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተ ዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ከም ዝረአ ክብል ሰሜን ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ::

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ሰሜን**
**ምድብ መጋባእያ**

መመልከቲት ኣፀደ ኪዳነማርያም ካብ ክር ስትና ሃይማኖት ናብ እስልምና ሃይማኖት ዝኣተኹ ምኳነይ ብእስልምና ሃይማኖት ሽመይ ረይሓና ኪዳነ ማርያም ተባሂለ ንክፅውዐሉ ዝቃወም እንተሃልዩ ንዕለት 04-01-2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክቐርብ ዞባ መቐለ ሸሪዓ ቓዲ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ::

**ዞባ መቐለ ሸሪዓ ቃዲ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ 1. ኣይተ ዜናዊ ገ/ሄር ተስፋይ መንጎ ብዘሎ ናይ ምትላል ክትዕ ጉዳይ ክሲ ቀሪብኩም ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሸኩም ስለዝተሰኣንኩም ንዕለት 8/1/2013 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተ ዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኽምሉ ተራ እዩ ዝውሰን ምዃኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት**
**ፍርዲ ገበን መጋባእያ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ 1. ኣይተ ኖሆም ዳዊት ድራር መንጎ ብዘሎ ናይ ክትራን ክትዕ ጉዳይ ክሲ ቀሪብኩም ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሸኩም ስለዝተሰኣንኩም ንዕለት 12/1/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተ ዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኽምሉ ተራ እዩ ዝውሰን ምዃኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት**
**ፍርዲ ገበን መጋባእያ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ 1. ኣይተ ዘነበ ኣብርሃ ብለቱ መንጎ ብዘሎ ናይ ክትራን ክትዕ ጉዳይ ክሲ ቀሪብኩም ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሸኩም ስለዝተሰኣንኩም ንዕለት 12/1/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኽምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**
**ገበን መጋባእያ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ 1. ምሕረተኣብ ነጋሲ ፀሃየ መንጎ ብዘሎ ናይ ስርቒ ክትዕ ጉዳይ ክሲ ቀሪብኩም ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሸኩም ስለዝተሰኣንኩም ንዕለት 11/1/13 ዓ/ም ሰዓት 8፡30 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኽምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት**
**ፍርዲ ገበን መጋባእያ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሰስቲ 1. ቃልኣብ ኪሮስ ሃይለ ፣ 2.ኮኸብ ሃይለ ምሩፅ መንጎ ብዘሎ ናይ ክ/ክትራን ክትዕ ጉዳይ ክሲ ቀሪብኩም ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሸኩም ስለዝተሰኣንኩም ንዕለት 12/1/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተ ዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኽምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**
**ገበን መጋባእያ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ገ/ሄር ሃፍቱ ገ/መድህን ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ገበን ተኸሳሲ ብዓቃቢ ሕጊ ኣብ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ክሲ ስለ ዝተመስረተኩም ንዕለት 5/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳ ይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝውሃብ ምዃኑ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ክፍለ ከተማ ቐዳማይ ወያነ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ 1.ጎይተኦም ሃ/ኪሮስ ገ/ኣዝጊ ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ክትራን ጉዳይ ንምፅ ራይ ንዕለት 05/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ቐ/ ወያነ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣፍቲ ዝተጠቐሰ ዕለት እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ከም ዝውሃብ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ክፍለ ከተማ ቐዳማይ**
**ወያነ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሰስቲ 1.ሓድሽ ኣለም ፍትዊ ፣ 2.ፀጉ በለፀ ፍትዊ ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ክትራን ጉዳይ ንምፅራይ ንዕለት 05/1/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ቐ/ወያነ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣፍቲ ዝተጠቐሰ ዕለት እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹ ምሉ ተራእዩ ውሳነ ከም ዝውሃብ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ክፍለ ከተማ ቐዳማይ**
**ወያነ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲት ፍረወይኒ ኪዳነ ማርያም ሃይለ ብዝተኸሰስክናሉ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ተኸሳሲት ዝተኸሰስክናሉ ገበን ገ/ሕ/ቁ 669/2 ስለ ዝኾነ እዚ ድማ ብዘየለኽናሉ ዝረአ ስለ ዝኾነ ተኸሳሲት ንዕለት 12/1/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ቀሪብክን ንክትከላኸላ እንተዘይቀሪብክን ድማ ጉዳይኽን ብዘየለኽናሉ ተራእዩ ውሳነ ዝውሃብ ምዃኑ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ክፍለ ከተማ ቐዳማይ**
**ወያነ ቤት ፍርዲ**

## ዞባ ደ/ምብራቕ

ኸሳሲ እን/ ወረዳ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ መዓርጉ ወ/ብርሃን መሓሪ ኣድራሻ ወረዳ እንደርታ ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ኣብ ቤት ፍርዲ ክሲ ተመስሪትልኩም ኣብ ኣድራሻኹም ስለ ዝተሰኣንኩም ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 4/1/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ብዘየለ ኹምሉ ዝውሰን ምዃኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ::

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ድድባ ደርጋዓጀን**

ኸሳሲ እ/ወ/ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ገብረመሓሪ ተካ ኣድራሻ ጣብያ ደብረቅብኣ ቁሸት ባላኼዳና ሞንጎ ንዘሎ ናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ገበን ጉዳይ ተኸሳሲ ኣብ ቤት ፍርዲ ክሲ ተመስሪትልኩም ብኣድራሻኹም ስለ ዝተሰኣንኩም ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 12/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 10፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ብዘየለኹምሉ ዝውሰን ምዃኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ::

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ደድባ ደርጋዓጀን**

ኸሳሲ እ/ወ/ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ መልኣኩ መሓሪ ኣብርሃ ኣድራሻ ወረዳ እንደርታ ጣብያ 1ይ ወያነ ቁሸት ዳንዴራ ሞንጎ ንዘሎ ናይ ፈተነ ከቢድ ስርቂ ገበን ጉዳይ ተኸሳሲ ኣብ ቤት ፍርዲ ክሲ ተመስሪትልኩም ብኣድራሻኹም ስለ ዝተሰኣንኩም ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 12/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 9፡00 ንክትቐርቡ እንተ ዘይቀሪብኹም ብዘየለኹምሉ ዝውሰን ምዃኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ደድባ ደርጋዓጀን**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ዝናቡ ሃይሉ ሓድጉ ኣ/ሻ ወረዳ ደጉዓ ተንቤን ጣብያ- ደብረናዝሪት ቁሸት ከላል ብዝተኸሰስኩምሉ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ምብፃሕ ገበን ተኸሳሲ ኣብ ጣብያ ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 8/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ንክትቐርቡ ወረዳ እን ደርታ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ::

**ቤት ፍርዲ ወረዳ እንደርታ**

## ጨረታ

ኣፈ/ከሳሲት ወ/ሮ ትክወት ሓዱሽ፣ ኣፈ/ተኸ ሳሲት፡- ወ/ሮ ብዙየ ሓዱሽ ኣፈፃፀም ተኸሳሲ ኣብ ቤት ፍርዲና ብዘለዎም ዕዳ ንምፍፃም ኣብ ከተማ ዓድጉደም ቐጠና 01 ዝርከብ ብሽም እኒ ብዙየ ሓዱሽ 3ተ ቁፅሪ ሰባት ዝፍለጥ ገዛን ቦታን ብጨረታ ምሻጥ ኣድላይ ኾይኑ ስለ ዝተረኸበ ዝኾነ ሰብ ንክጫረት ንገልፅ ። ዓይነት ንብረት ኣብ ከተማ ዓ/ጉደም ቐጠና 1 ዝርከብ ገዛ መዋሰኒኡ ፡- ብምብራቕ ቐሺ ጣዓመ ሃይሉ ፣ ብምዕራብ ኣይተ ሕሉፍ ኪዳኑ ፣ ብሰሜን መንገዲ ፣ ብደቡብ ኣይተ ኣባዲ ግርማይ ዘዋስኖ ገዛን ቦታን ዝሓዘ ኾይኑ ስፍሓቱ 164.5 ሜትር ካሬ መበገሲ ዋጋ 1. 22,091.60 /ዒስራን ክልተን ሽሕን ቴስዓን ሓደን ቅርሽን/ ምስ 60/100 ብር፣ ረቛሒታት ጨረታ ፣ 2.ጨረታ ዝካየደሉ ዕለት 28/1/2013 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡30 – 6፡30 ቀትሪ፣ 3. ቦታ ኣብ ከተማ ዓድጉደም ኣብቲ ዝጫረት ገዛ ኣብ ባዕሉ፣ 4.እቲ ጨረታ ብግልፂ ይካየድ፣ 5.ናይቲ ጨረታ ውፅኢት ወድያውኑ ይንገር ። 6.ነቲ ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ናይቲ መበገሲ ዋጋ 25% ኣብቲ ጨረታ መዓልቲ ወድያው ከትሕዝ ኣለዎ ።7.ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ኣብ 15ተ መዓልቲ ውሽጢ ነቲ ገንዘብ ጠቕሊሉ ይኸፍል፡፡ 8.እቲ ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ኣብ 15 መዓልቲ ውሽጢ ነቲ ጠቕላላ ገንዘብ እንተዘይደኣ ኸፊሉ እቲ ኣቐዲሙ ዘትሓዞ 25% ገንዘብ ናብ መንግስቲ ኣታዊ ተገይሩ እቲ ጨረታ ይስረዝ ። ነዞም ረቛሒታት ዘማልእ ሰብ ኣብቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ዕለትን ሰዓትን ቦታን ቐሪቡ ንክጫረት ይኽእል ። 9.ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ እቲ ገዛን ቦታን ብናይ ሊዝ ደንቢ ናብ ሽሙ ዝዞር ይኸውን።

**ወረዳ ሕ/ወጀራት ቤት ፍርዲ ምድብ**
**መጋባእያ ዓ/ጉደም**

## ዞባ ደቡብ

ከሳሲ ዓ/ሕጊ ወ/እ/ኣላጀ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ሓጎስ መረሳ ገ/መድህን ኣ/ሻ ወረዳ እ/ኣላጀ ጣብያ ቤት መራ ቁሸት ከተማ ፣ ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከተማ መሬት ምውራር ገበን ተኸሳሲ ኣብ ዕለት ቆፀረኹም ንክትቐርቡ ናይ ቤት ፍርዲ መፀዋዕታ ንክትወሃቡ ኣብ መንበሪ ኣድራሻኹም ተኣልኽኩም ሰለዝተሰኣንኩም ንዕለት 07/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 4፡30 ናይ ንጉሆ ናብ ወረዳ እ/ኣላጀ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዓዲሽሁ ንክትቐርቡ እንተዘ ይቐሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ወረዳ እ/ኣላጀ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዓዲሽሁ ኣዚዙ ::

**ወረዳ እምባ ኣላጀ ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ ዓዲ ሽሁ**

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሰስቲ፡- እኒ ኣይተ ፀጋይ ተረፈ

ኣፈ/ተኸሳሲት፡- ወ/ሮ ሽዋየ ኣብርሃ ሞንጎ ዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክሲ መሰረት ኣብ ከተማ ኣላማጣ 01 ቀበሌ ዝርከብ ገዛን ቦታን መዋሰኒኡ ብምብራቕ መንገዲ ፣ብምዕራብ መነሃርያ ፣ብሰሜን ታደሰ ፀጋይ፣ብደቡብ መነሃርያ ስፍሓት ቦትኡ 75.95 ካሬ ሜትር ዝኾነ ደረጃ A 1ይ ብሽም ፀጋይ ተረፈ ሃበ ዝፍለጥ ገዛን ቦታን ብመበገሲ ዋጋ ጨረታ ብር 55872 /ሓምሳን ሓሙሽተን ሽሕን ሸሞንተ ሚኢተን ሰብዓን ክልተን ምስ 82/100 ተጫርቱ ክሸየጥ ስለዝተደለየ ክጫረት ዝደሊ ሰብ እንተሃልዩ ንዕለት 18/01/2013 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳብ 6፡00 ኣብ ዘሎ ግዜ ኣብ ከተማ ኣላማጣ ወረዳ ቤት ፍርዲ ብኣካል ቀሪብኩም ንክትጫረቱ ከተማ ኣላማጣ ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ሓበሬታ፡**-ጨረታ ዘሸነፈ ወገን ካፍቲ ዘሸነፎ መጠን ገንዘበ 25% በቲ ጨረታ ዕለት ሒዙ ዝቐርብን 75% ድማ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ሒዙ ክቐርብ ኣለዎ፡፡

**ከተማ ኣላማጣ ወረዳ ቤት ፍርዲ**

## ዞባ ምብራቕ

ኸሳሲት ወይዘሮ ብርሃን ግብረኪሮስ

ተኸሳሲ ኣይተ ገብረየሱስ ብርሃነ ወረዳ ኣፅቢ ወንበርታ ጣብያ ዔራ ቁሸት ሃይላይ ኣብ ሞንጎ ዘሎ ናይ ሓዳር ምፍራስን ንብረት ምምቃልን ተኸሳሲ ንዕለት 08/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ናብ ወረዳ ወንበርታ ቤት ፍርዲ መልስኹም 3ተ ቅዳሕ ሒዝኩም ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ሰሚዑ ውሳነ ዝህብ ምኳኑ ወንበርታ ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ::

**ወንበርታ ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ብኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሰስቲ 1.ኣይተ ኪብረኣብ ሃይለይ ገ/ምካኤል 2.ኣይተ ሱዩም ኣለም በረሀ 3ይ በረከት ኣፈወርቅ ኣስገዶም ኣድራሻ ወ/ጉ/መኸዳ ጣብያ መርታ ቁሸት ማይ ወይኒ ብዝተኸሰስኩምሉ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ገበን ተኸሳሲ ንዕለት 15/1/2013 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ናብ ወረዳ ጉለ መኸዳ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ፋፂ ቅረቡ እንተዘይ ቀሪብኹም ክሱ ብዘየለኹምሉ ዝርኣይ ምኳኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ::

**ወረዳ ጉ/መኸዳ ፋፂ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ከተማ ዓዲግራት፣ ተኸሳሲ ኣይተ ኣሮን ዮሴፍ ኣሚነ ኣ/ሻ ከተማ ዓዲግራት ቀበሌ 04 ዞን 3 ሞንጎ ዘሎ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ክሲ ንስኹም ንዝቀረበልኩም ክሲ ብፖሊስ ተኣልሸኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ዝቀረበልኩም ክስን መረዳእታን

ናብ ገፅ 11 ይዘውር ...

# መረፃና፡-ፖለቲካዊ ብራኸና ንዓለም እነበርክተሉ ካልእ ቅያ

**ብይርጋ ኣብርሃ**

ትግራይ ሕገ መንግስቲ ፌደሪኢ ኣኽ ቢረ መረፃ ከካይድ እየ ስለዝበለት ከም ዘይሕጋዉን ፀረ ሕገመንግስቲ ተጌራ ዝተቐፀረትሉ፣ ብዘይመትከላዊ መንገዲ ኣደናጊሩ ናብ ስልጣን ዝደየበ ሓይሊ ድማ መረፃ ምኽልካሉ ከምሕጋዊ ዝተወሰደሉ ዘበነ ግርምቢጥ ኢና ዘለና፡፡ እቲ ብመስዋእቲ ደቂ ዘተኸሎ ዴሞክራሲያዊ ስርዓትን ሕገመንግስትን ብዝኾነ ይኹን ቅድመ ኩነት ዘይ ጠሓስ፣ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ኮይ ንኻ ክካየድ ዝግበኦ ምኳኑ ኣሚኑ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ጎድኒ መንግስቲ ትግራይ ጠጠው ኢሉ ብፅንዓት ተቓሊሱ እንሆ ዉሑስቲ ትግራይ ዝፈጥር መሰል ርእሰ ዉሳነን ምሕደራን ትግራይ ከረጋግፅ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ጫፍ ዓወት በፂሑ ኣሎ፡፡

“ኣብዚ ክልል መንግስታዊ ስልጣን ብዉክልና ህዝቢ ንምሓዝ ዝግበር መረፃ ንኹሉ ብማዕረ ዝሳትፍ፣ ነፃ፣ ሰለማዊ፣ ፍትሓዊ፣ ዴሞክራስያዊ ሕጋዉን ክኸዉን ዘኽእል ሕጊ ምዉፃእ ስለ ዘድለየን ነዚ ዘፈፅም ኣካል ብሕጊ ምጥያሽ፣ ኣወዳድብኡ፣ ስልጣኑን ተግባሩን ብሕጊ ግልፂ ምግባር ኣድላዪ ምኳኑ ስለ ዝተኣመነሉ ፤ ኣባላት ቤት ምኽሪ ኣብ ሕድሕድ ክልል መረፃ ካብ ዝህልወሉ ተወዳደርቲ ኣብዝሓ ድምፂ ዝረኸበ ተወዳዳራይ ዉድብ ሰዓሪ ዝኾነሉ ሕገ መንግስታዊ ስርዓት መረፃ ብኣግባቡ ንምትግባር ግልፂ ሕጊ ከወፅኣሉ ኣብ ሕገ መንግስቲ ክልል ዝተደንገገ እዩ።

ህዝቢ ትግራይ መንነቱ ንምዕቃብን ምእንተ ሰላም፣ ልምዓትን ዲሞክራስን ብዝኸፈሎ ከቢድ መስዋእቲ ሉኣላዊ በዓል ዋና ፖለቲካዊ ስልጣን ክልሉ ክኸዉን ኣብ ዉሽጢ ብሄራዊ ክልሉ መሰል ዓርሰ ዉሳነን ምሕደራን ከይተሸራረፈ ክረጋገፀሉን ኣብ ሕገ መንግስቲ ብግልፂ ዝተደንገገ ስለ ዝኾነ፣ መሰል ዓርሰ ዉሳነን ምሕደራን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ዘይግደብ ሕገ መንግስታዊ ዉሕስና ዘለዎ መትከል እዩ” ይብል ኮሚሽን መረፃ ትግራይ ኣብ ድሕረ ገፁ ኣብ ዝዘርግሖ መልእኽቲ፡፡

ድሕሪ ሒደት መዓልትታት ዝካየድ መረፃ ብዴሞክራሲያዊ ኣገባብ ኣካይዱ ንዓለም ኣብነት ዝኸዉን፣ ነቶም መረፃ ከይገብሩ ብኣሃዳዊ ጉጅለ ዝጭፍለቁ ዘለዉ ብሄራትን ህዝብታትን እዉን ስረ ዘዕጥቕ መረፃ ንምክያድ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ሓፂር እዋን ካርዲ መረፃ ወሲዱ ኣሎ፡፡

እዙይ ክኾን ዝኸኣለ እቲ ሕገ መንግስቲ ክይፈርስ ሓብሒቡ፣ ሰላም ከይዝረግ ንዉሕስንኡ ደው ኢሉ፣ ባንዳታት ከይኣትዉዎ ክሳዉዲ ዓፅዩ፣ ካብ ልምዓቱን ምምሕዳራዊ ስርሑ ከይቦኸረ፣ ን ኮቪድ 19 እንዳተኸላኸለ፣ ኣምበጣ እናመከተ ዝኸይድ ዘሎ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ምህ ላዉ፤ ኣብ ፖለቲካዊ መርገፂኦም ክንዲ ድላዩ ኣፈ ላላይ ይሃልዎም ኣብ ሃለዋትን ድሕነትን ትግራይ ዝይደራደሩ ምኳኖም መረፃ ትግራይ ታሪኻዉን ንዓለም ኣብነት ዝኸዉን ኮይኑ ኣሎ፡፡

እቲ መረፃ ንምክያድ ድማ ሰላማዊ፣ ዴሞ ክራሲያዊ፣ ፍትሓዉን ናፃን ብህዝቢ ተኣ ማናይን ክኸዉን ኮሚሽን መረፃ ትግራይ ብቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝተውሃቡዎ ሰልጣንን ተግባርን ምፍፃም ብምኽኣሉ እቲ ከይዲ ቅድመ መረፃ ብዕዉት ኣገባብ ይካየድ ኣሎ፡፡

“ዘለናሉ ፖለቲካዊ ኩነታት ታሪኽ ብድሙቕ ቀለም ዝፀሓፈሉ፡ ብፍሉይነቱ ዝጥቀስ እዩ። እዚ ፖለቲካዊ ኩነት ብስሙር ልቢ ህዝብና ንዘላቒ ረብሓ ህዝብና እነውዕለሉ እዩ። ብምኳኑ ድማ ርዝነት እቲ መድረኽ ዝተረደአ፣ ኣገዳስነት እቲ ኩነት ዝተገንዘበን ዕምቆት ነዚ ኩነት ዝፈጠሩ ኣጋጣሚታት ኣብ ግምት ዘእተወን ህዝባዊ ተሳትፎን ምልዕዓልን ዝጠልብ እዩ።

ኣብዚ ፍሉይ ፖለቲካዊ ኩነት እዚ፡ ቅድሚት ዝፅርሑ ነቲ በዓል ዋና ኩሉ ዓይነት ስልጣን ዝኾነ ህዝቢ ከመርሑ ዝወዳደሩ ዘለው ፖለቲካዊ ውድባት እዮም። ፖለቲካዊ ውድባት ትግራይ ካብ ቅድሚ ምጥያሽ ኮምሽን መረፃ ትግራይ ጀሚሩ ኣብ ኣድላይነት መረፃ ትግራይ ሓበራዊን ተመሳሳልን ቅዋም ሒዞም ብምንቅስቓስ ትግራይ ሕዚ ዓለም ለኻዊ ኣቓልቦ ናብ እትስሕበሉ በሪኽ ፀፍሒ ኣደይቦምዋ እዮም።

ትግራይ ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ ሊ.ቃውንታ ስምምዕን ብሄራዊ ምርድዳእን ኣብ ከመይ ዝመሰለ ዘይቑርጠም ተፈጥሮ ከንብራ ከምዝኽእል ይፍለጥ እዩ። ስለዚ ቅድሚ ኩሉን ልዕሊ ኩሉን ነዚ ወርቃዊ ዕድል ንዝፈጠሩ ኩሎም ተነሓናሕቲ ውድባትን ገዛኢ ውድብን ምስግና ይግባእ ይብል እቲ ኮሚሽን።

መረፃ ውፅኢቱ ጥራይ ዘይኮነ ንጥዕና ውፅኢቱ ኣዐርዩ ዘገድስ እቲ ከይዱ እውን እዩ። ከይዲ መረፃ፡ ብፅፈት ክትለም፣ ብጥበብ ክምራሕን ብትኹረት ክግምገምን ዘለዎ እዩ። ብምኳኑ ዘለናሉ እዋን ከይዲ መረፃ ብፅፈት ተተሊሙ ብጥበብ ኣብ ምምራሕ እቲ ኮምሽን ኣመራርሓኡን መላእ ኣባላቱን ብምውፋር ምሉእ ግዜኡ ሂቡን ከበድቲ ፀቕጥታት ተፃዊሩን ብልዑል ህዝባዊ ወነ ኣብ ምስራሕ ይርከብ። ከም ውፅኢቱ ድማ ኣብ ታሪኽ ትግራይ ፈላማይ ዝብሃል ክትዕ ፖለቲካ በፂሑ።

እዚ ክትዕ መጀመሪን ኣካልን ናይቲ ኣብ ቀፃሊ እነካይዶ መረፃ እዩ። እዚ መድረኽ ኣቀዲሙ ስምምዕ ኣብ ዝተገበረሉ ድልድል ግዜን መስርሕ ክትዕን ተመስሪቱ ዝተኻየደ እንትኸውን ከም ኮምሽን፡ ዝተለምናዮ ዝተተግበረሉን ዝሓሰብናዮ ዝሰመረሉን ነይሩ። እዚ ትግበራ ትልምን ስምረት ሓሳብን ናይ ህዝብና መሰረታዊ ባህጊ ዘስመረን ብሩህ ተስፋ ዘንፀፈን ነይሩ እውን ይብል።

እዚ ንክኸውን ግን ናይተን ውድባት ቅሩብነት፣ ናይ ተወከልተን ጭውነት፣ ናይ መሪሕነተን ብስለትን ፍልጠትን እቲ መድረኽ ልዕሊ ክትዕ ፖለቲካ ክኸ ውን ገይርዎ እዩ።

እቲ መድረኽ ካብ ፖለቲካዊ ክትዕ ሓሊፉ ዓቕምታትን ተስፋን ትግራይ ኩልዕ ኢሉ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ትግራይን ዓለምን ክቖርብ ዝገበረ ነይሩ። በዚ ድማ ኮምሽን መረፃ ትግራይ ነተን ውድባት ዘለዎ ናእዳ ልዑል ምኳኑ ምስ ሞሳ ይገልፅ።

ኮምሽን መረፃ ትግራይ እዚ ኣብ ሓፂር እዋንን ኣብ ፈታኒ ኩነታትን ዝካየድ ዘሎ መረፃ ብዝተኸኣለ መጠን ኣበር ዘይብሉ ወይ እውን ኣበሩ ዝነኣሰ ክኸውን ብዋናነት ብሰላማውነቱ፣ ግልፅነቱ፣ ፍትሓውነቱን ዲሞክራስያውነቱን ዘይሕመ መረፃ ክህሉ ብልቢ ይፅዕር፡ ብቕንዕና ይቃለስ ኣሎ”፡፡




**ኮሚሽነር ኮሚሽን መረፃ ትግራይ መ/ር ሙሉወርቅ ኪዳነማርያም**

እቲ ኮሚሽን ብተወሳኺ ፍልፍል ኩሉ ዓይነት ዓቕሚ ዝኾነ ህዝቢ ኣብ ጎኑ ክኸውን እንትፅውዕ ዛጊድ ህዝቢ ትግራይ ንዘርኣዮ ብሄራውን መንነታውን ውግ ንና ዘለዎ ናእዳ ክብርን ገሊፁ እዩ፡፡

ኮሚሽን መረፃ ክልል ትግራይ መረፃ 2012ዓ /ም ሓሙሽቲኦም ዝተመዝገቡ ተወዳደርቲ ፖለቲካዊ ውድባት ክምዝገቡ፣ ምልክቶም ከቕርቡ ወከልቶም ኣብዘለዉሉ ዘቕረብዎም ምልክታት ፣ ፕሮግራሞምን ዕላምኦምን ንህዝቢ ዕላዊ ክገብሩ ፤ ብዴሞክራሲያዊ መንገዲ እቲ ከይዲ ብምጅማር እቲ ኮሚሽን ዓበይቲ ስራሕቲ እንዳወገነ ይርከብ፡፡

እቲ ካሊእ ዓለም ዝድመመሉ ዘሎ ህዝቢ ብመራፃይነት ንምስታፍ ዘለዎ ቅሩብነት እዩ፡፡ ምዝገባ መረፅቲ ኣብ ፈላማይ መዓልቱ ኣዝዩ ስሉጥ ብዝኾነ መንገዲ ተጀሚሩ ንተኸታተልቲ መዓልታት ድማ ቀፂሉ እዩ። ህዝቢ ኸቲቱ ብምውፃእ መራሒኡ ዝመርፀሉ ካርዲ ክሕዝ ተጌሩ። እቲ ዘደምምን እንዳሓደረ ዝኸ ላዕን ጅግንነት ድማ ነዛ መረፃ ከተዓናቕፍ ንዝደሊ ሓይሊ ከከም ኣመፃፅኡ ንምምካት ልዕሊ ካሊእ እዋን ኣዝዩ ዝተዳለወ፣ ብደሙ ዘውሓሶ መሰል ርእሰ ዉሳነን ምሕደርኡን ድማ ብዝኾነ ምድራዊ ሓይሊ ክሕደግ ከምዘይኽእል ዘመስከረሉ መኸተ ሕራነ እዩ፡፡

17 ነሓሰ 2012 ዓ/ም ዝጀመረ ክትዕ ፖለቲካዊ ውድባት ይቕፅል ኣሎ፡፡ እዚ ፖለቲካዊ ክትዕ ዝካየደሉ መስርሕን ዘማእኸሉ ኣካላትን ካብ ፖለቲካዊ ዉግንና ነፃ ዝኾኑ ተሓርዮም ንዉድባት ከካትዑ፣ ብዴሞክራሲያዊ መንገዲ ከአንግዱ ተሓርዮም ስርሖም ብዝግባእ ኣካይዶም፡፡ ህዝቢ ድማ ይኾኑኒ እዮም ዝበሎም ዉድባት ከሰተባህል ክርዳእን ክሓርን፣ ብድምፁ ክመርፅን ዘኽእሎም እዩ እቲ ፖለቲካዊ ክትዕ፡፡ ኣመራርሓ ኮምሽን መረፃ ትግራይ ኣብ ሰለስተ ጉጅለታት ተመቒሉ ናብ ዞባታት መቐለ፣ ደቡብ ምብራቕን ምብራቕን ብምንቅስቃስ ከይዲ ምዝገባ ክዕዘብ ኪኢሉ ኣሎ።

ብድማር መረፃ ትግራይ፣ ተጋሩ ንዓለምና እነ በርክቶ ቅያ ፖለቲካዊ ብራኽ ብምኳኑ ግዘ ዘይ ስዕሮ ቀዋሚ ታሪኻዊ ሓወልቲና እዩ። ትግራይ ትመርፅ።

# ኣብ ጓጓና

## ስሙር ቃልሲ ንውሕስቲ ትግራይ

ምውዳድ ይርጋ ኣብርሃ

(ፎረም ውድባትን ማሕበራትን ትግራይ)

### ቁጠባዊ ሃለዋት ትግራይ

ቁጠባ ሃገርና ከቢድ ዝኾነ ማህሰይቲ በፂሕዎ ናብ ክንወፆ ዘይንኽእል ቅልውላው እናኸደ ይርከብ። ከም ሃገር ዝኸውን ዘሎ ኩነታት ምስቲ ኮነ ኢልካ ዝግበር ዘሎ ኣሻጥራትን ውዲታትን ንክልልና ቀሊል ዘይባሃል ፀገም እናፈጠረ ይርከብ። እቲ ኣሃዳዊ ሓይሊ ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ንምብርካኽ ዘይከዶ ርሕቐት የለን። ዝተፈላለዩ ሽርሒታት እቲ ዘሎ ሕፅረት ምህርቲ ንምብእኣስ መንገዲ ምዕፃው ይኹን ቀረባት ከይበፅሑ ምስራሕ፣ ስርዓት ንግዲ ብውሽጥን ብደገን ክዛባዕ ብምግባር፣ ናይ ፋይናንስ ምንቅስቓስ ምድራት፣ ስራሕ ስእነት ከበኣእሱ ዝኽኡሉ ተንቀሳቓሲካ ናይ ምስራሕን ዕድላትን ብምፅባብ ብዝኣመሰሉ ጉዳያት ንህዝቢ ትግራይ ንምህሳይ ዘይከዶ ርሕቐት ከምዘይህሊ ካብ ሕሉፍን ህሉውን ተግባራት ሪኢኻ ምግማት ይከኣል።

ብፍላይ ከዓ ኣብ ክልልና ዘሎ ናይ ሰብ ሃብቲ ዘይስሩዕ ሃብቲ ናይ ምግባት ድልየት (ኣብ ሲሚንቶ፣ ቀረብ እንስሳን ዝተርኣየ ንኣብነት) ነቲ ኩነታት ኣታሓሳሳቢ እናገበሮ ይርከብ። ብዝኾነ ይኹን መልክዑ እቲ ትምክሕቲ ሓይሊ ብምምካት ህዝቢ ትግራይ ካብዚ ኣንፀላልዮዎ ዘሎ ሓደጋ ንምውፃእ ፖለቲካዊ ስራሕቲ ከምዘለው ኮይኖም እቲ ናይ ክልልና ኢኮኖሚ ኣብ ምድሓን ምስራሕ መዓልቲ ዝወሃቦ ጉዳይ ኣይኮነን።

ብሰንኪ ኮቪድ 19 ብዝሕ ዝበለ ማሕበራዊ ውራያት እንተተሰረዙ እኳ፤ ሕዚ 'ውን እንተኾነ በዓላት ምኽንያት እናተገበረ፣ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ጉዳያት እናተፈጠሩ ቀሊል ዘይባሃል ማሕበረሰብና ዘግነየን ሃፍተ ገነት እናባኸነ ይርከብ። ኣብዚ መዳይ እዚ ናይ ሃይማኖት ኣቦታት፣ ዓበይቲ ዓዲ፣ ሲቪክ ማሕበራት፣ ናይ ሞያ ማሕበራት፣ ናይ ፖለቲካ ውድባትን ካልኦትን በብስራሕቶም ህዝቢ ትግራይ ቆጣባይ ብዝኾነ መንገዲ ክንቀሳቐስ ናይ ምንቃሕ ስራሕ የድሊ። ኣድላዪ ዝኾነ ኢኮኖሚ ምፍጣር ከምዘሎ ኮይኑ እቲ ዝተፈረየ ኢኮኖሚ ብቑጣባይ መልክዕ ምጥቃም ማለት ኣብ እንገብሮ ቃልሲ ምውሓስ ድሕንነትን ሃለዋትን ህዝቢ ትግራይ ቀዳማይ ዝስራዕ ተግባር እዩ።

ብተወሳኺ እቲ ዝመፅእ ዘሎ ክራማት ድርቂ ከጋጥምን ዕስለ ኣንበጣ ብበዝሒ ክህሉ ከምዝኽእሉ እቲ ትንበያ ስለዘርኢ፤ ኩሉ ኣካል ምውሓስ ድሕንነትን ሃለዋትን ህዝቢ ትግራይ ዝኾነ ኣብ ዘላቶ ኩላ ኣትክልቲ ትኹን ዘራእቲ ኣብዛ ክራማት ክዘርእ ብምንቃሕ ፆማ ትሓድር መሬት ከይትህሊ ምስራሕ የድልየና። ኣብዚ ዓመት ዝሓሸ ምህርቲ ክርከብ ምህርቲ ናይ ምስሳን ስራሕቲ ካብ ዝኾነ ግዜ ብዝበለፀ ክስራሕ እዚ ፎረም ናይ ሞትን ሕየትን ጌሩ ክሰርሕ ግድን'ዩ።

### ሓደጋታት ተፈጥሮ

### ኮቪድ 19

ዘለናዮ መድረኽ ናይ መኸተ መድረኽ እዩ። ክንምክት እንተኾይና ድማ መቃለሲ ጥዕና ክህልወና ኣለዎ። ክሳብ ሐዚ እውን ሰፋሕቲ ናይ ምክልኻል ስራሕቲ ተሰሪሖም እዮም። እዚ ዓለም ብዓለማ ዝሕምሳ ዘሎ ሕማም ትግራይ ከይሰፍሕ ንከላኸሎ ክንብል ከለና ኣንፃር ውሽጣዊ ይኹን ግዳም ተፃብኦ ንምምካት ዘኽእል ጥዕና ክህልወና ኣለዎ ማለትና እውን እዩ። ህዝብና እቶቱ ከደንፍዕ፣ ህዝባዊ ስራ ሕቱ ብዝግባእ ክፍፅምን ክቃለስን ጥዕንኡ ሕልው እንተኾይኑ እዩ። ስለዚ ንቃልሲ እውን ጥዕና ወሳኒ እዩ። ንቃልሲ ጥዕና የድሊ ክንብል ከለና እውን ብቐንዱ ቁንጣር ጥዕና ዘይኮነስ ነቲ መድረኽ ዝጠልቦ ዓቅሚ ኩሉ ምርካብ ማለት እውን ስለ ዝኾነ። ኣብዛ እዋን እዚኣ ነዚ ሓደገኛ ሕማም ኮሮና ካብ ምክልኻል ወፃኢ ናይ ጥዕና ምንቅስቃስ ዋጋ ኣይብሉን። ምኽንያቱ መጋየዒ ጥዕና ዝበሃል ስለዘየለ። ኩሉ ዓቅምናን ህዝብናን ንምክልኻል እዚ ሕማም ይውፈር ክንብል ከለና ኩሉ ጥዕናና ዓቅሚ ህዝባዊ መኸተና ብዝውሰኸን ብዘጎልብትን ዝተቃነየ ክኸውን ኣለዎ፣ ስለዚ ድማ ኩሉ ነገርና ነዚ ተኣዛዚን ተገዛእን ክኸውን ኣለዎ ማለትና ምኺኑ ክስመረሉ ይግባእ።

ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ብኹለ መዳይ ክኸውን ሰለዘለዎ፤ ጥዕኑኡ ውሑስ ክኸውንን እቲ ለበዳ ሕማማ ኣብ ዝተርኣዮም ቦታታትን 'ውን ከይዛመት ብዕቱብ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ክሰ ርሕ እዚ ፎረም ድማ ብፍሉይ ክሰርሕ ትፅቢት ይግበረሉ። ነዚ ሕማማ ኣብ ምክልኻል ኣብ ዝግበር ናይ ህዝብና ዘሎ ሸለልትነት ብፍላይ ኣብ ዕዳጋታት፣ መዘናግዒ ቦታታት ከምኡውን ኣብ ቤት እምነታት ዘሎ ምትእኽኻብ ነቲ ሕማም ናይ ምክልኻል ስራሕቲ ከቢድ እናገብሮ ይርከብ።

ብተወሳኺ ኣብዚ ሕዚ ዘሎ ናይ መከላኸሊ ናውቲ ናይ ምጥቃም ምዝሕሓል እቲ ኩነታት ኣተሓሳሳቢ ይገብሮ። ነቲ ተሓሲቡ ዘሎ መረፃ ክልልና ንምስኻዕ እቲ ሕማም ከብፅሖ ዝኽእል ሳዕቤን ንምክልኻል ካብ ሕዚኡ እቲ ሕብረተሰብ ክነቅሕን ቀንዲ ተዋሳኢ ክኸውን ናይዚ ፎረም ግደ ብጣዕሚ ዕዙዝ እዩ።

### ወራር ኣንበጣ

ሳይንሳዊ ትንበያታት ከምዝሕብሩዎ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ኸቢድ ወራር ኣንበጣ ከምዝኸሰትን ኣብዝሓ ኸፋል ትግራይ ድማ ናይዚ ተጠቓዒ ከምዝኸውን እዩ። እዚ ሓደጋ ካብ ቅድሚ ኣዋርሕ ገጢሙ ዝነበረ ወራር ዝኸፍኣን ብመጠን እውን ዓበየን እዩ ክኸውን። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ዝተርኣየ እቲ ፌደራል መንግስቲ ብዙሕ ዘይተዘጋጀወን ብምኽንያት ፖለቲካ ድማ ንትግራይ በዚ መዳይ ናይ ምድጋፍ ሓላፍነቱ ዝዋፃእ ኣይኮነን። እቲ ናይ ክልል መንግሰቲ እውን በዚ መዳይ ብዙሕ ዝተዳለወ ኣይነበረን።

እዚ ይመፅእ ዘሎ ሓደጋ ብዝሐሸ መንገዲ ንምክልኻል ፎረምና ምስ ኣባላቱ፣ መንግስቲ ትግራይ፣ በዚ መዳይ ድጋፍ ዝህቡ ናይ ዓዲ ውሽጥን ወፃኢ መንግስታትን ትካላትን ብምኧን ዝሐሸ ድልውነት ክህሉ ምግባር። እቲ ዕስለ ምስመፅአ ፎረምና ኣባላቱን ህዝብን ብምትሕብባር ኣብቲ ምክልኻል ዕዙዝ እጃሙ ክፃወት ኣለዎ።

### ድርቂ

ኣብ መዋእል ትግራይ ድርቂ ኣብ ህዝብና ብዙሕ ሓደጋታት ኣስዒቡ እዩ። ብገዛእቲ ድርቢታት ህዝብና ዓርሱ ብምግቢ ከይኽእል ዝተዋደደ ሽርሒ ነይሩ እዩ። ህዝብና ነዚ ዝፃወር ዓቕሚ ኣየጥሪ እንበር ብዙሓት ድርቅታት እዋኖም እናሓለዉ ፈቲኖሞ እዮም፡፡ በዚ ምኽንያት ገለ ከባቢታት ትግራይ ብተደጋገሚ ብድርቂ ዝውቅዓ እየን። ስለዝኾነ ሎሚውን ናይ ድርቂ ትንበያታት ስለዘሎ ህዝብና እዚ ተገንዚቡ ድልው ክኾንን ነቲ ድርቂ ንምምካት ዘድሊ ኹሉ ስራሕቲ ከካይድ ይግብኦ።

### ኣንፈት

ኣብ ላዕሊ ካብ ዝተዘርዘሩ ናይ ህልውናን ደሕ ንነትን ሓደጋታት ከም ፎረም እዞም ዝስዕቡ ኣንፈታት ብምዝርዛር ንተግባራውነቶም ከም ሓደ ኣካል ይነ ጥፍ።

### ብዝተወደበ ሓይሊ ሽርሒ ግዳማዊ ሓይልታት ምፍሻል

ሓይሊ ትምክሕቲ ኣብ ትግራይ ዓበይቲ ሽርሒታቱ ብዝተፈላለየ መንገዲ ብምዝርጋሕ ራዕድን ህውከትን ክፍጠር ኣብ ዝሰርሖም ፀረህዝቢ ስራሕቱ ግደ መን ግስቲ ትግራይ ዕዙዝ እኳ እንተኾነ ናይዚ ፎረም ግደ ወሳኒ ብምኧኑ፡-

⁘ኣባላት እዚ ፎረም መሓውሮም ምስ ኣባላት ፀጥታ ብምትሕብባር ስላምን ፀጥታን ከባቢኦም ክሕሉው ምግባር። ብፍላይ መናእሰይ ስራሕቲ ሓለዋ ፀጥታን ሰላምን ውራይና ኢሎም ወሲዶም ብንቕሓት ተሳትፎ ምስ ዘሎ ናይ መንግስቲ መሓዉር ብምትሕብባር ዕዙዝ ግደኦም ክፃወቱ እዚ ፎረም ክሰርሕ ይግባእ። ስለዝኾነ 'ውን ህዝቢ ትግራይ ክነቅሕን ክውደብን ክንሰርሕ ኢና።

⁘ሓይልታት ትምክሕቲ ሜድያታትን ልሳናትን ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ኣብ ምዕፋን ዝገብርዎ ዘለው ስራሕቲ ንዓለም ሕብረተሰብ ክፈልጦን ቐባ ልነት ክስእንን ክንረባረብ ኢና።

⁘ካብቲ ኣሃዳዊ ሓይሊ ክመፅእ ዝኽእል ኢኮኖሚያዊ ፀቕጢ ብምእማትን መፍትሕታት ብምቕ ማጥን እዚ ፎረም ምስ መንግስቲ ትግራይ ኾይኑ ሰፋሕቲ ስራሕቲ ዕዙዝ ንምፍፃም ተራና ክን ፃወት ኢና።

⁘ኣሃዳዊ ሓይሊ ዘለው መሰረተ ልምዓታትን ኣገልግሎቶምን ብምቁራፅ ቁጠባናን ምንቅስቓስናን ብዝባኣሰ መልክዑ ክቕፅል ይኽእል'ዩ። ሰለዝኾነ ድማ እዚ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋናት ህዝብና ከይተደናገፀ ነቲ ኹንታት ንምሕላፍ ድልው ክኸውን ኣንሕና እባላት እዚ ፎረም ንህዝቢ ትግራይ ኣብ ምንቃሕ ክንነጥፍ ኢና።

### ሃለዋትን ደሕንነት ህዝቢ ትግራይ ብምቕዳም ውሽጣዊ ሓደጋታትና ምቅላስ

ፎረምና ካብ ውሽጢ ዝፍልፍሉ ሓደጋታት ኣብ ምምካት እዞም ዝስዕቡ ኣንፈታት ይኽተል፡-

⁘ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ዝዘርጉ ከም ከባቢ ያዊነት፣ ሃይማኖታዊ ማዕርነት ዘይቕበል ኣኽራርነትን ዝኣመሳሰሉ ማሕበራዊ ድሕረታት ገና ከይገወዱ ክዕረዩ ህዝብና ክነቕሕን ኣደዳ ፀላእቲ ከይኾን እዚ ፎረም በቢብርኩ ሰፋሕቲ ስራሕቲ ክሰርሕ ይግባእ።

በብኸባቢኡ ዘለው ከባቢኻ ማእኸል ዝገበሩ ምጉጅጃላትን ሓቛፋይ ዘይኮኑ ኣካይዳታትን ንት ግራይ ናብ ሓደጋ ከምዘእትዎ ብምእማን ዘለው ሜላታት ኹሎም ብምጥቃም ማሕበራዊ ንቕሓት ንኽ ፍጠር ምስራሕ ናይዚ ፎረም ሓላፍነት ይኸውን። ከምዚ ዓይነት ድሑር ኣካይዳ ኣብ ውሽጠናን ኣብቲ ማሕበረሰብን ብምቅላስ መሪሕነታዊ ተራና ክንዋፃት ኢና።

⁘ኣብ መንጎ ፖለቲካዊ ውድባት፣ ሲቪል ማሕበራት፣ ናይ ሞያ ማሕበራት፣ ትካላን ክልኦትን

### 3ይን ናይ መወዳእታን ክፋል

ዝህሉ ርክብ ናይ ሓሳብ ኣፋላላይ ዘኽብርን ሰላማዊን ዴሞክራሲያውን ክኸውን እዚ ፎረም ክሰርሕ ይግበኦ። ዝኾነ ይኹን ኣፋላላይ ኣብ ምክብባርን ሕግን ስርዓትን ማእኸል ዝገበረ ክኸውን እዚ ፎረም ይሰርሕ። እዚ ፎረም ዘቕምጦ ደንቢ ስነ ምግባር ክኽበርን ናይ ትግራይና ናይ ዴሞክራሲ ባይታ ክሰፍሕን ዲሞክራሲ ብዘላቕነት ኣብ ሓዱሽ ትውልዲ ትግራይ ክምዕብል ክንሰርሕ ኢና።

⁘ብዝኾነ ይኹን መልክዕ ንዝኾነ ይኹን ዕላማ ኣብ ትግራይ ናይ ቀለም ናዕቢ ክግበር የብሉን። ናይ ቀለም ናዕቢ ኣብ ትግራይና ተቐባልነት ኣይህልዎን፤ እዚ ፎረም 'ውን ነዚ ዝምችው ኩነታት ከይፍጥር ክሰርሕ እዩ።

⁘መረፃ ትግራይ 2012 ነፃ፣ ዴሞክራስያውን ፍትሓውን ከምኡውን ብህዝቢ ተኣማንነት ዘለዎ ኮይኑ ክሓልፍ ክንሰርሕ ኢና።

⁘ህዝቢ ትግራይ ብምውዳብን ብምንቃሕን ድሑር ባህሊ ስራሕ ብምእላይን ምህርቲ ትግራይ ንኸሰስንን ክንሰርሕ ኢና።

⁘ኣፍራዪ ዝኾነ ኢኮኖሚ ምፍጣር ከምዘሎ ኮይኑ እቲ ዝፈረየ ኢኮኖሚ ብቑጣባይ መልክዕ ምጥቃም ኣብ እንገብሮ ቃልሲ ምውሓስ ድሕንነትን ሃለዋትን ህዝቢ ትግራይ ቀዳማይ ዝስራዕ ተግባር እዩ። ስለዝኾን ፎረምና ቆጣባይ ዝኾነ ባህሊ ንምዕባይ ብዕቱብ ክንንቀሳቐስ ኢና።

### ኩሉ ዓቕምታት ብምውዳድ ጉድኣት ተፈጥሮ ሓደጋ ምንካይ

ፎረም ሃለዋትን ድሕንነትን ትግራይ ንኹለ መዳይ ውሕስቲ ትግራይ ንኽትፍጠር ካብ ተፈጥሮ ዝመፁ ሓደጋታት ንምምካት እዞም ዝስዕቡ ኣንፈ ታት ይኽተል፡-

⁘ጥዕንኡ ውሑስ ዝኾነ ሕብረተሰብ ብም ፍጣር ዝሓሸት ትግራይ ንምህናፅ ኮቪድ 19 ጉድኣቱ ትሑት ንኽኸውን ምስራሕ ናይ ግድን እዩ። ብተወሳኺ መረፃ 2012 ብምዕዋት ህዝቢ ትግራይ ብዝመረፆ መንግስቲ ዝምራሕን ዕውት ፖሊቲካዊ ታሪኽ ንኽንክትብ እንድሕር እቲ ለበዳ ኮቪድ 19 ክንቆፃፀሮ እንተኺኢልና ኢና። ሰለዝኾነ ካብ ሕዚኡ እቲ ሕብረተሰብ ዘለዎ ንቕሓት ክዓብን ዘሎ ምዝሕሓልን ብምብርባር ሕብረተሰቡ ሕማም ኮቭድ 19 ፅዕንትኡ ብጣዕሚ ንእሽተይ ክኸውን ናይዚ ፎረም ግደ ብጣዕሚ ዕዙዝ እዩ።

⁘ዝመፅእ ዘሎ ሓደጋ ወራር ኣንበጣ ብዝሐሸ መንገዲ ንምክልኻል ፎረምና ምስ ኣባላቱ፣ መንግ ስቲ ትግራይ፣ በዚ መዳይ ድጋፍ ዝህቡ ናይ ዓዲ ውሽጥን ወፃኢ መንግስታትን ትካላትን ብምኧን ዝሐሸ ድልውነት ክህሉ ምግባር። እቲ ዕስለ ምስመፅአ ፎረምና ኣባላቱን ህዝብን ብምትሕብባር ኣብቲ ምክልኻል ዕዙዝ እጃሙ ክፃወት ኣለዎ።

⁘ምስ ድርቂ ተታሓሒዙ ክርአዩ ዝኽእሉ ትንበያታት እናተኸታተለ ምስ መንግስቲ ብምው ዳድን ኣባላቱ ብምውፋርን ድርቂ ቅድሚ ምግ ጣሙ ህዝቢ ብምንቃሕ እነተጋጢሙ 'ውን ሳይ ንሳዊ ዝኾኑ መንገድታት ብምጥቃም ፎረምና እቲ ድርቂ ከብፅሖ ካብዝኽእሎ ሓደጋ ንህዝብና ምክልኻል።



# መናእሰይን ስፖርትን





## ውፈር ተበገስ ከምዚ ሕዚ!

ብግርማይ ተ/ብርሃን

ሎሚ ዘበን ብብርኪ ክልል ንመበል ሻድሻይ ጊዜ ነካይዶ መረፃ ዋሳኒ እዩ። መረፃ መኸተ ዝብል ሽም ተዋሂብዎ ኣሎ። ኣብ ማእኸል ሃገር ዘሎ መራሒ ሕዚ እውን ሽርሕታቱ ኣየቋረፀን ዘሎ። ብፍላይ ትግራይ መረፃ ከካይድ እየ ብምባላ ብግልፂ ተቐባልነት ከምዘይብሉን ስጉምቲ ከምዝወስድን ኣብ ኣደባባይ ተዛሪቡ እዩ። ዘመንያ ግርምቢጥ ማይ ንዓቀብ ኮይኑ። ሕጊ ዘኽበረ ሕጊ ጥሒሱ ይበሃል፤ ሕጊ ዝጣሓሱ ጉጅለ ኣራት ኪሎ ድማ ሕጊ መክበርቲ ኢና ይብሉ ኣለዉ።

ህዝቢ ትግራይ መሰል ዓርሰ ውሳንኡ ብቃልሱን ብመስዋእቱን ዘረጋገፆ ብምዃኑ መረፃ ንምክያድ ፍቓድ ፍፁም ኣይሓትትን። ዘይትንከፍ መሰል ናፅነት ዘዕትር፣ ሕገ-መንግስዊ መሰሉ እዩ። ስለዚ ድማ መረፅኡ ኣብ ስዓቱ ንምክያድ ወሲኑ። ኩሉ ምድላዋቱ ገይሩ። ካርዲ መረፃ እውን ኣብ ኢዱ ሒዙ ኣሎ። እዚ ኣብ ትግራይ ካብ ዝኾነ ኣካል ንላዕሊ ሕጊ ተኸባሪ ምዃኑ ዝተራኣየሉ ሓደ ተግባር እዩ። ሕገ-መንግስቲ ብምጥሓስ ክድዕንኖ ንዝፍትን ኣካል ንምምካት እውን ምድላዋቱ ወጊኑ ድልው ኮይኑ ኣሎ።

ካሊእ መከተ ሎሚ ኣብ ክልልና ሽፋን ቫይረስ ኮሮና በብእዋኑ እናወሰኸ ናብ ሕ/ሰብ ኣይቱ ብምህላዉ ንምቁፅፃሩ ኣፀጋሚ ዝኾነሉ ኩነታት ብምህላውን ነዚ ደው ንምባል ሕዚ እውን ህዝቢ ትግራይ ብፍላይ መናእሰይ ዓብዪ ጥንቃቐ ብም ግባር ሰፊሕ ስራሕን ፈተናን ኣብ ቅድሜና ምህላዉ ንምርኣይ እዩ ይብሉ ኣቦ መንበር ሊግ መናእሰይ ህወሓት ኣይተ ኣማኒኤል ብርሃነ።

ቫይረስ ኮሮና ከምቲ ንሰምዖን ንሪኦ ዘለና ኣዝዩ ሓደገኛ ሕማም እዩ። ነተን ብቑጠባ ኣዝየን ዝዓበያ ዝበሃላ ኣሜሪካ፣ ብራዚልን ህንድን ብዙሓት ሃገራት ኣውሮፓን ሰንሰን ኣቢልወን እዩ። ሕዚ እውን ኣይሓደገንን ዘብፅሖ ጉድኣት ሞት ዜጋታት ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ኢኮኖሚ እተን ዓበይቲ ሃገራት እውን ሰፍ ዘይብል ኪሳራ ኣውሪድለን። ቁጠበአን ንምምሕያሽ ዝገብረአ ነገር ፀቢብወን ኣብ ዕልክሊል ኣትየን ኣለዋ።

ኣብ ክልልና ቫይረስ ኮሮና ናብ ሕ/ሰብ ኣትየ ኣሎ። ሰብ ሞያ ጥዕና ህይወት ይሃሲ፣ ይቀትል ኣሎ። እዚ ድማ ሕብረተሰብ ባዕሉ ዓብዪ ጥንቃቐ እንድሕር ዘይገይሩ እቲ ሕማም ኣብ ዝኾነ ይኹን ቦታ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዝመሓላለፈሉ ዕድል ኣዝዩ ሰፊሕ ኮይኑ ኣሎ። ሰብ ናብ ደገ ወፅዩ እሞ ኣድላይ ጥንቃቐታት እንድሕር ዘይገይሩ በቲ ቫይረስ ዝተሓዘሉ ዕድል ኣዝዩ ልዑል ዝኮነሉ ኩነታት ተፈጢሩ ኣሎ። እዚ ድማ ብፍላይ ኣብ ማእከላት ግልጋሎት መወሃቢ ከም እንዳሻህን ቡንን፣ ኣብያተ ብልዕን መስተን ካልኦትን ብስፍሓት ነቲ ቫይረስ ዝተቃልዑ ምኳኖም ምፍላጥ የድሊ።

ስለዚ ዘሎ ሓደ ሓደን መፍትሒ መከላኸሊ ሜላታት ብስርዓት ምጥቃም፣ ርሕቀትና ሰብ ሞያ ጥዕና ብዝብሉና መሰረት ርሕቀትካ ሓሊካ ምንቅስቓስ ንፅባሕ ዘይባሃል ጉዳይ ምዃኑ እዩ። ብፍላይ መናእሰይ ክርድኡዎን ነዚ ብስርዓት ክርድእዎን ኣለዎም። ምኽንያቱ እቲ ሕማም ሒዞም ናብ ገዝኦም እንተኸዱ ፈለማ እቲ ቫይረስ ዘማሓላልፍሎም ንዝፈትዉዎም ወለዶም፣ ደቆም፣ ኣንስቶምን ኣሕዋቶምን ምዃኑ ካብ ዝኮነ እዋን ንላዕሊ ክርድኡዎን ክጥንቀቁን ኣለዎም። እዚ እንድሕር ዘይገ ብሩ ኮይኖም ግና ተታሓሒዝካ ምጥፋእ እዩ።



ዕስለ ኣምበጣ ንምጥፋእ ኩልና ንረባረብ

ቫይረስ ኮሮና ኣብ ክልልና ምስተረኸበ መናእሰይ ሓገዝ ንምግባርን ካሊእን ብዙሕ ሰሪሖም እዮም። ኣብነት ኣብ ከተማ መቐለ ከባቢ ሽሕ መናእሰይ ተወ ዲቦም ሕ/ሰብ ክንቀሳቐስ እንተሎ ኣድላይ ጥንቃቐ ንክገብር ኣስተምህሮ ካብ ምሃብ ይርከቡ። መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ንዘይገበሩ ወገናት መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ግበሩ እናበሉ ይርከቡ። ኣብተን መዋስንቲ ካልኦት ክልላትን ሃገራትን ዘለዉ መናእሰይ እውን ናብ ትግራይ ዝኣትዉ ሰባት ብስርዓት ክምርመሩ ኣብ ምግባር እናነጠፉ መፅዮም እዮም።

ብሓፈሻ ኣብ መላእ ከባብታት ትግራይ ዘሎ መንእሰይ ብውዳበ ይኹን ብተናፀል ቫይረስ ኮሮና ንምምካት ኣብ ዝግበር ዘሎ ርብርብ እጃሙ እናተዋፀአ እዩ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ዝግበር ዘሎ ምዝገባ መረፅቲ እውን መናእሰይ ትግራይ በብከባቢኦም ኮይኖም ህዝቢ ካርዲ ክወስድ እንትስለፍ ክፈናተት ኣብ ምግባር፣ ኣልኮልን ካልኦትን ንኽጥቀም እናገበሩ ምዃኖም ሓቢሮም።

እዚ ተግባር ኣብ እዋን መረፃ እውን ካብዚ ንላዕሊ ንክስረሐሉ ነገራት እናተመቻቸው እዮም። እዋን መረፃ ሓንቲ መዓልቲ ብምዃና እሞ ድማ ክሳብ ሕዚ ልዕሊ 2 ነጥቢ 6 ሚልዮን ህዝቢ ዝመርሖ ፓርቲ ንምራፅ ተመዝጊቡ ኣሎ። እዚ ቁፅሪ ገና ክሳብ መወዳእታ ምውሳኹ ኣይተርፎን። ስለዚ ዝህልዉ ምፅባብ ንምፍታሕ መናእሰይ ኣብ መዓልቲ መረፃ



ተፈናኒትና ንምረፅ ኣንፃር ኣምበጣ ንውፈር

ህዝቢ ተረሓሒቑ ሪጋ ክሕዝን መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ክገብር ኣብ ምግባርን ካሊእን ዓብይ ስራሕ ክሰርሑ ትፅቢት ይግበረሎም።

እቲ መረፃ ፍትሓዊ ዲሞክራስያዊ፣ ነፃን ግልፅን ንምግባር መናእሰይ እውን ዝካኣሎም ኩሉ ክገብሩ ኣለዎም። ኣብ እዋን መረፃ ብፀላእቲ ዝተለኣኹ መድሐ ርሐርቲ ነቲ መረፃ ንምትዕንቃፍ ዝፍትኑ ውልቀ ሰባት ክህልዉ ስለዝክእሉ እዚኣቶም ስርዓት ክሕዙ ምግባር ኣድላይን ወሳንን እዩ። ካብ መናእሰይ ድማ ዓብዪ ትፅቢት ይግበር።

ኣብ ማእከል ዓዲ ዘሎ ጉጅለ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ኣብ ትግራይ ዕግርግር ንክፍጠርን እቲ መረፃ ክተኣጓጎልን እዩ ዝደሊ። እዚ ብምዃኑ ኣብ ትግራይ ዕግርግር ንምፍጣር ሓንቲ ክጥቀመላ ዝክእል ነገር እታ መረፃ እያ። ስለዚ ሕዚ እውን ቆቓሕ ኮይንና ፈተውቲ ሰላምን ልምዓትን ትግራይን ህዝባን ዘይኮኑ ክነመሚ ኣለና።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ወራር ኣምበጣ ኣብ ዘጋጠመሉ እዋን መናእሰይ ትግራይ ነቲ ኣምበጣ ንምጥፋእ ብፍላይ ኣብ ፈለማ እዋን ኣብ ዞባ ደቡብ ብስፍሓት ብምእታዉ ካብ መላእ ትግራይ ካብ ሑመራን ሽረን ከይተረፈ ናብ ዞባ ደቡብ ብምጉዓዝ ኣብ በረኻታት ዞባ ደቡብ እናዋዓለን እናሓደረን እቲ ዕስለ ኣምበጣ ክንጠፍእ ዓብዪ ስራሕ ሰሪሖም እዮም። እዚ ብምግባሮም ዘራእቲ ሓረስታይ ትግራይ እዚ ዝበሃል ጉድኣት ከይበፅሖ ክሕፈስ ክኢሉ እዩ። ኣብቲ እዋን መናእሰይ ትግራይ ዝሰርሕዎ ስራሕ እቶም ፀላእትና ከይተረፉ ተደሚሞምሉ እዮም።

ሎሚ ክረምቲ እውን ካብ የመን ዝተበገሰ ኣምበጣ ኣብ ትግራይ ኣጋጢሙ ኣሎ። ገለ ኣመራሓ ዞባ ደቡብ ቤት ፅሕፈት ሕርሻ ከምዘበልዎ 500 ዕፅፊ ካብቲ ናይ ዓሚ ሎሚ ወራር ኣምጠባ ከጋጥም ከምዝክእል ትፅቢት ይግበር። እዚ ቁፅሪ ኣዝዩ ዓብዩን ከቢድ ስራሕ ምስራሕ ከምዘድሊ ዝርድእ እዩ። እቲ ወራር ኣምበጣ ክሳብ ሕዚ ኣብ ሰለስተ ዞባታት ትግራይ ማለት ዞባ ደቡብ፣ ዞባ ደቡብ ምብራቕ፣ ዞባ ምብራቕን ዝርከባ 10 ወረዳታትን 33 ጣብያታትን ክሳብ ነሓሰ 20 ኣትዩ ኣሎ።

ነዚ ንምክልኻል ከም ክልል ቢሮ ሕርሻን ገጠር ልምዓትን ዝተፈላለዩ ኬሚካላት ኣዳሊዉ ኣሎ። ዓሚ ዝተጠቕዓን ሎሚ ክጥቃዓ ይኽእላ እየን ዝበሃላ ወረዳን ጣብያን እውን ዝተፈላለዩ ኬሚካላትን ካልኦት መሳርሕታትን ኣዳሊወን ኣለዋ። መናእሰይ እውን እናተወደቡን ብተናፀልን ኬሚካል ኣብ ምንፃግ፣ ብባህላዊ መንገዲ ጨፍጫፍ ኣብ ምክያድን ተዋፊሮም እዮም። ሎሚ እውን ብስፍሓት መናእሰይ ንክኸቱ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ እናተሰርሑ እዮም።

ወራር ኣምበጣ ንምምካት ኣብ ዝግበር ፃዕሪ ሎሚ እውን ቅድሚት ክወፍር ትፅቢት ዝግበረሉ እቲ መንእሰይ እዩ። ስለዚ ሕዚ እውን ከም ኣያታትና ውፈር ተበገስ ከምዚ ሕዚ ይበሃል ኣሎ። መናእሰይ ታሪክ ኣያታቶም ክደግሙ ዓብዪ ሓላፍነት ተዋሂብኩም ኣሎ። መናእሰይ ትግራይ ሎሚ እውን ስረኦም ትራኣየላ እዋን እያ። ዓሚ ኣብ ፖለቲካዊ መኸተ፣ ኣብ ወራር ኣምበጣን ካሊእን ዝገበርዎ ክግለፅ ዘይኽእል ምርብራብ ሎሚ እውን ኣብ ወራር ኣምበጣ ምምካት መስደምም ስራሕ ክሰርሑ ዓብዪ ትፅቢት ይግበር።

ነበርቲ ከተማ መቐለ ዝኮኑ መንእሰይ ሚኪኤለ ኣባድን ቴድሮስ ሓጎስን ብወገኖም ኣብ ሰለስቲኦም መኸተታት ንምስታፍ ድሌቶም ብምዃኑ ክሳብ ሕዚ ብክፍለ ከተመኦም ተወዲቦም እናሰርሑ ምምፀኦም ብምግላፅ ዓሚ ናብ ራያ ብምኳድ ዕስለ ኣምበጣ ንምጥፋእ ፅዒርና ኢና። እዚ ድማ ሓላፍነትና እዩ ምስበሉ ሎሚ እውን ከምቲ ናይ ዓሚ መኪና እንተተዳሊወን ብርክት ዝበለ መንእሰይ ንምውፋር ተዳሊዉ ምህላዉ ይዛረቡ።

መረፃ 2012 ዋሕስ ህላወ ትግራይ እዩ !



ሜጋ ሕትመት ሓ/ዝ/ው/ማሕበር